ትሕዝቶ ገፅ

መልእኽቲ መፅሄት ብስራት........................................................ 2

ውድባዊ መግለፂ........................................................ 3

ዘይዛሪ ማዕበል........................................................ 5

ዘይነቅዕ ሰረት........................................................ 11

ቃለ-መሕተት ምስ ተጋ. መኮነን ተስፋይ........................................ 12

ፖለቲካዊ ንጥፈታት........................................................ 25

ሓበራዊ ቅልፅም ንዘይተርፍ ለውጢ........................................ 28

ሚድያ ሓቂ........................................................ 32

ወተሃደራዊ ወፍርታት........................................................ 34

ግጥሚ........................................................ 43



ቴሊፎን.............................00291-153947

ፋክስ..............................00291-153946

ቁፅሪ ሳንዱቕ ፖስታ...............1653

ዌብ-ሳይት............ www.demhitonline.com

www.tpdm.net

ኢ-መይል............. tpdm1993@yahoo.com

# መልእኽቲ መፅሄት ብስራት

ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራት ኣብ 1999 ዓ/ም ኣሃዱ ኢላ ቀዳማይ ሕታማ ካብ ትጅምር ክሳብ ሎሚ ኣብ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን፣ ኩነታት ህዝባዊ ቃልስናን ኣመልኪታ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት እናልዓለት ን23 ሕታማት ተዘርጊሓ ኣላ።

ሎሚ ድማ እንኳዕ ን2ይ ውድባዊ ጉባኤ ዴምህትን፣ ሓድሽ ዓመት 2009 ዓ/ም ኣብፀሓኩም ኣብፀሓና እናበለት፣ ኣብ መበል 24 ሕታማ ብዝሓየለን ብዝጠንከረን መልክዑ ዝተፈላለዩ እዋናዊ ጉዳያት ሒዛ ቀሪባትልኩም ኣላ።

መፅሄት ብስራት ኣብ ናይ ሎሚ ሕታማ ኣብ ሃገርና እናጋጠሙ ዝመፁን ክሳብ ሐዚ'ውን ዘጋጥሙ ዘለዉን ህዝባዊ ተቓውሞታት፣ ኣብ ሃገርና እናተኻየዱ ምስ ዝመፁ መረፃታት ተተሓሒዙ፣ ናበይ ኣንፈት የምርሑ ከም ዘለዉ "**ዘይዛሪ ማዕበል**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ርእሲ ሓፂር ዳህሳስ ኣካይዳትሉ'ላ።

ንኩነታት ኣመሰራርታ ውድብ ዴምህትን ኣድላይነትን እዋናውነትን ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣመልኪታ ድማ "**ዘይነቕዕ ሰረት**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ርእሲ ሓፂር መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፣ ምስ ላዕለዋይ መሪሕነት ዴምህት ተጋዳላይ መኮነን ተስፋይ ዘካየደቶ ቃለ-መሕትት ኣሰንያ ኣቕሪባትልኩም ኣላ።

ውድብ ዴምህት ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ፖለቲካዊ ንጥፈታቱ እንታይ ከም ዝመስል "**ፖለቲካዊ ንጥፈታት**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ርእሲ፣ ከምኡውን "**ሚድያ ሓቂ**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ርእሲ ዝወፀ ሓፂር ዳህሳስ ስራሕቲ ክፍሊ ሚድያ፣ ትሕዝቶ ናይ ሎሚ ሕታም መፅሄት ብስራት እዮም።

ኣብ መወዳእታ ድማ ዴምህት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ስርዓት ኢህወዴግ በብእዋኑ ዝወሰዶም ሰፋሕቲ ወተሃደራዊ መጥቃዕታት ብምድህሳስ ናይ ሎሚ ሕታማ "**ኣብ ሎሚ ተዛተ**" ብዝብል ግጥሚ ክትዛዝም እያ።

በዚ ኣጋጣሚ መፅሄት ብስራት ንሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ እዚ ንቕበሎ ዘለና ሓድሽ ዓመት 2009 ብሩህ ዘመን ክኾነሉ ሰናይ ትምኒታ እናገልፀት፣ እንኳዕ ንታሪኻዊ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ዴምህት ኣብፀሐና ኣብፀሐኩም ትብል ሰናይ ንባብ፦

## ውድባዊ መግለፂ

ውሉድ ወለዶ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ካብ ሕሉፍ ዘመናት ኣትሒዙ ካብ ርሑቕን ቀረባን ኲናት መግዛእቲ ዝተወርወሮ፣ ንምንብርካኹን ነፃነቱ ንምምንዛዕን፡ ኣፈሙዝ ባዕዳውያን ወረርቲ ዝቐንዖ ህዝቢ እኳ እንተኾነ፡ ኣይምብርከኽን ነፃነተይ ኣሕሊፈ ኣይህብን በሃላይነቱ ግን ቃላት ኮይኑ ኣይተረፈን። መዳፍዕን መትረየስን ባዕዳውያን ወረርቲ፡ ብዋልታን ጭማራን ኣምኪኹ ነፃነቱ ከውሕስን፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ንዝነበሩ ፀለምቲ ህዝብታት ተምሳሌት ነፃነትን ፅንዓትን ክኸውን ዝበቕዐ ተቓላሲ ህዝቢ እዩ።

እዚ ዘይድፈር እምባ ምኳኑ ንባዕዳውያን ወረርቲ ብግብራዊ ቋንቋ ዝነገረ ህዝቢ ግን፡ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ካብ ዘመነ መሳፍንቲ ኣትሒዙ ካብ ማህፀኑ ዝወፁ በብእዋኑ ናይ ስልጣን ሓይሊ ዝሓዙ ነገስታት፡ ነዚ ብደሙን የዕፅምቱን ነፃነቱን ክብሪ ሃገሩን ዘውሓሰ ህዝቢ ንምብርካኽ ምልካዊ ምሕደራ ከስፉሕፍሑ ፈቲኖም እዮም።

እንተኾነ ግን እዚ ህዝቢ እዚ ሓይሉ ኣብ ሓድነቱ፣ ኣብ ፅንዓቱ፣ ኣብ ክቡር ኢትዮጵያዊ መንነቱ ዝምርኮስ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፡ ነዞም ሓይሊ ብረት ኣሚኖም ክንገዝኣካ ኢና ዝበልዎ መሳፍንትን ፋሽሽትን ብኽቡር ደሙን መስዋእትነቱን ፀራሪጉ ፀፀግዮም ኣትሒዝዎም እዩ።

እቶም ካልኦት ተጋድሎታት ሓዲግና፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኣስፉሕፊሑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ድልየቱ ክዕንድር ንዝጀመረ ስርዓት ደርግ፡ ብገንኡ ንምእላይ ኣብ ዝተኻየደ መሪር ቃልሲ'ውን፡ ብገንዘብ ዘይትመን ረዚን ዋጋ ከፊሉ'ዩ፡ ኣብ ጉዕዞ ናይዚ ቃልሲ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ከቢድ መስዋእትነት ዝኸፈለ ህዝቢ ድማ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ሳላ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈሎ መወዳድርቲ ዘይብሉ መስዋእትነት ካኣ ኣንፃር ደርግ ዝቐነዐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብዓወት ተዛዚሙ።

እዚ ኹሉ ደም ክፈስስ፣ እዚ ኹሉ ህይወት መላምል ቀያሕትን ፀለምትን ደቂ ህዝቢ ክኸፈል፡ ንዋት ህዝቢ ክዓኑን እንከሎ ግን፡ ከምቲ ንዕዘቦ ዘለና ፍረ-መስዋእቲ ህዝቢ ከንቱ ዝገብር፡ ካልእ ዓመፀኛ ኣብ እግሪ ስርዓት ደርግ ንምትካእ ኣይነበረን፡ እንተኾነ ግን እቲ ብመስዋእትን ስንክልናን ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝመፀ ስልጣን፡ ብመራሕቲ ኢህወዴግ ጅሆ ተታሒዙ መላገዊ ውሑዳት እዩ ኮይኑ። እቲ ነቲ ዕላማ ኣሚኑ ኣብቲ ቃልሲ ኩለንትንኡ ዝሃበ ህዝቢ'ውን ብኣልማማ ተጠሊሙ እዩ።

እነሆ ድማ ፈልሲ-መስዋእትን ስንክልናን ህዝቢ ክሓርር፣ ኣሕዋትና ዝወደቑሉ መስመር ኣንፈቱ ክስሕት፣ ዋጋ ከፊልና ዘምፃእናዮ ስልጣን ተመሊሱ መጨፍጨፊ ህዝቢ ክኸውን፣ ብሓፈሻ ዕላማታት ናይቲ ቃልሲ ክካሓዱን፡ ኣብ ልዕሊኦም ፀረ ዴሞክራሲ ተግባራት ክጥጥዕን ምስ ተዓዘብና ልብና ስለ ዝቖሰለ፣ ኣዕፅምቲ ሰማእታትና ድቃስ ክኸልኣና ምስ ጀመረ፡ ኣብ ኣጋወጋሕታ ዝተኾልፈ ሕቶ ህዝብና ተሓንጊጥና ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ፡ ብ19 ለካቲት 1993 ዓ/ም ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ብዝብል ተወዲብና ብረት ኣልዒልና በረኻ ክንወፅእ ተገዲድና።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፡ ነዚ ሓዊ ዝተፍእ መድረኽ ቃልሲ ደፊርና ክንኣትዎ ከለና፡ ዝሓቶ ረዚን ዋጋ ወይ ድማ ትርጉም መስዋእትን ስንክልናን እንታይ ከም ዝኾነ ጠፊኡና

ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግን እቲ ንህዝብናን ሃገርናን ደም ዘንብዕ ዘሎ ስርዓት ዝእለየሉ መማረፂ፡ ንሱ ጥራሕ ስለ ዝኾነ እዩ።

ስለዚ እዚ ከይፈተና ተገዲድና ዝኣተናዮ ኣንፃር ህወሓት ኢህወዴግ ዝቖንዐ ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ሒዝዎ ዝነቐለ መቃለሲ ዕላማን ፕሮግራምን እዋናውን ፍትሓውን፣ ሕቶን ድሌትን ህዝቢ መሰረት ዝገበረን ብምዃኑ፡ ብዙሓት ሰዓብቲ ረኺቡ፡ ክሳብ ሎሚ እናጋጠምዎ ንዝመፁ ናይ ቃልሲ ሕልኽላኻት በዲሁ፡ ነዊሕ ርሕቐት ክጓዓዝን፡ ኣብ ሃገርና ተደላይን ፀላውን ቃልሲ ክኸውን በቒዑ'ሎ።

ውድብና ክሳብ ሎሚ ኣብ ዝኸዶ ጉዕዞ፡ ከም ዘይነበረ ንምግባር ካብ ዕለተ ልደቱ ኣትሒዙ ብፀላእትና ማእለያ ዘይብሎም መርዝታት ተተፊኦሞ እዮም፡ እንተኾነ ግን ኣብ ታሪኽ ህዝብናን ሃገርናን ተምበርካኽነት ነውሪ ስለ ዝኾነን፡ እዚ ቃልሲ እዚ መሰረታዊ ሕቶ ህዝቢ ስለ ዝሓዘን፡ ሳላ ፅኑዓትን ዘይወላወሉን ተቓለስቲ ንኹሉ እንዳምከነ ኣብዚ መድረኽ እዚ በፂሑ'ሎ።

ክቡራትን ክቡራንን፡ ውድብና ኣብዞም ሓሊፍናዮም ዘለና 15 ዓመታት፡ ኣሉታውን ኣወንታውን ጎንታቱ ብምግምጋም፡ ካብ ዝሐሸ ናብ ዝበረኸ ባይታ ንምስግጋር ዝዓለሙ ኣርባዕተ ዓበይቲ መድረኻት ኣታኣናጊዱ እዩ፡ ሰለስተ ኮንፈረንስን ሓደ ታሪኻዊ ውድባዊ ጉባኤን፡ በዞም መድረኻት እዚኦም ኣቢሉ ንዘጋጠምዎ ሓለኽቲ ዕንቅፋታት እናወገደ ሳላ ዝመፀ ድማ፡ እነሆ 5ይ መድረኽ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ከቃንዕ በቒዑ'ሎ።

ስለዚ ኩልኹም ፈተውቲ፣ ደገፍትን ሰዓብትን ቃልስና፡ ውድብና ዴምህት ክሳብ ሎሚ ኣብ ቅድሚኡ ንዘጋጠምዎ ማዕበልን ህቦብላን ሰጊሩ ናብዚ ዘለናዮ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ንኽበፅሕ፡ ኣብ ዝተገብረ ምርብራብ ድጋፍኩም ስለዘይተፈለየና እንኳዕ ኣብፀሐና ኣብፀሐኩም ክንብል ንፈቱ።

እዚ ባይታ እዚ ግን ሱቕ ኢሉ ዝመፀ ኣይኮነን፡ ቃልስና ንምኹላፍ ከም ዘይነበረ ንምግባር፡ ብፀላእትና ምስ ዝመሃዙ መርዝታት ጥፍኣት ገጢምና፡ ረዚን ዋጋ ከፊልናሉ ኢና፡ ምኽንያቱ ስረ ዓጢቕና ዝጀመርናዮ ቃልሲ ንሓይልታት ጥፍኣት ኣሕሊፍካ ምሃብ፡ ታሪኽካ ኣበላሺኻ፡ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ምብልሻው ስለ ዝኾነ። ቃልስና ሕዚ'ውን ቀፃሊ እዩ።

ቃልሲ ከም ስሙ ቃልሲ ስለ ዝኾነ፡ ብሕጂ'ውን መሰናኽል ኣየጋጥመናን ኣይንብልን፡ ግን ድማ ዘለና ውህሉል ተሞክሮ ቃልሲ፡ ኣብ 2ይ ውድባዊ ጉባኤና ክጠናኸር ብምግባር፡ ኣንፃርና ንዝእለም ውዲት ጥፍኣት እናፍሸልና፡ ዓወት ቃልስና ንምቅልጣፍ ኣበርቲዕና ክንረባረብ ኢና።

ስለዚ ኩልኹም ፈተውትን ደገፍትን ቃልስናን ሓፋሽ ማሕበር ውድብናን፡ ምሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝምነዮ ዘሎ ናይ ስርዓት ለውጢ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ጋህዲ ንምግባር፡ ኣብ ነካይዶ ዘለና ዕጥቃዊ ቃልሲ እጃምኩም ክትሓውሱን ድጋፍኩም ከይፍለየናን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ጀሚርካዮ ዘለኻ ኣንፃር እቲ ስርዓት ዝቖንዐ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣጠናኺርካ ክትቅፅለሉን ፃውዒትና ነቕርብ። ዴምህት ሎሚ'ውን ከም ቀደሙ ዕድመ ስልጣን ስርዓት ወያነ ኢህወደግ ንምሕፃር ኣብ ሓንትን ጥምርትን ኢትዮጵያ ምስ ዝኣምኑ ተቓወምቲ ውድባት፡ ተሓባቢሩን ተቐራሪቡን ክሰርሕ ድሉው ምዃኑ ደጊሙ የረጋግፅ።

ዝኸበርኩም ተጋደልቲ ዴ.ም.ህ.ት ድማ ቃንዛ ህዝብኹም ኣቐንዝይኩም፡ ውርደት ሃገርና ውርደትና'ዩ ኢልኩም፡ ህዝብናን ሃገርናን ካብቲ ፀረ ዴሞክራሲ ዝተዓጥቀ ዋርድያ ድኽነት ዝኾነ ብደዉ ዝበሰበሰ ስርዓት ሓራ ንምውፃእ፡ ዝጀመርኩሞ ተጋድሎ ኣብ ሽትኡ

ንምብፃሕ፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ፡ 2ይ ውድባዊ ጉባኤና ንዝወሰኖም ውሳነታት ተግባራዊ ንምግባር ጠንኪርኩም ክትረባረቡን ቃልኩም ክተሐድሱን ዕላማ ሰማእታትኩም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ቃልሽኹም ክተሐይሉን ውድብኩም ዴ.ም.ህ.ት ይፅውዕ።

ኣብ መወዳእታ እዚ ንቕበሎ ዘለና ሓድሽ ዓመት 2009 ሰናይ ዘመን ክኾነልና ሰናይ ትምኒትና እናገለፅና፡ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ስርዓት ህ.ወ.ሓ.ት-ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንምእላይ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ፡ ኩሉ ዓይነት መማረፂ ክወስድ እዩ። ዓወትን ድምቀትን ን2ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ክብርን ሞጎስን ምእንተ ህዝብን ሃገርን ንዝወደቑ ሰማእታትና ይብፅሓዮም።

ዓወት ንውፁዓት!!
ነሓሰ 2008 ዓ/ም

## ዘይዛሪ ማዕበል!!

ህዝቢ ትግራይ ብገዛእቲ ደርቢ ኣብ ልዕሊኡ ይበፅሕ ካብ ዝነበረ ደርባውን ብሄራውን ወፅዓ ተላቒቑ ናብ ዝሓሸ ዴሞክራስያዊ መድረኽ ክሰጋገር፡ ተስፋታት ሰኒቑ ኣንፃር ዘውዳዊ ስርዓት ሃ/ስላሴ ይካይድ ኣብ ዝነበረ ህዝባዊ ዓመፅን፡ ዘይተወደበ ቃልስን ኢዱ ሓዊሱ፡ ብተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ይካየድ ኣብ ዝነበረ ነቲ ስርዓት ነቕነቕ ኣብ ዘበለ ዓመፅ ልዑል ኣስተዋፅኦ ኣበርኪቱ እዩ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ሃ/ስላሴ'ውን ንዓመፅ ህዝቢ ተበሊፁ ስልጣን ህዝቢ መንዚዑ ዝበሓተ ደርግ ናይ ዓፈና መርበቡ ክዝርግሕን ናይ ተገዝኡኒ ኣዋጃት ክእውጅን ግዜ ስለ ዘይወሰደ፡ ህዝቢ ትግራይ ውሽጣ ውሽጢ ከካይዶ ዝፀንሐ ቃልሲ ብዝሓየለ መልክዑ ብምቕፃል ብ11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ብረት ዓጢቑ ኣንፃር ደርግ በረኻ ወፊሩ።

ብዙሕ ናብ ዝርዝር ከይኣተና ድማ ን17 ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ዓለም ጉድ ዘበለ ቅያታት ፈፂሙ፡ ነቲ እምባን ፀድፍን እናተብሃለ ዝምሰለሉ ዝነበረ ስርዓት ደርግ ሓመድ ድብ ኣእትይዎ። ህዝቢ ትግራይ እዚ ክገብር ከሎ ግን ከቢድ ዋጋ ከፊሉ እዩ፡ ነዚ ዋጋ ክኸፍል ከሎ ድማ ጋህዲ ክኸውን ዝምነዮ ራእን ዕላማን ነይርዎ።

ዓብላላይነትን ኣፈላላይን ኣብቂዑ ዴሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ሃኒፁ፡ ብሰላምን ብፍቕርን ምስ ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ሓቢሩ ክነብርን፡ መቐረት ዴሞክራሲ ከስተማቕርን ዝብል ተስፋን ትፅቢትን ነይርዎ፡ ነዚ ጋህዲ ንምግባር ድማ ኣብ መስርዕ ናይቲ ቃልሲ ተሰሊፉ ክድፋእ እዩ ተባሂሉ ምስ ዘይተገመተ ክሳብ ኣፍንጭኡ ዝዓጠቐ ደርግ ገጢሙ ብቓልሲ ፀሪት ከወጊድዎ፡ እንተኾነ ተስፋታቱ'ውን ብኡ ንብኡ እዩ ፀልሚቱ።

ህዝቢ ትግራይ ዝተቓለሰሉ ዕላማታት ተረሲዑ ደም ሰማእታትና ከይደረቐ፣ ነብሶምን ስግኦምን ከይተፈላለየ ሕድሮም ምስ ተጠልመ፣ ኣብ ልዕሊ ሓድሽ መቓብሮም ተግባራት ፀረ ዴሞክራሲ ክጥጥዕ ምስ ጀመረ፡ ህዝብና ተብተብ ኢሉ ናብ ስጉምቲ ኣይኣተወን፡ ካብ ዕባሕ ዓወት 20 ጉንበት 1983 ዓ/ም ጀሚሩ ንኣስታት 10 ዓመታት ዝኣክል ብዓቕልን ትዕግስትን ንህወሓት ክተማሓይሽ እያ ብዝብል ተስፋ ተፀቢይዋ፡ ጎና ጎኒ ድማ ኩሉ ህዝቢ ከከም ዝጥዕሞ ኣገባብ፡ ገሊኡ ብሕቡእ ውሽጣ ውሽጢ ኣብ ትሕቲ እቲ ስርዓት ኮይኑ፣ ገሊኡ ብመልክዕ ስደት፣ ብመልክዕ ሽፍትነት፣ ገሊኡ ድማ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ብምፅምባር፣ ተቓውምኡ ክገልፅ ፀኒሑ እዩ።

እንተኾነ ግን ህወሓት ናይ ዓፈናን ፀረ ዴሞክራስን መርበቡ ከስፍሕ ዳኣ እምበር ከስተኻኽል ኣይካኣለን፡ ኢ.ህወዴግ ንኢትዮጵያ ክጠቕማ ዝኽእል ፌደራላዊ ስርዓት እየ ዝኸተል፣ ብመድብለ ፓርቲ ዝተሃንፀ ስርዓተ ዴሞክራሲ እየ ዝኣምን፡ እናበለ በብሓምሽተ ዓመት መረፃ የካይድ እዩ፡ ኣብዞም በብእዋኑ ዝካየዱ መረፃታት ድማ ብርክት ዝበሉ ፖለቲካውያን ውድባት ይሳተፉ እኳ እንተኾኑ፡ ተዓዊቶም ወንበር ክሕዙ ግን ተራእዮም ኣይፈልጡን።

ምኽንያቱ እቲ ዝካየድ መረፃ ፍትሓውነትን ቅንዕናን ዝጎደሎ እዩ፡ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ባዕሉ ኣማራፂ፣ ተዓዛቢ፣ ባዕሉ ድማ መራፂ፡ ኮይኑ ስለ ዘካይዶ ሳንዱቕ መረፃ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ'ዩ፡ ኣብ ዝደለዮ ሰዓት ከም ዝደለዮ'ዩ ዝገብሮ። ህዝቢ ነፃ ኮይኑ ክመርፅ ኣይኽእልን ነፃነቱ ተጠቒሙ ዝመሰሎ ከይመርፅ ዝተፈላለዩ ዓፈንቲ ፀቕጥታት ስለ ዝወርድዎ ነፃ ኮይኑ ክመርፅ ይኹን ክምረፅ ኣይኽእልን መሰል ዝበሃል የብሉን። ነዚ ኹሉ መሰናኽል ሓሊፎም ብድምፂ ዝሰዓሩ ተቓወምቲ ውድባት ድማ ገለ እናሳበበ ኣሲሩ ክቕጥቅጦም፡ ንገለ ድማ ኣሸባሪ ዝብል ንዕኦም ዘይበቕዕ ስም ክልጥፈሎም እናራኣና መፂእና ኢና።

ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ክሳብ ሎሚ ሓምሽተ መረፃታት ኣካይዱ'ሎ፡ ብ1987 ዓ/ም ቀዳማይ መረፃ፣ ብ1992 ዓ/ም ካልኣይ ዙር መረፃ፣ ብ1997 ሳልሳይ ዙር መረፃ፣ ብ2002 ዓ/ም ድማ ራብዓይ ዙር መረፃ ተኻይዱ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ድማ ኣብ 2007 ዓ/ም ሓምሻይ ዙር መረፃ ኣርኪቡ።

እዞም መረፃታት እዚኦም ድማ ነናይ ባዕሎም በሰላታት ገዲፎም እዮም ሓሊፎም፡ ንኣብነት ሳልሳይ ዙር መረፃ እንተርኢና ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ክልተ መረፃታት ቁሩብ ናይ ዴሞክራሲ ኣፋፍኖት ዝተርኣየሉ ስለ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ኢ.ህወዴግ ቀይሕ ካርዲ ዝመዘዘሉ መረፃ እዩ ነይሩ።

ውፅኢት ናይቲ መረፃ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ብገንኡ ዝተረደኦ ናይቲ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር ዝነበረ መለስ ዜናዊ ብ7 ጉንበት 1997 ዓ/ም ኣብ መስኮት ቴሌቪዥን ቀሪቡ "ካብዛ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ምንም ዓይነት ህዝባዊ ኣኼባ ምግባር ኣይፍቀድን፣ ፌደራል ፖሊስ ተፀዋዕነቱ ብቐጥታ ንቀዳማይ ሚኒስተር ይኸውን" ክብል ፀረ-ዴሞክራስያውነት ናይቲ ስርዓት ብግልፂ ዘንፀባረቐ መምርሒ ኣውሪዱ።

ኣብ ወርሒ ሰነ 1997 ዓ/ም ኢ.ህወዴግ ኣብቲ መረፃ ብዓብላላይነት ከም ዝሰዓረ ቦርድ መረፃ ብምግላፁን፡ ተቓወምቲ እቲ መረፃ ይደገመሎም ዝበልዎም ቦታታት መብዛሕትኦም ብምኽልካሎምን ስዒቡ፡ በብከተምኡ ህዝባዊ ቁጠዐ ተላዒሉ፡ ኣብቲ እዋን ድማ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንገለ ኣቑሲሉ ንገለ ድማ ቀቲሉ ንምርድዳእ ቅሩብነት ስለ ዘርኣየ መጠናዊ ምርግጋእ ተፈጢሩ። እንተኾነ ግን ብዙሕ ከይፀንሐ ኣብ ዝቐፀለ ዓመት ወርሒ ጥቅምቲ 22/1998 ዓ/ም እቲ ነገር ናብ ዕግርግር ኣምሪሑ ተፀዋዕነቶም ንቀዳማይ ሚኒስተር ዝነበሩ ፌደራል ፖሊስ መንግስቲ ብዝኣመነሉ ጥራይ ናይ 193 ዜጋታት ህይወት ቀዚፉ።

ካብቶም ዝተወዳደሩ ተቓወምቲ ውድባት ብፍላይ ኣብታ ብዙሓት ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ናይቲ ስርዓት ዝተወዳደርሉ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተቓወምቲ ውድባት ምሉእ ብምሉእ ተዓዊቶም ነይሮም፡ እንተኾነ ግን ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ካብ ዘጋጠሞ ስዕረት ነቒሉ ብኣፈሙዝ ብረት ክዕምፆ ተራእዩ። ከም ውፅኢቱ ድማ ልዕሊ 200 ዝኾኑ ንፁሃት ወገናትና ኣብ ማእኸል ጎደና ብጥይት ተቐቲሎም፣ ኣመራርሓ ናይተን ውድባት ብጅምላ ናብ እሱር ተወሲዶም

ኣስካሕካኺ ዝኾነ በደል ወሪድዎም፡ ዳሓር ድማ ብዝወረዶም ግፍዒ ተሰናቢዶም ናብ ወፃኢ ሃገራት ተበታቲኖም፡ ወያነ ድማ ነቲ ዝወረዶ ስዕረት ብኸምዚ ሸፊኑ ሓሊፍዎ።

መረፃ 2002'ውን እንተኾነ፡ ወያነ ካብቲ ናይ 1997 ዓብዪ ትምህርቲ ረኺቡ ስለ ዝፀንሐ፡ ከይዲ ኣፈፃፅማ ናይቲ መረፃ ኣቐዲሙ እዩ ወዲእዎ ኣትዩ። ገና እቲ መረፃ ከይተዛዘመ ድምፂ መረፅቲ ከይተቖፀረ ከሎ ካኣ 99.8% ተዓዊተ ኢሉ ኣዊጁ፡ ከይዲ ኣፈፃፅምኡ ዝምልከት ግን ክትዛረበሉ ዘሐንኽ እዩ ነይሩ።

ናይ 2007 መረፃ እንተርኢና'ውን ካብቲ ናይ 2002 ብዘይፍለ መልክዑ ብምድንጋርን ምጭብርባርን ስለ ዝተኻየደ ኣቐዲሞም'ውን ወዲኦሞ ስለ ዝፀንሑ፡ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ 100 ካብ 100 ተዓዊተ ኢሉ ዛዚምዎ እዩ። ተቓወምቲ ኡይ ኢሎም ከሲሶም ሰማዒ ከይረኸቡ ተሪፎም። ምኽንያቱ ናይቲ ሕጊ ኣፈፀምቲ'ውን ባዕሎም ላዕለዎት ኣካላት ናይቲ ስርዓት ስለ ዝኾኑ፡ "**ዝብኢ ፈሪሖም ናብ ዝባን ኦም ይድይቡ እሞ ነብሪ ኣብኡ ፀኒሑ ስልዕ ውዒልዎም**" እዩ ኮይንዎም።

ብድምሩ ድማ እዞም ክሳብ ሎሚ ተኻይዶም ዝበሃሉ ሓምሸተ ዙር መረፃታት ንሸም'ዮም ተኻይዶም እምበር፡ ዕላምኦም ንለውጢ ዝተሓስበ ኣይነበረን፡ ንይምስል ኣብ ፖለቲካዊ ውድድር ዝኣምን ስርዓት እዩ ዘሎ ተባሂሉ ንኽዝረበሎም ዝተገብሩ ናይ ምድንጋር ኣጀንዳታት ዝሓዘሉ እዮም ነይሮም።

ስለዚ ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብመንገዲ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣቢልካ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ዝተኻየደ ቃልሲ ውፅኢታዊ ኣይነበረን፡ ምሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝበሃል ስርዓት ብፖለቲካዊ ቃልሲ ስልጣኑ ከረክብ ዘይኽእል ስርዓት ከም ዝኾነ ምሉእ ንምሉእ ኣረጋጊፁ'ዩ። ሓይልታት ፖለቲካ'ውን እንተኾኑ ዘይቅበፅ ኮይንዎም እምበር፡ ተስፋ ኣብ ዘይብሉ ነገር ናይ ግዜ መስዋእቲ ይኸፍሉ ከም ዘለዉ ይፈልጡ እዮም።

ካብዚ ስዒብና እምባኣር ድሕሪ 5ይ ዙር ሃገራዊ መረፃ ኣብ ሃገርና እናጋጠሙ ዝመፁ ብህዝቢ ዝላዓሉ ተቓውሞታት ብቑፅርም ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ እኳ እንተኾኑ ነቶም ፍርይ ፍርይ ዝበሉ ብወሳናይ መልክዑ ክንተናኸፎም ኢና ሰናይ ንባብ፦

ኣብ ክልል ጋምቤላ ሙርሌ ብዝበሃሉ ዕጡቓት ሓይሊ ደቡብ ሱዳን ብዝተፈጥረ ኅበጣ ካብ 225 ንላዕሊ ተወለድቲ ክልል ጋምቤላ ተቐቲሎም፡ ልዕሊ 225 ዝኾኑ ህፃናት ተጨውዮም እንትውሰዱ፡ ካብ 2000 ንላዕሊ ዝኾና ናይ ህዝቢ ጋምቤላ ከፍቲ ድማ በቶም ካብ ደቡብ ሱዳን ዝመፁ ዕጡቓት ሓይልታት ተወሲደን እየን። እዚ ድማ እቲ ስርዓት ሰላምን ርግኣትን ናይታ ክልል ከውሕስ ብዘይምኽኣሉ ዝተፈጥረ ፀገም እዩ። ካብቲ ክልል ከይወፃእና ኣብ ሞንጎ ዓሌት ኣኝዋክን ሙርሌን ብዝለዓል ቀፃሊ ግጭት ካብ ክልቲኦም ዓሌት ብ10ታት ዝግመት ሂወት ሓሊፉ እዩ።

ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ከተማ ኣዲስ ኣበባን ክልል ኦሮምያን ከራኽበን እየ ኢሉ ዘበገሶ ረብሓ ህዝቢ መሰረት ዘይገበረ ማስተር ፕላን ብህዝቢ ሓያል ተቓውሞ ኣጋጢምዎ እዩ። እዚ ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳብ ጉንበት ኢሉ'ውን ክሳብ ሎሚ ውሽጣ ውሽጢ ፈኺም ዝብል ዘሎ ህዝባዊ ተቓውሞ ንምዕጋት ኣብ ዝወሰዶ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ድማ፡ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ወገናት እንትቕተሉ፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ዝኾኑ ድማ ተኣሲሮም እዮም። እዚ ፍፃመ እዚ ካኣ እቲ ስርዓት ኣንፃር ረብሓታት ህዝቢ ይስጉም ከም ዘሎ ዘረጋግፀልና ሓቂ እዩ።

ኣብ ክልል ደቡብ ዝነብር ብሄረሰብ ቁጫ፡ ንሕና ጋሞ ኣይኮናን፣ ንሕና ወላይታ ኣይኮናን፡ ንሕና ቁጫ እዩ መንነትና ሕጋዊ ኣፍሉጦ ክወሃበና ኣለዎ ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ

ነይሩ። እቲ ስርዓት ድማ ኣብ ክንዲ ሕጋዊ መልሲ ምሃብ ነቶም መላዓዓልቲ እዮም ዝበሎም ሰባት ስለ ዝኣሰሮም ንሕቶኦም ክሳብ ሕዚ ዘላቒ ፍታሕ ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም፣ ኣብ ከቢድ ግጭት ኣትዮም ይርከቡ። ዝተፈላለዩ ኣካላት እቲ ጉዳይ ብዕምቆት ተራእዩ ግቡእ መልስን መፍትሕን ክዋሃቦ ከም ዝግባእ እኳ እንተገለፁ፣ እቲ ስርዓት ግን ክሳብ ሕዚ ፀማም እዝኒ ሂብዎ ይርከብ።

ኣብ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዞባታትን ወረዳታትን ዝርከቡ ብሄረሰባት ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ'ውን ዓርስና ብዓርስና ክንማሓደር ኣለና ዝብል ሕቶ ኣሎ፣ ከባቢ ሰገን ኣብ ዝተብሃለ ዙርያ ዘሎ ዞባ ውሽጢ ዘለው ዓሌታት ሓደ ዝኾነ ብሄረ ሰብ ኮንሶ፣ ባዕሉ ንባዕሉ ዝማሓደረሉ ዞባዊ ምምሕዳር ክህልዎ ኣመልኪቱ ዘልዓሎ ሕቶ ዓመታት ኣቑፂሩ ኣሎ፣ እንተኾነ ግን እዚ'ውን በቲ ስርዓት ተቐባልነት ስለ ዘይረኸበ ግቡእ መልሲ ከይተዋሃቦ ተደጒሉ ዘሎ ሓደጋ እዩ።

ክልል ኣምሓራ'ውን ተቓውሞ ዘይተፈለያ ክልል ኮይና ኢና ንረኽባ፣ ንኣብነት ኣብቲ ክልል ዝነብሩ 142 ዝኾኑ ጣብያታት ዓሌት ብሄረ ሰብ ቅማንት ባዕሎም ንባዕሎም ክማሓደሩ ክሓትዎ ዝፀንሑ ናይ መንነት ሕቶ ምልዓሎም ስዒቡ፣ ነቶም 42 ጣብያታት ጥራይ መልሲ ስለ ዝተውሃቦም፣ ኣብ ሞንጎ ሓደ ዓይነት ባህልን ልምድን ዘለዎ ብሄረሰብ ከምዚ ዓይነት ፈላላዩ ኣካይዳ ምኽታል ፍትሓዊ ኣይኮነን ብምባል፣ ካብ ከባብያዊ ምምሕዳር ክሳብ ክልልን ቤት ምኽሪ ፈደሬሽንን ሕገመንግስታዊ መሰልና ይከበረልና ኢሎም ሕቶኦም እኳ እንተቐረቡ ሰማዒ ኣካል ኣይረኸቡን፣ ከም ውፅኢት ናይዚ ብ30 ሕዳር 2008 ዓ/ም ኣብ ሞንጎ ኣምሓራን ብሄረሰብ ቅማንትን ግጭት ስለ ዝተወለዐ በቲ ስርዓት ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ተቐቲሎምን ተኣሲሮምን እዮም።

ኣብቲ ዝተልዓለ ግጭት ልዕሊ 33 ንፁሃት ዜጋታት ተቐቲሎም ብዓሰርተታት ዝቑፀሩ ወገናት ቆሲሎም፣ ቁፅሮም ብልክዕ ዘይተፈልጡ ካኣ ኣብቲ እዋን ክእሰሩ እንከለዉ፣ ካብ 4ተ ወረዳታት ጥራይ 150 ሚልዮን ብር ዝግመት ንብረት ዓንዩ እዩ።

ነዚ ስዒቡ ድማ ብ9 ታሕሳስ 2008 ዓ/ም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ብኣዴን ንኽልቲኡ ህዝቢ ኣኼባ ዝገበርሉ እንትኾኑ፣ ተወለድቲ ብሄረ ሰብ ቅማንት **"ንሕና መንነትና ይፈለጥ ባዕልና ንባዕልና ክንመሓደር ኣለና ስለ ዝበልና ብኣዴን ኣብ ልዕሌና መጥቃዕቲ ክፍፀም ገይሩ እዩ"** ድሕሪ ምባሎም **"ሕቶ ብሄረሰብ ቅማንት መሊስናዮ እትብልዎ ንብሄረሰብ ቅማንት ዝበታትን እዩ፣ ማለት ካብ 142 ብሄረ ሰብ ቅማንት ነቶም 42 እዩ ተመሊስሎም፣ እዚ ድማ ኣፈላላይ እዩ፣ ንምንታይ ዘይምለሰልና ቅማንት ከም ቅማንት ነንባዕሉ ዝበታትኽ ዘይቅኑዕ ምሕደራ እዩ”** ክብሉ ተቓውመኦም ገሊፆም እዮም።

ድሕሪ ብዙሕ ሂወት ሰብ ምጥፋእን ምእሳርን ድማ ሰበ-ስልጣን እቲ ስርዓት “ሕገ መንግስትና ዘይመለሶ ናይ መንነት ሕቶ የለን” ይብሉ ከም ዘይነበሩ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕቶኹም ተቐቢልናዮ ኣለና፣ ብመሰረት እዚ ድማ ኣብዝሓ ህዝቢ ነዚ ውሳነ እንተኣሚንሉ ብእኡ ክንከይድ ኢና ዝብል ተገላባጢ መርገፂ ብምሃብ ክሳብ ሕዚ ከይተፈተሐ ውሽጣ ውሽጢ እንዳቐፀለ ይርከብ። ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ትግራይን ኣምሓራን ብሰንኪ ናይ መንነት ሕቶ ዝተልዓለ ግጭት ዘላቒ ፍታሕ ስለ ዘይተገብረሉ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፈኺም እናበለ ይቐፅል ስለ ዘሎ



ዜጋታትና ብስውርን ብቕሉዕን እናተቐተሉን እናተኣሰሩን ይርከቡ።

ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ወልቃይትን ከባቢኣን ዝነብሩ ተወለድቲ ወልቃይት፡ ብህወሓት ኢህወዴግ ካብ ዝመሓደሩ ኣትሒዞም ከልዕልዎም ካብ ዝፀንሑ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት፡ ትኹረት ረኺቦም ብኣመሓደርቲ ናይቲ ክልል ይኹን ዞባ ግቡእ ምላሽ ካብ ዘይተውሃቦም ዛዕባታት፡ "**ብመሬትና ተጠቀምቲ ክንከውን ኣይከኣልናን፣ ሰናይ ምምሕዳር ዝብሃል የለን፣ ኣጀንዳታት ገዛኢ ስርዓት ክንሰምዕ እምበር ጉዳይና ሰማዒ ኣካል ኣይረኸብናን፡ ካብ ዉሽጥና ዘይወፁ ሰባት እዮም ዘመሓድሩና ዘለዉ፤ ንምንታይ ባዕልና ንባዕልና ናይ ምምሕዳር ሕገ መንግስታዊ መሰልና ዘይኽበረልና**" ዝብሉን ካልኦትን እኳ እንተኾኑ፡ ክሳብ ሕዚ ቆላሕ ዝብሎም መንግስታዊ ኣካል ብዘይ ምርካቦም ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ተወከልቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ከባቢ ጎንደር ተኣኪቦም መሰረታዊ ፍታሕ ከምፅእ ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ዘተ ክሳብ ምክያድ በፂሖም እዮም።

ከም ውፅኢት ናይዚ ድማ ህዝቢ ወልቃይት ብሄርና ኣምሓራ'ዩ ዝብል ናይ መንነት ሕቶ ኣልዒሉ ተቓውሞ ኣካይዱ እዩ። እቲ ስርዓት ድማ ነቶም ነዚ ሕቶ ዘልዓሉ 34 ሰባት ብዘይንሕስያ ቀቲልዎም፡ ልዕሊ 93 ዝኾኑ ድማ በብእዋኑ ተዓፊኖም ስለ ዝተወስዱ ክሳብ ሕዚ ሃለዋቶም ኣይፍለጥን፡ ብሰንኪ እዚ ናይ መንነት ሕቶ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ግፍዕታት ወሪድዎም እዩ። 12 ዝኾኑ ነበርቲ ድማ መንበሪ ገዝኦምን ናይ ሕርሻ መሬቶምን እንትሕደጉ፡ 173 ወገናት ካኣ ካብ መንበሪ ገዝኦም ተመዛቢሎም እዮም።

ህዝቢ ወልቃይት ዘልዓሎ ናይ መንነት ሕቶ መሰረት ዝገበረ ህዝባዊ ተቓውሞ በዚ ኣየብቀዐን። ኣብዚ ቀረባ እዋን'ውን ኣብ ከተማ ጎንደር ኣብ መንጎ ህዝብን መሓውራት ስርዓት ወያነ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግን ሓያል ጎንፂ ተፈጢሩ'ዩ። ብሰንኩ ድማ ህፃናትን መናእሰይን ዝርከብዎም ልዕሊ 15 ዝኾኑ ሰላማውያን ህዝቢ ሞይቶም ብዙሓት እንትቖስሉ፡ ካብ ዓሰርተ ንላዕሊ ኣባላት ፌደራል ፖሊስ'ውን በቲ ግጭት ሞይቶም እዮም። እቲ ጎንፂ ብምኽንያት መንነት ህዝቢ ወልቃይት ፀገዴ ዝተበገሰ ኮይኑ፡ እቲ ስርዓት ነቲ ህዝባዊ ሕቶ ብሕጋዊ ኣገባብ ኣብ ክንዲ ዝፈትሖ ነቲ ሕቶ ንምጭፍላቕ ንመራሕቲ ናይቲ ኮሚቴ ዝኾኑ ሰባት ንምሓዝ ኣብ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ንዝተወሰኑ ስለ ዝሓዙን ስለ ዝኣሰሩን እቲ ተቓውሞ ተጋዲዱ እዩ።



ኣብ መንጎ ህዝቢ ጎንደርን ኣባላት መሓውር ፀጥታ ስርዓት ወያነ-ኢ.ህ.ወ.ደ.ግን ዝተፈጥረ ጎንፂ እናሰፍሐ ከይዱ ኣብዚ ሐዚ እዋን ምስቲ ስርዓት ቅርርብ ኣለወን ኣብ ልዕሊ ዝበሃላ ናይ ንግዲ ትካላት መጥቃዕትታት ብምፍናው ኣብ ልዕሊ ሰብ ኣሳፈራ ብኸተማ ጎንደር ትሓልፍ ዝነበረት ናይቲ ስርዓት ኣውተቡስ ነቲ ተሳፈሩ ዝነበረ ህዝቢ ክወርድ ብምግባር ነታ ኣውቶቡስ ብሓዊ ክትባራዕ ገይሮምዋ እዮም። ብዘይካ'ዚ'ውን ካብ ሓምሽተ ንላዕሊ ናይ ፖሊስ መካይን ተቓፂለን እየን። ኣብ ከተማ ጎንደር ዝርከቡ ኣባላት ፖሊስ ድማ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ተቖጢቦም ምስቲ ህዝቢ ክውግኑ እዮም ተራእዮም።

ምስዚ ዕግርግር'ዚ ተታሓሒዙ ኣብቲ ቦታ ናይ ዝርከቡ ሓድሓደ ተወለድቲ ትግራይ ዝኾኑ ትካላት'ውን ዝዓነዉ ኮይኖም ናይዚ ተሓታቲ ድማ እቲ ስርዓት'ዩ፡ ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዘይምትእምማንን ምጥቕቓዕን ክፍጠር ዝገብር ዘሎ ንሱ ስለ ዝኾነ።

ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ማእኸል ዝርከብ ህዝቢ እምባሰነይቲ ን20 ዓመታት ዝኣክል ዘቕረቦ ናይ ወረዳና ይመለሰልና ዝብል ሕቶ ፍታሕ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ ብኣሽሓት ዝቑፀር ህዝቢ ቁጥዕኡ ንምግላፅ ኣብ ከተማ ነበለት ብ16 ሚያዝያ 2008 ዓ/ም ሰለማዊ ሰልፊ ኣካይዱ ነይሩ።

ንዝሓለፉ 25 ዓመታት ካብ ግልጋሎት መሰረተ ልምዓት ተገሊሉ ዝፀንሐ ብዙሕ ቑፅሪ ዘለዎ ህዝቢ እምባሰነይቲ ቅድም ኢሉ ኣብ ወረዳ እምባሰነይቲ ዝመሓደር ዝነበረ ኮይኑ ብዘይ ድልየቱ ናብ ወረዳ ወርዒ ለኸ (ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ) ተጨፍሊቑ ንኽመሓደር ብምግባር ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ስለ ዝበፅሖ፡ ደጋጊሙ ሕቱኡ ንልዕሊ 20 ዓመታት እናቕረበ ዝመፀ እኳ እንተኾነ ግቡእ ምላሽ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ፡ ንከባቢ 60 ኪሜ እናተጓዓዘ እዩ ምምሕዳራዊ ግልጋሎት ዝረክብ፡ እዚ ሕዚ ዘልዕሎ ዘሎ ሕቶ ድማ እዚ ድኻም እዚ ክቕረፍ ኣለዎ፣ ብቐረባ ክንማሓደር ናይ ቀደም ወረዳና ይመለሰልና ብምባል ልዕሊ 30,000 ህዝቢ ውዕዉዕ ዝኾነ ተቓውሞ ኣካይዱ እዩ።



ህዝቢ እምባሰነይቲ ብዙሕ ዝሓቶ ናይ ግልጋሎት መሰረተ ልምዓት ሕቶ እኳ እንተሃለዎ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣዕርዩ ዝደልዮ ዘሎን ኣጥቢቑ ዝሓታን ግና ጉዳይ ወረዳ ትምልከት እያ። ወረዳ እምባሰነይቲ ተባሂሉ ክምለሰሉ እሞ ፍትሒ ኣብ ቀረብኡ ክረክብ፡ ባዕሉ ንባዕሉ ከማሓድር ስለ ዝብህግ ሕትኡ እውን ስልጡን ብዝኾነ መንገዲ ደጋጊሙ ናብቲ ስርዓት ኣቕሪቡ እዩ።

ነዚ ሰልፊ ዝተኸታተሉ ካድረታት ናይቲ ስርዓት ግን ሎሚ ኣይንምልስ ፅባሕ ኣይንምልስ ዕጭ ሓንፈፍና እዩ ነይሩ መልሶም፡ ከም ምኽንያት ዘቕረብዎ ድማ እተን ቅድሚ 20 ዓመት ኣብ መላእ ትግራይ ዝነበራ 81 ወረዳታት፡ በጀት ንምቑጣብ›› ተባሂሉ ናብ 35 ወረዳታት ስለ ዝተጨፍለቓ ኣብ መላእ ትግራይ ተደጕሉ ዝፀንሐ ተመሳሳሊ ሕቶ ክለዓል እዩ፡ ብመሰረቱ ሕቶ ህዝቢ ነበለት ልምዓታዊ ሕቶ ኣይኮነን ዝብል'ዩ።

ይኹን እምበር መራሕቲ ህወሓት መሰረታውን ፍትሓውን ዝኾኑ ሕቶታት ህዝቢ ኣይንምልስን ስለዝበሉ ጥራሕ፡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሃገርና ዝላዓሉ ዘለዉ ዓርስና ብዓርስና ክንማሓደር ኣለና ዝብሉ ናይ መንነት ሕቶታት፣ ከምኡ'ውን ናይ መሰረተ ልምዓትን መሰልን ሕቶታት ፈፂሞም ጠጠው ክብሉ ኣይኽእሉን እዮም። ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ከምቲ ህዝቢ እምባሰነይቲ ዝበሎ ናይ ህዝቢ ሕቶ ዘይምልስ ውድብ "**ሎሚ ኣይውድብና ፅባሕ ኣይውድብና ቀፃላይ መርገፂና እዩ**" ብዝብል ፅኑዕ መርገፂ ዝጀመሮ ተቓውሞ ኣጠናኺሩ ክቕፅለሉ ህልኽ ዘትሕዝ እዩ።

“ዘይወግሕ’ያ መሲልዋስ ኣብ ቡኽራ ትሽይን” ከም ዝበሃል እምባኣር ከምዚ እዩ። ውድብ ህወሓት እቲ ቀደም ቀርበት በጊዕ ተኸዲኑ እንከሎ ንህዝቢ ኣታሊሉ ዝፈፀሞ ምጭፍላቕ ወረዳታት፡ ሎሚ ተመሊሱ ከውሕጦ ደልዩ’ሎ። ምናልባት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ክሳብ ሎሚ ክላዓሉ ንዝፀንሑ ህዝባዊ ተቓውሞታት ብሓይሊ ብረት እናጨፍለቐ ኣብ ስልጣን ክቕፅል ፀኒሑ’ሎ፡ ካብ ሕዚ ንዳሓር ከ…?

## <u>ዘይነቅዕ ሰረት!!</u>

ህዝብና ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ፡ ናይ ኵናት ህርፋንን ፃምእን የብሉን፡ ናይ ወትሩ ሕልሙ ሰላም፣ ብልፅግና፣ ፍቕርን ሓድነትን እዩ። እዚ ህዝቢ’ዚ ካብ ኵናትን ወረ ኵናትን ርሒቑ ሰላም ኣብ ዝሰፈና ሃገር ሓቢሩ ክነብር ዝደሊ ሰላማዊ ህዝቢ እዩ። ኣንፃር ደርግ ዘካየዶ መሪር ቃልሲ’ውን ነዚ ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ 10 ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ኣንፃር ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝቐነዐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኽምስረት ጠንቂ ዝኾነ ዳኣ እንታይ እዩ እንተተባሂሉ ግን፡ ባዕሉ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት እዩ። ፍረ-መስዋእቲ ቃልሲ ህዝቢ ዝኾነ ሰላምን ዴሞክራስን ውሒጡ ምስ ገበለ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክዕንድር እዩ ጀሚሩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ እቲ መግዛእቲ ዘይቕበል፣ ኣደራዕን ጭቆናን ዘየፍቅድ ህዝብና፡ ዝናሩ ዓጢቑ መሰለይ ክብል ስለ ዝጀመረ ንምምስራት ዴምህት ሓደ በሪ ከፊቱ እዩ።

ፍረ መስዋእቲ ደቁ ዝተጠልመን ዝተኻሕደን ህዝቢ ቀሲኑ ስለ ዘይሓደረ መሰለይ ብቕልፅመይ ኢሉ ዳግም በረኻ ወፊሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ቅድም ኢሎም በረኻ ወፂኦም ምስ ግንባር ሓርበኛታት ህዝቢ ኢትዮጵያ ተፀምቢሮም ክቃለሱ ዝፀንሑ ሰላሳ (30) ተጋሩ፡ ህዝቢ ትግራይ ስርዓት ወያነ-ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንምእላይ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ብዓርሱ ተወዲቡ እጃሙ ከበርክት ስለ ዝነበሮ፡ ብብሄርና ክንውደብ ኢና ዝብል ሓሳብ ኣበጊሶም፡ ዴምህት ንምምስራት ምንቅስቓስ ጀሚሮም።

እዞም ብፆት እዚኦም ብብሄሮም ተወዲቦም እጃም ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምቕያር ስርዓት ወያነ-ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ከተባብዑ ዝነበሮም ድሌትን ተበግሶን ናብ ተግባር ብምሽራፍ፡ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ንምምስራት ካብ ዕለት 28/10/1992 ክሳብ ዕለት 18/06/1993 ኣብ ዝነበሩ እዋናት ዴ.ም.ህ.ት ንምምስራት ዘኽእሎም ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ምስተሰርሐ፡ ብ19/06/1993 ዓ/ም እቲ ውድብ ብወግዒ ተመስሪቱ።



ብኻልእ ወገን ድማ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣብ ዝተፈላለዩ ወተሃደራውን ሰቪላውን ትካላት ወያነ ዘገልግሉ ዝነበሩን፡ ንሕቡእ ኣጀንዳታትን ፖሊሲታትን ወያነ ተቓዊሞም፡ ናብ ኤርትራን ካልኦት ሃገራትን ዝመፁ 59 ዝኾኑ ኣንፃር ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምክያድ ተበግሶታት ዝነበሮም ደቂ ትግራይ፡ ካብ 2 ጥቅምቲ 1993 ዓ/ም ጀሚሩ ናይ ጎስጓሳትን ምውዳብን ስራሕቶም ከቃላጥፉ ጀሚሮም ነይሮም።

ኣብ መንጎ እዚ ግን ክልቲኦም ወገናት ናይ ክልቲኡ ምንቅስቓስ ድሮ ፈሊጠሞ ስለ ዝነበሩ፡ ተራኺቦም ናይ ምፍላጥን ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ተኽእሎታቶም ከማዓራርዩ ስለ ዝነበሮም፡ ብ4 ግንቦት 1993 ዓ/ም ናይ ክልቲኡ ወገን ግዝያዊ መሪሕነት ኣብ ሞሎቨር ከጀላይ ተራኺቦም ዕውት ዝኾነ ዝርርብ ብምክያድ ስለዝተሰማምዑ፡ ሰራዊቶም ናብ ሓደ ሓዊሶም ሓድሽ ኣወዳድባ ፈጢሮም ነቲ ቃልሲ ከቃፃፅልዎ እዮም ጀሚሮም።

ዝኸበርኩም ኣምበብቲ መፅሄት ብስራት ውድብ ዴምህት ድሕሪ ናይ 10 ዓመት ስልጣን ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣብ 1993 ዓ/ም ብ19 ለካቲት እዩ ተመስሪቱ ኢልና ኣለና። ህዝቢ ትግራይ ድማ ኣንፃር ደርግ ዘካየዶ መሪር ኩናት ገና ኣይረሰዖን ነይሩ፡ ይኹን እምበር ኣብቲ እዋን ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንሃገር ክጠቅም ከም ዘይኽእል ስለዝተመዘነ ብቓልሲ ህዝቢ ካብ ስልጣኑ ክእለ ኣለዎ ናብ ዝብል መደምደምታ ተበጺሑ ዝነበረሉ እዋን እዩ።



በየናይ ዓይነት ቃልሲ ይታኣለ፡ ብፖለቲካዊ…? ወይስ ብዕጥቃዊ ቃልሲ…? ዝብል ግን ኣብቲ እዋን ከቢድ ሕቶ እዩ ነይሩ። ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ግን ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ክእለ ዝኽእል ብፖለቲካዊ ቃልሲ ዘይኮነስ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ጥራይ እዩ ዝብል ናይ መወዳእታ ዝበሎ መማረፂ እዩ ወሲዱ። ስለ ምንታይ…? ካልእ መማረፂ ተሳኢኑ ድዩ…? ብመሰረቱ ኸ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣገዳስን እዋናውን ኮይኑ ድዩ ተረኺቡ…?

መፅሄት ብስራት ነዝን ካልእን ኣመልኪታ ምስ ላዕለዋይ መሪሕነት ዴ.ም.ህ.ት ተጋዳላይ መኮነን ተስፋይ ሕፅር ዝበለ ቃለ-መሕትት ኣካይዳ ኣላ ሰናይ ንባብ፦

## ቃለ-መሕተት ምስ ተጋዳላይ መኮነን ተስፋይ

**መፅሄት ብስራት፦ ሕራይ ተጋዳላይ መኮነን ተስፋይ፡ መጀመርያ ነዚ ነካይዶ ዕላል ፍቓደኛ ስለ ዝኾንካ ብስም ኣምበብቲ መፅሄት ብስራት ኣዝየ ከመስግነካ እፈቱ።**

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፦ ኣነ'ውን እቲ ዝመስለኒ ሓሳበይ ከካፍለኩም ዕዱም ጋሻ መፅሄት ብስራት ክኸውን ዕድመ ስለ ዘቕረብኩምለይ ኣዝየ እየ ዘመስግነኩም።

**መፅሄት ብስራት፦ ፅቡቕ ናብቶም ሒዘዮም ዘለኹ ሕቶታት እየ ክኣቱ፡ ከም ዝፍለጥ ህዝብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ስርዓት ደርግ ንምእላይ ኣብ ዝተኻየደ ን17 ዓመታት ዝቐፀለ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ልዑል ተሳትፎ ነይርዎ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ቃልሲ እዚ ድሕሪ ምዝዛሙ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት፡ ዳግም ብስም ዴ.ም.ህ.ት ብረታዊ ቃልሲ ክብገስ ክኢሉ እዩ፡ ስለዚ ህዝቢ ካብ ቃልሲ ናብ ቃልሲ ከሰጋግሮ ዝኻኣለ ምኽንያት እንታይ እዩ? ኣገዳስነት ናይዚ ቃልሲ ኸ ከመይ ኢኻ ትግምግሞ?**

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፦ ኩልና ከም ንፈልጦ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ካኣ ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ ስርዓት ደርግ ምምፅኡ ይኹን ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ ዝኸፈአ ፀገም'ዩ ነይርዎ፡ ህዝቢ ሰብኣዊ መሰሉ ተገፊፉ ማሕበራውን ቁጠባውን ዝበሃል ተጠቃምነት ኣይነበረን፡ ፈቓዶ ስደት ከርተት ኢሉ ኣብ ሕማም ወዲቑ፣ መሰለይ ዝበለ'ውን ይጭፍጨፍ፣

ይእሰር፣ ብመሳፍንትን ብጨቆንትን ይግረፍ ነይሩ። ነዚ ሽግር እዚ ንምእላይ ኢሉ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ ብፍላይ ከቢድ ዝኾነ ህይወቱን ንብረቱን ገቢሩ ንደርግ ኣብ ምውዳቕ ተረባሪቡ ተቓሊሱ እቲ ስርዓት ክእለ ከም ዘለዎ ዝገበረ ህዝቢ እዩ።



ዕላማ ናይዚ ቃልሲ ካኣ እ,,, ዴሞክራስያውን ሰብኣውን መሰሉ ክኸበር፣ ማዕርነት ህዝብታት ክረጋገፅ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ፍትሒ ክረክብ ዝዓለመ እዩ ነይሩ፡ ህወሓት በቲ ሽዑ ዝብሎ ዝነበረ'ውን ድሕሪ ስርዓት ደርግ ኣብ ኢትዮጵያ ዘተኣማምን ሰላም፣ ዘተኣማምን ዴሞክራሲ፣ ዘተኣማምን ማዕርነት ክረጋገፅ እዩ ይብል ስለ ዝነበረ፡ ተቓሊስና እንተዳኣ የዐዊትናዮ ውድብ ህወሓት ፍትሓዊ ውድብ ክኸውን እዩ፡ ካብ ዝብል ዘለዎ ዓቕሚ ፀንቀቑ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ እዩ ተቓሊሱ።

ይኹን እምበር ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ስልጣን ምስተቖፃፀረ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ እዩ ነቲ ናይ ህዝቢ ሓደራ ጠሊምዎ፡ ስልጣኑ ብዘተኣማምን ምስ ጨበጠ ንህዝቢ ቁሊሕ ክብሎ ኣይካኣለን። ኣብ መላእ ሃገርና ውልቃውነት፣ ኣድልዎ፣ ስእነት ስራሕን ካልኦት ማሕበራዊ ፀገማትን ክስዕርሩ እንተዘይኮይኑ፡ ክሳብ ሕዚ ፍትሒ ዝባሃል የለን። እቲ መስዋእትነት ንማዕርነት፣ ንሰላምን ዴሞክራስን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝተኸፍለ ደኣ'ምበር፡ ኣብ እግሪ ደርግ ንዝትክኡ ካልኦት ተበለፅቲ ናብ ስልጣን ንምድያብ ኣይነበረን። ኮይኑ ግን ነቲ ስልጣን ካብ ህዝቢ ብምምንጣል ውሑዳት ሰባት ዓሚፆም ሒዞሞ፡ መሰለይ ዝበለ ይእሰር፣ ፍትሒ ዝሓተተ ይእሰር፣ ማዕረ ዝኾነ ናይ ልምዓት ተጠቃምነት ይሃሉ ዝበለ'ውን ይእሰርን ይንከላበትን።

ካብዚ ብምብጋስ እቲ ስርዓት ናብ ምልካዊ ስለ ዝተቐየረ ብወገናውነት ብኣድልዎ እንተዘይኮይኑ፡ ምዕሩይ ዝኾነ ምምሕዳር ከንግስ ከምዘይኽእል ኣብ ትሕቲ'ቲ ስርዓት ኮይንካ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ ተስፋ ዘይብሉ ምኳኑን፡ ወያነ ብሓይሊ ብረት እንተዘይኮይኑ፡ ብሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ስልጣኑ ንህዝቢ ዘየረክብ ምኳኑ ምስ ተገምገመ፡ ዳግም ቃልሲ ክንጅምር ዝገድድ ኩነታት ተፈጢሩ ማለት እዩ።

ስለዚ እቶም ን17 ዓመታት ብዝተኻየደ ቃልሲ መልሲ ዘይረኸቡ ሕቶታት ህዝቢ ንምምላስን፡ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ገይርካ ስርዓት ወያነ ኣሊኻ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ ንክኸውንን ዳግም ቃልሲ ተወሊዑ፡ ብ19 ለካቲት ዴ.ም.ህ.ት ተመስሪቱ። ብሓፈሻ መበገሲ ዳግማይ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወፅዓ እዩ፡ መበገሲኡ ጥልመትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝበፅሑ ግፍዕታትን ናይ ወያነ እዮም። ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣድላይ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ናብ ሕቶ'ውን ክቐርብን ከማትእን ዝኽእል ኣይመስለንን፡ ኣገዳሲ እዩ ብዝብል ኢና ክንርደኦ ዘለና። ምኽንያቱ ስርዓት ወያነ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ በቲ ዝኣምነሉ ብረታዊ ቃልሲ ክውገድ ስለዘለዎ።

***መፅሄት ብስራት፡- ሕራይ እዚ ቃልሲ እዚ ጥልመትን ግፍዕታትን ናይቲ ስርዓት ዝወለዶ ቃልሲ ከም ዝኾነ ገሊፅካልና ኣለኻ፡ ቃልሲ ዴምህት ምስተበገሰ ኸ ብህዝቢ ዝነበሮ ተቐባልነትን ደገፍን እንታይ ይመስል ነይሩ? ኣብ ህዝቢ መቃለሲ ባይታ ረኺቡ ዶ?***

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- እወ ሕዚ ከምቲ መጀመርያ ዝገለፅክዎ ናይቲ ቃልሲ መበገሲ ወፅዓ እዩ፡ እቲ ውድብ ክምስረት ከሎ ድማ ናይ ህዝቢ ድሌት እንታይ ምዃኑ ርእዩ ገምጊሙ እዩ ተበጊሱ። ወያነ እንትርፎ ብሓይሊ እንትርፎ ብዓመፅ ብሰላማውን ብፖለቲካውን ቃልሲ ክወድቕ ዘይኽእል ምዃኑ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ካኣ ህዝቢ ትግራይ ለውጢ ዝደሊ ህዝቢ ምዃኑ ምስ ተገምገመ እዩ ናብ ከምኡ ዓይነት መማረፂ ተኣትዩ። ዴምህት ዝበሃል ውድብ ተመስሪቱ ምስ ሰመ፡ ህዝቢ ከይወዓለ ከይሓደረ እዩ ኣብ ጎኒ'ቲ ውድብ ክዓስል ክኢሉ፡ ህዝቢ ብኹሉ መዳይ ነቲ ውድብ ዘለዎ ድጋፍ ከጠናኽር ጀሚሩ።

ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣትዩ እዩ ዝሰርሕ፣ ህዝቢ እዩ ዝሓቑፎ፣ ህዝቢ እዩ ጫኽኡ፣ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ብናይ ህዝቢ ድጋፍ እዩ እቲ ውድብ ጠጠው ኢሉ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታትና ብኣብዝሓ ብናይ ሓፋሽ ውደባታትና እዮም ዝዕመሙ፣ ኣብ ወተሃደራዊ ስራሕትና ብናይ ህዝቢ ኩለመዳያዊ ድጋፍ ኢና እንቀሳቐስ። ብዛዕባ ፀላኢ ሓበሬታ ኣብ ምምፃእን መንገዲ ኣብ ምሕባርን ውጉኣትና ኣብ ምክንኻንን ካልኦት ንደልዮም ሓገዛትን ህዝቢ እዩ ዝድግፈና፡ ብህዝቢ ኢና ክንሰርሕ ፀኒሕናን ዘለናን። ልዕሊ ኩሉ ድማ እቲ መንእሰይ፡ ዴምህት ተመስሪቱ ምስ ሰመዐ ኣብ ጎኒ ውድቡ ተሰሊፉ ዝካኣሎ ካብታ ዝደቐቐት ክሳብ እታ ዝኸበረት ህይወቱ ኣብ ምኽፋል፡ ለውጢ ኣብ ኢትዮጵያ ንምምፃእ ብዙሕ መንእሰይ እዩ ናብቲ ቃልሲ ውሒዙ፡ ዴምህት ኣብ ሓጺር ግዜ እዩ ለውጢ ኣርእዩ፡ እዚ ድማ ሳላ ድጋፍ ህዝቢ እዩ ተረኺቡ።

እዚ ውድብ'ዚ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወፃኢ ድጋፍ ህዝቢ ዘለዎ፣ ተቐባልነት ህዝቢ ዘለዎ ውድብ እዩ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎንና ተሰሊፉ ከቢድ መስዋእትነት እናኸፈለ ኣንፃር ወያነ ክቃለስ ፀኒሑን ኣሎን፡ ህዝብና ደላይ ለውጢ እዩ፡ ወያነ ክእለ ዘይደሊ ኢትዮጵያዊ የለን። ስለዚ ወያነ ካብ ሃገርና ክእለ ኣለዎ፡ ወያነ ንስውኣትና ጠሊምዎም እዩ፣ ናይ ህዝቢ ሓደራ በሊዑ እዩ፣ ህዝብታት ኢትዮጵያ ንሕድሕዶም ክፃልኡ ገይሩ እዩ፡ እዚ ኹሉ ገበን ዝፈፀመ ስርዓት ክእለ ኣለዎ። ብመሰረቱ ለውጢ ክመፅእ ዝኽእል ወያነ ተኣልዩ ዳኣ እምበር ወያነ እንዳሃለወ ለውጢ ክመፅእ ኣይኽእልን ዝብል ወነን ቅኑዕ ውሳነን ስለ ዝሓዘ ኣብ ጎኒ ውድቡ ተሰሊፉ ንውድቡ እንዳደገፈ መፅዩ እዩ። ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዘይንቀል ፅኑዕ መሰረት ክተክል ክኢሉ እዩ። ስለዚ ዕቤት ናይቲ ውድብ ውፅኢት ድጋፍ ናይቲ ህዝቢ ከም ዝኾነ ኢና ክንርደኦ ዘለና።

**መፅሄት ብስራት፡- ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ከ ህልው ኩነታትን ዓቕምን ጥንካረን ናይቲ ውድብ እንታይ እዩ ዝመስል?**



ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- እወ ከምቲ ዝበልኩኻ ቃልሲ ቃልሲ እንድዩ፡ ኣብ ቃልሲ ካኣ እቲ ዝዓበየ መስዋእትነት ኢኻ ትኸፍል፡ ኣብ ውሽጥኻ'ውን ይድቀቑ ይዕበዩ ገለገለ ፀገማት ከጋጥሙ ባህርያዊ እዩ። ምናልባት እዚ ክንብል ከለና ንገጥሞ ዘለና ፀላኢ'ውን ተፃራሪ ሓይሊ ክህልዎ ስለ ዘይደሊ ግድን እዩ ዕንቅፋታት ክፈጥር፡ ስለዚ ሓደ ሓደ ድቕቕ ድቕቕ ዝበሉ ፀገማት

ኣጋጢሞምና እዮም፡ ገለ ፀረ ቃልስን ኣድሓርሓርትን ነቲ ቃልሲ ዕንቅፋታት ክፈጥርሉ እናፈተኑ መፅዮም እዮም፡ እንተኾነ ግን ኣብቲ ቃልሲ እቲ ደላይ ለውጢ ስለ ዝበዝሕ እቲ ውድብ እናተዓወተ ኣብ ዝሐሸ ኩነታት ክበፅሕ ክኢሉ እዩ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ'ውን ዘጋጠመ ሓደ ሓደ ተርእዮታት ነይሩ፡ እዚ ካኣ እቲ ውድብ ብዝግባእ መንቀልን መበገስን ናይቲ ሽግር እንታይ እዩ ብዝብል ዓሚቕ ገምጋምን መፅናዕትን ብምግባር ናይቲ ሽግር ፖለቲካዊ መፍትሒ ብምቕማጥ እቲ ውድብ ሕዚ ኣብ ዝሐሸ ኩነታት እዩ ዘሎ።

ስለዚ እንታይ እዩ መሰረታዊ ነገር ቃልሲ ዝሓቶም ጉዳያት ኣለዉ፡ ነዞም ቃልሲ ዝሓቶም ጉዳያት ድማ፡ ዝሓተቶ ኢኻ ትኸፍል፡ ብፍላይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ቃልሲ ናይ መጀመርትኡ ኣይኮነን፡ ከምቲ ኣብ መእተዊና ዝገለፅናዮ ደርግ ኣብ ምውዳቕ እንታይ ዋጋ ሓቲቱ...? እቲ ዝሐተቶ ዋጋ ተኸፊሉ እዩ። ወያነ ኣብ ምውዳቕ ዝሓተና ዋጋ'ውን ቅቡል ገይሩ እዩ ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ እዚ ውድብ እዚ ኣብዚ ሕዚ ዘለዎ እዋን ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኣብ ማሕበራዊ፣ ኣብ ዲፕሎማሲ ኢሉ'ውን ወተሃደራዊ ኩነታቱ ብምትዕርራይ፡ ካብቲ ዝሓለፈ መድረኽ ተማሂሩ ናብ ዝበለፀ መድረኽ ክንሰጋገረሉ ኣብ ንኽእል ባይታ እዩ ዘሎ። ምኽንያቱ ፀገም ከጋጥም ከሎ ዝያዳ ኢና ንስሓል ዝያዳ ኢና ንሕይል፡ ከም ውፅኢቱ ካኣ ውድብና ኣብዚ ሕዚ ግዜ ኣብ ዘተኣማምን ፅኑዕ ባይታ ረጊፁ ናብ ብሩህ መፃኢኡ የማዕዱ ከም ዘሎ እየ ከረጋግፀልካ ዝፈቱ።

**መፅሄት ብስራት፦ መንቀሊ ክድዓት ሞላ ኣስገዶም ከ እንታይ'ዩ ትብል? ሞላ ነቲ ዕላማ ረጊፁ ክኸድዕ ዘገደዶ ኩነታት እንታይ እዩ?**

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- ምናልባት ናይ ሞላ ክድዓት ከም ሓደ ዓብዪ ርእሲ ኣልዒልካ ክትዛረበሉ ዝድርኽ ኣይኮነን፡ እቲ ሕቶ ካብ ተላዕለ ግን፡ መጀመርያ ክንርእዮ ዘለና ሞላ ናብ ደረጃ ኣቦወምበርነት ብኸመይ ክመፅእ ክኢሉ ምርኣዩ ኣገዳሲ እዩ፡ ስለዚ ካብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ጀምሩ ነቲ ውድብ ኣቦወምበር ኮይኑ ዝመርሖ ዝነበረ፡ ስዉእ ተጋዳላይ ብፃይ ፍስሃ ሃይለማርያም፡ ኩልና ከም ንፈልጦ ግን ኣብ 2000 ዓ/ም ብፃይ ፍስሃ ብሃንደበት ምስተሰወአ ምስቲ ኩነታት ምጭንናቕ ነይሩ፡ ብዙሕ ምርግጋእ ኣይነበረን፡ ስለዚ ነቲ ዘጋጠመና መድረኽ ክሳብ ጉባኤ ንገብር ብፅገናዊ መልክዕ ክንሰግሮ ኢና ወሲንና፡ ኣብቲ ዝተገብረ ናይ ተብተብ 3ይ ኮንፈረንስ ድማ ሞላ ኣስገዶም ብመልክዕ ፅገና ክሳብ ጉባኤ ግዝያዊ ኣቦ መንበር ክኸውን ተገይሩ'ዩ፡ ስለዚ ናይ ሞላ ናብቲ ባይታ ምምፃእ ብሓፂሩ ከምዚ እዩ ዝመስል ነይሩ።

እንተኾነ ግን ሞላ ናብቲ ሓላፍነት ምስደየበ ብዙሓት ሽግራት'ዩ እንዳፈጠረ ፀኒሑ። ነቲ ውድብ ከምቲ ዝድለ ክመርሖን ከንቀሳቕሶ ኣይካኣለን፡ ደሓር መንቀሊ ናይቲ ዝፈጥሮ ዘሎ ፀገም እንታይ'ዩ ተባሂሉ መፅናዕቲ ምስተገብረ፡ መሰረታዊ ናይ ዓቕሚ ሕፅረት ወይ ምንኣስ ምኳኑ ተነፂሩ። እቲ ኣመራርሓ'ውን ከምኡ ገምጊምዎ። እቲ ፀገም እዚ ምኳኑ ምስ ተፈልጠ ድማ፡ ምሕጋዝ ስለ ዘድልዮ ክሳብ ጉባኤ እንዳተሓገዘ እናሰርሐ ክፀንሕ ተወሲኑ እዩ።

ድሕሪ ግዜ ጉድለታት እናበዝሑ ስለ ዝኸዱ በቲ ዝተባህለ ሓገዝ'ውን ክቕረፉ ስለ ዘይከኣሉ፡ መሰረታዊ ፍታሕ ንምምፃእ ብደረጃ ኣመራርሓ ይኹን ኣባላት፡ ጉባኤ ንኽግበር ተጠሊቡ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ፡ እቲ ጉባኤ ዘይተርፍ እዋናዊ ጠለብ ናይቲ ተጋዳላይ ምኳኑ ምስ ተረድአ፣ ኣብቲ ጉባኤ ኣብቲ ውድብ ይፍፅሞ ብዝነበረ ጥፍኣት ካብ ደረጃ ሓላፍነት ናይ ኣቦ ወንበርነት ክወርድ ከምዝኽእልን ከምዝሕተትን ኣቐዲሙ ስለ ዝፈለጠ ነቲ ጉባኤ ከደናገዮ'ዩ ፈቲኑ።

ይኹን እምበር ገምጋምን ጉባኤን ይገበር ዝብል ሕቶ ሰራዊት ምስ በርተዐ እቲ ጉባኤ ክግበር ተወሲኑ ገምጋም ድማ ተጀሚሩ። ኣብዚ ድማ ብዙሕ ነቐፌታት ቀሪብሉ ድኹም ምንባሩ'ውን ተገምጊሙ። በቲ ዝፈፀሞ ጉድለት ካብ ሓላፍነቱ ክወርድን ክሕተትን ምኳኑ ምስተገንዘበ ድማ ካብ ተሓታትነት ንምምላጥ ኢሉ ናብ ፀላኢ ክፅጋዕ እዩ መሪፁ።

ስለዚ ብሓፈሻ እቲ ኩነታት እዚ'ዩ ነይሩ። ብመሰረቱ ግን እዚ ውድብ'ዚ ብዕላማ ዳኣ እምበር ብውልቀ ሰባት ስለ ዘይምራሕ፡ ምስ ህላወ ውልቀ ሰባት ዘተሓሕዝ የብሉን፡ እቲ መስመር ቅኑዕ መስመር፡ እቲ ዕላማ'ውን ቅኑዕ ዕላማ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መስመሩ'ዩ ዘሎ፡ ቀፃሊ'ውን ክህሉ እዩ ናይ ሞላ ህድማ ዝምልከት ግን እቲ ጠንቂ እቲ ዝገለፅኩልካ እዩ።

***መፅሄት ብስራት፡- ሕራይ ፅቡቕ ናብ ኩነታት ሃገርና እስከ ክወስደካ፡ ምናልባት እታ ሃገር ኣብ ከመይ ኩነታት እያ ዘላ እንተተባሂሉ፡ ብዙሕ ነገር ክዝረብ ይካኣል እዩ፡ ከም ነጥቢ ግን ዴሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት እስከ ንርአ፡ ህዝብና ኣብዚ ሕዚ ግዜ ናይ ዴሞክራስያዊ ሰብኣዊ መሰላት ተጠቃምነቱ እንታይ እዩ ዝመስል? ኣብታ ሃገር ዴሞክራሲ ኣሎ ክባሃል ይካኣል ድዩ?***

*ተጋ. መኮንን ተስፋይ፡- ብመሰረቱ ወያነ ፀረ ዴሞክራሲ እዩ! ቃልስና'ውን ወያነ ፀረ ህዝቢ፣ ፀረ ዴሞክራሲ፣ ፀረ ፍትሒ ምኳኑ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ስለ ዝተገምገመ እዩ ክብገስ ክኢሉ። ስለዚ ወያነ ፍትሓዊ እንተዝኸውን፣ ዴሞክራስያዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር እንተዝኸውን ነይሩ፡ ናብ ዳግማይ ቃልሲ ዘውፅእ ምኽንያት ኣይነበረናን። ኣፈጣጥርኡ ፀረ*



*ዴሞክራሲ ስለ ዝኾነ ግን ተገዲድና ኣቲናዮ ኢና፡ ናብቲ ሕቶኻ ክኣቱ ከለኹ ብመሰረቱ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ዴሞክራሲ ዝበሃል ነገር የለን፣ ሰብኣዊ መሰል ዝበሃል የለን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተመያየጠሉምን ዝኣምነሉምን ኣጀንዳታትን ኣተሓሳስባታትን ኣይኮኑን ዝትግበሩ፡ ነፃ ዝበሃል ዳይነትን ፍርድን ይኹን ሰናይ ምምሕዳር ዝበሃል የለን።*

*ዝኾነ ሓሳቡ ዝገለፀ ይእሰር ተኣሲሩ'ውን ፍርዲ ኣይረክብን፡ ተኣኪብካ ብዛዕባ ሃገርካ ብዛዕባ ህዝብኻ ክትመክር ሓሳብካ ክትገልፅ እንተደሊኻ'ውን እንታይ ኢኻ ትገብር ዘለኻ ካበይ ኢኻ መፂእኻ? ፀጥረ ለወጥ እናተብሃለ ህዝቢ ይሳቐ፡ ብበዝሒ ሰለልቲ ብምውፋር ፌዴራል ፖሊስ፣ መደበኛ ፖሊስ፣ ምልሻታትን ካልኦት ዕጡቓትን ብገንዘብ እናገዛእኻ ንህዝቢ ኣብ ምጭፍጫፍ፡ ድምፂ ህዝቢ ንኸይስማዕ ኣብ ምዕፋን እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብፍትሓውነት ንኹሉ ብማዕረ ግልጋሎት ፍትሒ ዝህብ የለን። ተራእዩ'ውን ኣይፈልጥን። ምናልባት ወያነ ብሚድያታት ብተደጋጋሚ ፍትሒ ኣሎ፣ ዴሞክራሲ ኣሎ፣ ሰናይ ምምሕዳር ኣሎ እናበለ ይዛረበሉ እዩ፡ ኣብ ባይታ ወሪድካ ክትርእዮ ከለኻ ግን የለን። እታ ብሚድያታት ናይቲ ስርዓት ንሰምዓ ኢትዮጵያን ኣብ ባይታ ዘላ ኢትዮጵያን ክልተ እየን።*

*ኣብ ሓንቲ ዴሞክራስያዊት ሃገር ዜጋታት መራሕቶም ክመርፁን ክምረፁን ዴሞክራስያዊ መሰሎም እዩ። ኣብ ሃገርና ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝተኻየዱ ሓምሽተ ምስሉያት መረፃታት ግን ህዝብና ዝያዳ ካልኦት እዋናት ብጃምላ ክእሰርን ክጭፍጨፍን ክጭነቕን ኢኻ*

ትርኢ፣ መዓት ደበና ናይ ሰራዊት፣ ደበና ናይ ኣፅዋር ኢኻ ትርኢ፣ እዚ ድማ መርኣያ ፀረ-ዴሞክራስያዊ ኣካይዳ ናይቲ ስርዓት እዩ። ብሓፈሻ እቲ ስርዓት ብሓይሊ ብረት ብፀቕጢ ህዝቢ እናጨፍጨፈ፣ እናፈራርሐ፣ እናኣሰረን እናቐተለን እዩ ስልጣኑ ከናውሕ ፀኒሑን ክሳብ ሕዚ'ውን ዘሎን። ካብኡ ዝተፈጥረ'ውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ናይ ዝሓለፉ ስርዓታት ብዝኸፈአ ኣብ ህዝብታት ቅርሕንትን ፅልእን ምጥምማትን ተፈጢሩ ይርከብ።

ቀፃሊ መረረት ናይ ህዝቢ፣ ቀፃሊ ተቓውሞታት ኣሎ። ግን ኣብ ፍትሕን ዴሞክራስያዊ ኣካይዳን ዝኣምን ስርዓት ስለ ዘይኮነ ተዓፊኑ መተንፈሲ የብሉን። በታ ዝበልናካ ተኣዚዝካ ኪድ፣ ዝበልናካ ሰሚዕኻ ኪድ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ሽግር ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናገደደ ከይዱ ኣብዚ ሕዚ ግዜ ክንርእዮ ከለና ዓቐኑ ስለ ዝሓለፎ ከቢድ ተቓውሞታት ኣሎ፡ ብፍላይ ኣብዚ 2008 ዓ/ም፡ ኣብ ትግራይ ንባዕሉ ኣብ መቐለ፣ ኣብ ማእኸል ትግራይ፣ ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ናይ በዓል ሽረ፣ ከምኡ'ውን ናይ በዓል ወልቃይት መዓት ፀቕጥታትን ማእሰርትን መቕተልትን እንዳሃለወ ነዚ ሓሊፉ ዝካየድ ተቓውሞ'ሎ። እዚ ብምልኡ ውፅኢት ናይቲ ዓቐኑ ዝሓለፎ ጭቆና፣ ፀረ ህዝብን ፀረ ዴሞክራስን ኣካይዳ ናይቲ ስርዓት እዩ። ስለዚ ምስ ገንፈሎ ምስ ጨነቖ ናብ ዝኸፈአ መልክዑ ይኸይድ ኣሎ።

ኣብ ክልል ኦሮምያ ካብ ወርሒ ሕዳር 1998 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ መዕለቢ ዘይተገብረሉ ናዕቢ ተላዒሉ ቀፃሊ ብፌደራል ፖሊስን ምክልኻል ሰራዊትን ናይ ኣማኢት ዜጋታት ህይወት እናበልዐ ይቕፅል ኣሎ። ኣብ ደቡብ፣ ኣብ ጋምቤላ፣ ኣብ ክልል ኣምሓራ ንባዕሉ፡ ኣብ ሞንጎ ብሄረሰብ ቅማንትን ኣምሓራን ዝተፈጥረ ሓያል ጎንፂ፡ እዚ ተደማሚሩ ናይ ወያነ ፀረ ዴሞክራሲ ባህሪ ዝፈጠሮ ዓመፅ እዩ። እቲ ህዝቢ ኣቤት ኢሉ ሰማዒ ምስ ሰኣነ፣ ፍትሒ ምስ ሰኣነ፣ ዝዳንዮ ምስ ሰኣነ ናብ ዓመፅ የምርሕ ኣሎ።

ስለዚ ብኣጠቓላሊ ናብ ኩነታት ናይታ ሃገር መፂኢኻ ኣብ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ናይ ህዝቢ እንተመፂእኻ፡ ብዘይፍርዲ ዝእሰር፣ ብጉቦን ኣድልዎን ዝእሰር፣ እ,,, ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዩ'ውን ቁልሕ ዝብሎ ስኢኑ ንዓመታት መሪር ስቓይ ዘሕልፍ ህዝቢ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ስለዚ እዚ ስርዓት ንጨና'ውን ትኹን ናይ ዴሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ባህሪ የብሉን፡ ካብ ቀደሙ'ውን ኣይነበሮን፡ ንቐፃሊ'ውን ክህልዎ እዩ ኢልካ ተስፋ ትገብረሉ ስርዓት ኣይኮነን።

***መፅሄት ብስራት፡- ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሃገርና ሓያል ተቓውሞ'ሎ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ፡ ቅድሚ ሕዚ ተቓውሞ ተራእዩ ኣይፈልጥን፡ ሎሚ ሎሚ ግን ብሰፊሑ እዩ ክረአ ጀሚሩ ዘሎ፡ ናይዚ መንቀሊ እንታይ እዩ? ቅድሚ ሕዚ ካብ ዝነበረ ኩነታት ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት ከካይድ ዘገድዶ ዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ? እንታይ ሓድሽ ነገር ስለ ዝተፈጥረ እዩ ትብል? ብተመሳሳሊ'ውን ምስ ናይ ወልቃይት ተታሓሒዙ ዝካየድ ተቓውሞን ዕግርግርን ኣሎ ናይዚኦም ጠንቂ ሽ እንታይ እዩ ትብል?***

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- መበገሲኡ እቲ ጭቆና፣ እቲ ምረት፣ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ተፃዒኑ ዘሎ ሕሰም እዩ። ስለዚ ትዕግስቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ድማ ትዕግስቲ ህዝቢ ትግራይ ተፀንቂቑ'ሎ። እቲ ዓፈና እቲ ወፅዓ እናበኣሰ ስለ ዝኸደ፡ ናይ ህዝቢ ትዕግስቲ ልዕሊ እዚ ክኸይድ ኣይኽእልን፡ ምኽንያቱ ከምቲ ትንክፍ ኣቢልናዮ ዝነበረና፡ ወያነ ክሳብ ሕዚ ብሓይሊ እዩ ኣብ ስልጣን ፀኒሑ፡ ህዝብና ክሳብ ሎሚ ብሓይሊ ተገዚኡ እዩ፡ ሕዚ ግን ህዝቢ

ናይ ስርዓት ለውጢ ደልዩ'ሎ፡ ህዝቢ ናይ ስልጣን ተጠቃሚ ክኸውን ደልዩ'ሎ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ነፃን ፍትሓውን ዝኾነ ስርዓት ደልዩ'ሎ።

ቅድሚ ሕዚ ኣብ ትግራይ ብዙሕ ኣይነበረን ኢልካኒ ብርግፅ ብቕሉዕ ኣይረአን ነይሩ፡ ስለ ዘይነበረ ግን ኣይኮነን፡ ብበዝሒ ናይ ፀፅታ ሓይሊ ብምውፋር፣ ሓደ ንሓሙሽተ ብዝብል ኣወዳድባ፣ ሓደ ገዛ ንዓሰርተ ገዛ ብዝብል ኣወዳድባ፣ ብናይ ፖሊስ፣ ብናይ ምልሻ፣ ብናይ ምክልኻል ሰራዊት ኣቢልካ ተዓፊኑ እዩ ፀኒሑ'ምበር እቲ ተቓውሞ ነይሩ እዩ።



ሎሚ ግን እቲ ተቓውሞ ኣብ ኩሉ እናበርተዐ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ እቲ ስርዓት ከም ቀደሙ ዓፊኑ ክዕፍኖ ኣይካኣለን ልዕሊ ዓቕሙ እናኾነ ስለ ዝኸደ እዩ ጎሊሑ ዝረአ ዘሎ፡ ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ለውጢ ይደሊ'ሎ፡ ክሳብ ሎሚ ብስም ህዝቢ ትግራይ ተነጊድሉ እዩ፡ ወያነ ብዝበልዖ ህዝቢ ትግራይ እዩ ክምረርን ክፅላእን ፀኒሑ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት፡ በዚ ዘይመረሮ ትግረዋይ የለን፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብስእነት ስራሕ ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ እዩ! እታ ዘላ ስራሕ'ውን ብጉቦ ብግበረለይ ክገብረልካ እያ ትዋሃብ፡ እቲ ዝዋሃብ ዘይብሉ ግን ፆሙ እዩ ዝሓድር ዘሎ፡ እቲ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ግን ረብሓ ናይ ውልቀ ሰባት ንምርግጋፅ ኣይኮነን ነይሩ።

ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ንኹሉ ትግረዋይ ማዕረ ከም ሃገር ከም ህዝቢ ብሓባር ተረባሒቲ ክንከውን፣ ተሓባቢርካ ናይታ ሃገር ኣልማዕቲ ክንከውን እዩ ነይሩ፡ እዚ ግን የለን እዚ ብዘይምህላዉ ብዘይጭበጡ ብተስፋታት መደባትን ኣስማትን እናውፃእኻ ለውጢ ዘይብሉ ኩነታት ምስ ረኣየ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ካኣ ህዝቢ ትግራይ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተቓውሞ እናልዓለ ንመሰሉ እናተቓለሰ እዩ ዝርከብ።

ከምቲ ዝገለፅኩልካ ኣብ መቐለ፣ ኣብ ብዘት፣ ዓዲ ግራት፣ ኣኽሱም፣ ዓድዋ፣ ሽረ ከምኡ'ውን ክሳብ ሕሞራ፡ ኣብ ሕሞራስ ልዕሊ 300 ዝኾኑ ወነንቲ ሞተር ሳይክል ተቓውሞ ዘልዓልሉ ኩነታት ነይሩ፡ ኣብ መቐለ ብተመሳሳሊ ወነንቲ ታክሲ ዘልዓልዎ ተቓውሞ ነይሩ፡ ስለዚ እንታይ እዩ መሰረታዊ መንቀሊኡ ናይቲ ስርዓት ፀረ ዴሞክራሲ ባህሪ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ስርዓት ለውጢ መሰረታዊ ጠለብ ህዝብታት ኢትዮጵያ እዩ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ክልል ኦሮምያ'ውን ከምቲ ንርእዮ ዘለና ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ዩኒቨርሲቲ፣ ኮሌጃት፣ ኣብ 1ይን 2ይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ እንዳኣተወ ነቲ ህዝቢ



ጨፍጪፍዎ እዩ። ኣብ ካልእ ቦታታት'ውን ብተመሳሳሊ ናይ ብሄር ሕቶ ይላዓል፣ ናይ መሰል ዓርሰ-ውሳነ ባዕልና ክንማሓደር ኣለና ዝብል ሕቶ ይላዓል፡ ኩሎም እዚኦም ግን መፍትሒኦም ኣፈሙዝ ብረት'ዩ ኮይኑ ፀኒሑ፡ እቲ ስርዓት ነቲ ህዝቢ እናጨፍጨፈ ክዕፍኖ ፀኒሑ፡ እቲ መሰረታዊ ግን ፅልኢት ናይ ምምሕዳር ወያነ እዩ፡ ባዕሉ ወያነ'ውን ዝኣምነሉ እዩ። ቅድሚ 25 ዓመታት ዘይኣመነሉ ወያነ ሕዚ ይኣምነሉ'ሎ፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ **"ናብ ካልእ ነወጣውጡሉ ምኽንያት የለን፡ መንቀሊ ናይዚ ሽግር ስእነት ሰናይ ምምሕዳርና ዝወለዶ እዩ፡"** ኢሎም ኣሚኖምሉ እዮም። እዚ ካኣ ብፀቕጢ ተቓውሞ ናይቲ ህዝቢ ዝመፀ እዩ።

*ካልእ እቲ ኣብ ሞንጎ ክልል ትግራይን ኣምሓራን ብሰንኪ ወልቃይት ተፈጢሩ ዘሎ ሽግር'ውን ፅልኢት ምምሕዳር ወያነ ዝፈጠሮ እዩ። ህዝቢ ወልቃይት ከባቢ ከማርፅ ስለ ዝደለየ ኣይኮነን፡ ሓደ ሽግር ኣለዎ ዓርሱ ብዓርሱ ክማሓደር ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ እዩ። ናይ መሬቱ ተጠቃሚ ኣይኮነን፣፡ ወልቃይት ናብ ትግራይ ስለ ዝመፀት ወይ ናብ ኣምሓራ ስለ ዝኸደት መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ። እቲ መሰረታዊ መፍትሒ ተጠቃምነት ህዝቢ ዘረጋግፅ፣ ማዕርነት ህዝቢ ዘኽብር ፍትሓዊ ስርዓት ምዝርጋሕ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ መቓብር ናይቲ ስርዓት እንተዘይኮይኑ ብመንገዲ ወያነ ተግባራዊ ክኸውን ኣይኽእል። ስለዚ ነዚ ስርዓት እዚ ኣወጊድካ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ኣብ ዝኾነ መሬት ዓዱ ኣማሪፁ ክነብር እንተዳኣ ኮይኑ፡ ሓድሽ ለውጢ ንምምፃእ እቲ ቃልሲ ተጀሚሩ ስለ ዘሎ ክቕፅል ክኽእል ኣለዎ።*

*እቲ ተቓውሞ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና እዩ ዘጋጥም ዘሎ፡ እቲ ዝኸፈአ ዝገብሮ ድማ እቲ ዝበዝሕ ሕቶ ናይ መንነት ናይ ብሄር ሕቶ ስለ ዝኾነ ሓደገኛ ሕቶ እዩ። ብጥንቃቐ ክታሓዝ እንተዘይክኢሉ ውዒላ ሓዲራ እታ ሃገር ከይትበታተን ኢኻ ትፈርሕ፡ ንዓይ ዘስጋኣኒ ጉዳይ እዚ እዩ። ብዝኾነ ግን እዚ ጉዳይ ድምርምር ኣቢልካ እቲ ሽግር ወያነ ዝፈጠሮ ኮይኑ፡ እቲ ህዝቢ ድማ ብኣንፃሩ ኣንፃር ወያነ እዩ ዝቃለስ ዘሎ፡ እዚ ድማ ነቲ ስርዓት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ደርብይዎ ኣሎ።*

*እቲ ስርዓት ካኣ ኣንፈት ናይዚ ተቓውሞ ንምቕያር ዘይፈጥሮ ምኽንያት የለን፡ ናይ ዴሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ሕቶ ሒዙ ተቓውሞ ዝወፀ ህዝቢ ኣሸበርቲ ዝፈጠርዎ እዩ ይብለካ፡ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ሓሳቡ ብመንገዲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣቢሉ ተቓውምኡ ክገልፅ መሰሉ እዩ፡ ነዚ ምስ ዓለም-ለኻዊ ሽበራታት ምስ ገለገለ ተቓወምቲ እናተሓሓዝካ ንዕዑ ዘይገልፅ ስም እናሃብካ ሕቶ ህዝቢ ክትዓብጥ፣ ድምፂ ህዝቢ ክትጭፍልቕ ምፍታን ግን፡ ናይ ሓደ ዴሞክራስያዊ እየ ዝብል ስርዓት መግለፂ ኣይኮነን።*

*ብኣጠቓላሊ ክንርእዮ ከለና ህዝቢ ክናጋዕ ተቓውሞ ከካይድ፣ ህዝቢ ንሕድሕዱ ክከፋፈል ዝገብሮ ዘሎ ባዕሉ ወያነ እዩ፡ ብኣንፃሩ ድማ ህዝቢ ጠንቂ ናይቲ ሽግር ወያነ ምዃኑ ፈሊጡ ኣንፃር ወያነ ይለዓል ኣሎ። መብዛሕትኦም ዝካየዱ ዘለዉ ተቓውሞታት እንተዳኣ ርኢኻዮም ንወያነ ዕላማ ዝገበሩ እዮም። መብዛሕትኡ እቲ ህዝቢ ካኣ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣረብሪብዎ ናብ ዓመፅ፣ ናብ ሓይሊ፣ ናብ ብረት እዩ ዘምርሕ ዘሎ። ፋስ ሒዞም፣ ብረት ሒዞም፣ ካልእ ሓፂን መፂን ሒዞም ኣንፃር ሰራዊት ወያነ ይዋግኡ ኣለዉ።*

*ኣብ ኦሮምያ፣ ኣብ ሶማል፣ ኣብ ኣምሓራ፣ ኣብ ትግራይ'ውን ከምኡ፡ ስለዚ ወያነ ክእለየሉ ናብ ዝኽእል መንገዲ የምርሕ ከም ዘሎ ሓደ ኣንፈት ንርእይ ኣለና። በየናይ መልክዕ በየናይ መንገዲ ንዝብል ግን ሓደ ናይ ባዕሉ መፍትሒ ክህልዎ እዩ፡ ድምር ኣቢልካ ውፅኢት ሕማቕ ምሕደራ ናይ ወያነ ምዃኑ ግን ክንርዳእ እዩ ዘለና። ብኣጠቓላሊ እታ ሃገር ከምቲ ወያነ ዝብሎ ብቑጠባ፣ ብማሕበራውን ፖለቲካውን ኩነታታ ዝተረጋግአት ሰላማዊት ሃገር ዘይኮነትስ፡ ዜጋታታ እናተናግፁ ናብ ዘይኮነ መንገዲ ዝኸዱላ፣ ፖለቲካዊ ርግኣት ዘይብላ ሃገር እያ ኮይና ዘላ።*

***መፅሄት ብስራት፦ ኣብ መዳይ ቁጠባ እንተመፂእና ኸ ቁጠባዊ ኩነታት ናይታ ሃገር ይኹን ናይቲ ህዝቢ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት እዩ ዘሎ ትብል?***

*ተጋ. መኮነን ተስፋይ፦ ቀዳማይ ነገር ኣብታ ሃገር ማዕረ ተጠቃምነትን ክፍፍልን ሃፍቲ ሃገር ዝበሃል ነገር የለን። ማዕረ ተጠቃምነት እንተሃልዩ ቁጠባኻ ዋላ ትሑት ይኹን በላዕን ራሓይን ስለ ዘይትኸውን ተመስገን ኢልካ ኢኻ ትሓድር። ማዕረ ተጠቃምነትን*

ክፍፍል ሃፍቲ ሃገርን እንተዘይሃልዩ ግን ክልተ ሕ/ሰብ እዩ ዝፍጠር፡ እቲ ውሑድ ልዕሊ ዓቐን ሃፍቲ ኣኻዕቢቱ ዝተመዓራረየ ህይወት ክመርሕ ከሎ፡ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ግን ናይቲ በላዒ ራኣዩ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ።

ስለዚ ኣብቲ ቁጠባዊ መዳይ ናይ ሃገርና መፂእና ሃፍታማት ውልቀ ሰባት ምስቲ ስርዓት ምቅርራብ ዘለዎም ወይ ጉቦ ዝሃቡ ወይ ሓሊፉ ዝተርፍ ገንዘብ ዘለዎም እንተዘይኮይኖም፡ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝሓመቐ ማሕበራዊ መነባብሮ እዩ ዘሕልፍ፡ ቁጠባ ናይታ ሃገር ዝተዳኸመ ስለ ዝኾነ ብኡ ልክዕ ናይቲ ህዝቢ ቁጠባዊ ዓቕሚ'ውን ዝደኸመ እዩ። ካብቲ በሊዑ ዝሓድር እቲ ከብዱ ዓፂፉ፣ ማይ ተዓንጊሉ ዝሓድር ህዝቢ ይበዝሕ፡ ዝብላዕ ስኢኑ ናብ ጎደና ዝወፅእ ንልመና ዝወፅእ ህዝቢ'ውን ውሑድ ኣይኮነን።

ጠንቂ ናይዚ ድማ ን25 ዓመታት እታ ሃገር ዝተኸተለቶ ፖሊሲ ቁጠባ'ዩ፡ ከም ውፅኢቱ ድማ እታ ሃገር ብቑጠባዊ መዳያ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ትኸይድ ኣላ፡ እዚ ካኣ ድምር ውፅኢት እቲ ስርዓት ክኽተሎ ዝፀንሐ ግጉይ መስመር'ዩ፡ ንሕና ከምኡ ኢልና ኢና ንግምግሞ። ካብ መጀመርያ ውድብና ክምስረት ከሎ'ውን ኩነታት ወያነ ተገምጊሙ እዩ እዚ ስርዓት እዚ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ጉዳያት ኣብ መዳይ ቁጠባ'ውን ለውጢ ከምፅእ ከም ዘይኽእል ስለ ዘረጋገፅና ኢና።

ብመሰረቱ'ውን ሓደ ፖለቲካዊ ነፃነት ዘየፍቅድ ስርዓት ንበይኑ ነፂሉ ቁጠባዊ ሓርነት ህዝብን ሃገርን ከረጋግፅ ኣይኽእልን። ስለዚ እቲ ስርዓት ፖለቲካዊ ነፃነት ስለ ዘየፍቅድ፡ ቁጠባዊ ሓርነት'ውን ሓኒቑ'ዩ ሒዝዎ ዘሎ።



**መፅሄት ብስራት፡- እቲ ህዝቢ ኣብ ናዕብን መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ተቓውሞን ከም ዘሎ፡ ቁጠባዊ ኩነታት ናይታ ሃገር'ውን ይዳኸም ከም ዘሎ ኢኻ ክትገልፀልና ፀኒሕኻ፡ ህልው ኩነታት ናይቲ ስርዓት ከ ከመይ ክንግምግሞ ንኽእል? እቲ ስርዓት ኣብ ከመይ ዝበለ ሃዋህው እዩ ዘሎ?**

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- መሰረታዊ ነገር ክንርእዮ ዘለና ሓደ ስርዓት ህልውንኡ ከረጋግፅ እንተዳኣ ኮይኑ ናይ ህዝቢ ተቐባልነት ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ፡ ህዝቢ ንህወሓት መጀመርያ እዚ ውድብ እዚ በቲ ዝብሎ ዘሎ እንተዳኣ ከይዱ ፍትሓዊ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ብንኸፍሎ መስዋእቲ ሰላምን ዴሞክራስን ክንረክብ ኢና ዝብል ስምዒትን ርድኢትን እዩ ነይርዎ፡ ነዚ ኣሚኑ'ውን ካብቲ ነቲ ቃልሲ ዘድሊ ስንቂ ጀሚሩ ክሳብ ህይወቱ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። እንተኾነ ግን ድሕሪ ኩነታት ስልጣን ምስ ጨበጠ ወያነ ካብ ህዝቢ እናተነፀለ እናተነፀለ እዩ መፅዩ፡ ንሱ ዝወለዶ እዩ ድማ ወያነ ብሓይሊ ኣደናጊርካን ዓሚፅካን ምንባር ዝብል ስልቲ ክኽተል ዝጀመረ፡ ከምዚ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ መረፃ ክትመፅእ ከላ በዝሒ ፖሊስ፣ በዝሒ ዕጡቓት፣ በዝሒ ስለያታት ኣዋፊሩ እዩ ነቲ ህዝቢ ዘፈራርሖን ዘደናግፆን። ንህወሓት እንተዘይመሪፅካ ክሳብ መንነትካ'ውን ክትሕደግ ኢኻ ዝብል ምፍርራሕ'ውን ነይሩ እዩ፡ ኣብ ካድረታት ወያነ ቀፃሊ ካብ ነቑጣ ክሳብ ቀበሌ እናወረዱ እዮም ከምኡ እናበሉ ዘፈራርሑ። እዚ ክንደየናይ ካብ ህዝቢ እናተነፀለ ዝኸደ ም኿ኑ ዘርእየና እዩ።

ዋላ ውሽጣዊ ኩነታቱ'ውን ዝተረጋገአ ኣይኮነን፡ ብዙሕ ነንባዕሉ ዘይምስምማዕ ኣለዎ ኣብዚ ናይ ህወሓት ዝነበረ ጉባኤ'ውን ተራእዩ እዩ፡ ህወሓት ጉባኤ ይገብር ድኽመታት ይላዓሉ ግን ኣይስተኻኸሉን፡ ፀረ ግዕዝይና ዝበሃል ትካል ኣለዎም እንተኾነ ግን እዚ ንባዕሉ ኣብቲ ግዕዝይና ዝኣተወ እዩ። ስለዚ ህወሓት ብኹሉ ነገሩ በስቢሱ ስለ ዝኾነ ስልጣን ንህዝቢ

ከረክብ ኣለዎ ዝብል ተቓውሞ ኣብ ውሽጡ'ውን ኣሎ፡ ብርኡይ ፈጢጡ ዝመፅእ ኩነታት ኣሎ። ቅድም ኢሉ ኣብ 1993 ዓ/ም ዘጋጠሞም ምግምማዕ'ውን መበገሲኡ እዚ እዩ፡ እቲ ስርዓት ካብ ቀደም ጀሚሩ ውሽጣዊ ሰላም የብሉን።

ቀደም እቲ ተጋዳላይ ክጋደል ከሎ ንደርግ ከውድቕ ከሎ ደመወዝ ኣይነበሮን ደመወዙ መፃኢ ብሩህ ተስፋ እዩ፡ እንተተሰዊአ ነቲ ዘሎ ሕ/ሰበይ፡ እንተልየ ካኣ ንባዕለይን ንሕ/ሰበይን ተጠቃሚ ክኸውን ዝብል ነገር እዩ። ግን እቲ ውልቃውነት ገዲዱ ገሊኡ ልዕሊ ዓቐን ይበልዕ፡ ገሊኡ ካኣ ንሽእተይ ዝበልዕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሞንጎ በላዕን ተፀባይን ዘሎ ኣፈላላይ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ዝወለዶ ኣብ ውሽጢ እቲ ስርዓት ቀፃሊ ዘይምስምማዕ ኣሎ ዋላ ኣብ ሰራዊት መፂእኻ ዝለዓሉ ተቓውሞታት ኣለዉ፥ ብዙሕ ብረት ብዙሕ ጥይት ክሽየጥ ኢኻ ትርኢ።

ብኣጠቓላሊ ውሽጣዊ ኩነታት ናይቲ ስርዓት እንዳሓመቐ እንዳተበላሸወ እቶም ዝተኣማመነሎም ካድረታት ከይተርፉ እዮም ዝቃወምዎን ዝጠልምዎን ዘለዉ፥ ህዝቢ'ውን ብውሽጥን ብደገን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኣንፃር እቲ ስርዓት እዩ ተላዒሉ ዘሎ፡ ኩሎም ናይ ሕ/ሰብና ተቓውሞታት ድማ ወያነ ይታኣለ ወያነ ይወገድ እዩ ሕቶኦም። እዚ እንታይ እዩ ዘርእየና ወያነ ካብ ሕ/ሰብ ኢትዮጵያ ተነፂሉ ንበይኑ እዩ ኣንጠልጢሉ ዘሎ ኣብ ቀልቀል ገደል፡ ንወያነ ዘይፀልእ ኢትዮጵያዊ የለን፣ ኣንፃር ወያነ ዘይሓሚ የለን፣ ኣንፃር ወያነ ዘይላዓል የለን፣ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ክመፅእ እንተዳኣ ኮይኑ ወያነ ኢህወዴግ ስልጣን ንህዝቢ ከረክብ ኣለዎ፣ ሕገ-መንግስቲ ናይ ወያነ ክቕየር ኣለዎ፣ ህዝቢ ክኣምነሉ ኣለዎ፣ ህዝቢ ክመያየጠሉ ኣለዎ፣ ብቓላት እናተደናገርና ለውጢ ኣብ ዘይብሉ ጎደና ክንጓዓዝ የብልናን፡ ዝብል ሕቶ ካብ ዓበይቲ ካድረታት ናይቲ ስርዓት ጀሚሩ ኣብ ምሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተላዒሉ'ሎ።

ስርዓት ወያነ ኣብዚ ሕዚ ግዜ እንትርኤ ከምቲ ናይ ቀደሙ ብሓይሊ ብፀቕጢ ኢሉ'ውን ብሚድያታት እናደናገረ ብሓይሊ ገንዘብ ናይ ህዝቢ ሕቶ እናጨፍለቕካ እንተዘይኮይኑ፡ ብህዝቢ ተቐባልነት ረኺቡ ወይ ብውሽጡ ስለ ዝደልደለ ኣይኮነን ክሳብ ሕዚ ፀኒሑ ዘሎ። ስለዚ ብህዝቢ ይኹን በቶም ዝኣምኖም ካድረታቱ ተቐባልነቱ ባይታ እናዘበጠ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ውድቀት ናይዚ ስርዓት ዝቐረበ ምኳኑ ዝተኣንፈተሉ ኩነታት ከም ዘሎ ኢና ክንርዳእ ዘለና።

***መፅሄት ብስራት፡- ውድብ ዴምህት ሓደ ካብ ዕላማታቱ ኣብ ሓድነትን ልእላውነት ሃገር ምስ ዝኣምኑ ውድባት ይኹኑ ውልቀ ሰባት ሓቢሩ ክሰርሕ ድልው ከም ዝኾነ ይገልፅ እዩ'ሞ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ዘለዎ ዝምድና እንታይ እዩ ዝመስል?***

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- ወያነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሕድሕዱ ከም ዝጠራጠር ከም ዘይቀራረብ እዩ ገይርዎ፡ ኣብቲ ሰላማዊ ይኹን ብረታዊ ቃልሲ ዘካይዳ ውድባት ፅኑዕ ርክብ ንኸይህልወን ንምግባር ብዙሕ ይፅዕር እዩ። ውድብና ግን ኣብዚ እንታይ እዩ ዝብል ተፈላሊኻ ዝመፅእ ለውጢ የለን፡ ኣፈላላይካ ብምፅባብ ተቐራሪብካ ብምፍታሕ፡ ኣብ ምንታይ ኢኻ ትፈላለ ኣብ ምንታይ ኢኻ ዘይትፈላለ ብኸመይ ኢና ኸ ንፈትሖ ንዝብል ነገር፡ ከም ሓደ እስትራቴጂ ሒዙ ሀ ኢሉ ዝተበገሰሉ ውድብና እዩ፡ ተሓባቢርካ ንምስራሕ ንሓድነትን ልእላውነትን ኢትዮጵያ መስዋእቲ ክንከፍል ኣለና። ዋላ ዝደኸመ ውድብ'ውን ይኹን ቀሪብካ እዩ እቲ ሽግር ክፍታሕ ዘለዎ፡ እቲ ዝነፈሰ'ውን ቀሪብካ እዩ ክረአ ዘለዎ ዝብል መርገፂ ውድብና እዩ፡ እዚ ካብቲ ላዕለዋይ ሓላፊ ክሳብ እቲ ዝተሓተ ኣባል ሓደ ዓይነት ርድኢት እዩ ዘለና።

ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኣብ 2000 ዓ/ም ዝተኻየደ ጥምረት ነይሩ ናይ 4ተ ውድባት ናይ ዴምህት፣ ኣርበኛ፣ ቤንሻንጉል፣ ደቡብ ማለት እዩ። እዚ ሓበራዊ ጥምረት ተገይሩ፡



ገምጋም ተገይሩ፡ ሓንቲ ሃገር'ያ ዘላትና፡ ሓደ ፀላኢ እዩ ዘለና፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ኢና ንነብር መልክዕና ቋንቋና ክፈላለይ ይኽእል እዩ ግን ደምና ኣታሓሳስባና ሓደ ኢና ኢሉ ውድብና እዩ ከም መርገፂ ወሲድዎ። ሕመቕ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ኣብ ከይዲ ክፍታሕ ይኽእል እዩ፡ ንሕና ናይ ባዕልና ኢና ንገብር፡ ንሃገርና እንታይ ኣበርኪትና እዩ ዘገድሰና፡ ስለዚ እዚ ጥምረት ንምምፃእ ውድብና ዝላዓለ ፃዕሪ ገይሩ እዩ።

እቲ ጥምረት በብእዋኑ እናተጠናኸረ'ዩ ከይዱ፡ ከምቲ ኣብ መጀመርያ ዝገለፅናዮ እቲ ጥምረት ብኣርባዕተ ውድባት ዝተጀመረ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ክሳብ ሸውዓተ ዝበፃሕናሉ ኩነታት እዩ ዘሎ፡ እዘን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይዳ ሸውዓተ ውድባት ኣብ ሓበራዊ ዝኾነ ዘሎ ኣፈላላየን ኣብ ምፅባብ፣ ዕላመአን ኣብ ምስጓም፣ ዕላመአን ንህዝቢ ኣብ ምልላይ፡ ውድብና ዘይተሓለለ ፃዕሪ ገይሩ እዩ፡ ከቢድ መስዋእቲ'ውን ከፊሉ እዩ፡ ክልተ ናይ ዓፋር ውድባት ኣለዉ፡ ጉንበት ሸውዓተ፣ ምንቅስቓ ንነፃነት ህዝቢ ጋምቤላ፣ ምንቅስቓስ ንነፃነት ህዝቢ ቤንሻንጉል፣ ግምባር ሓርበኛታት ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ይኹን ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓይልታት ኣምሓራ እዚኦም ናብ ሓደ ማኣዲ ንምምፃእ ክንደይ እንዳፃዓረ ፀኒሑ እዩ ኣብ ደገ ዘለዉ ከይተረፉ።

እዚ ካኣ ከቢድ ዋጋ ተኸፊልዎ እዩ ናይ ጉልበት፣ ናይ ንዋት፣ ክሳብ ናይ ሓባር መስዋእቲ ዝኸፈልናሉ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ጥምረት እዚ ናይ ውድብና ኣበርክቶ ዝላዓለ ከም ዝነበረ ኣይኮነን ፈታዊ ፀላኢ'ውን ዝምስክሮ እዩ፡ ውድባት'ውን ዝኣምንሉ እዩ። ንቐፃሊ'ውን ከምኡ ኢና ንኣምን ንሕና ተፈላሊኻ ዝመፅእ ለውጢ የለን፡ ስለዚ ወያነ ዝፈጠሮ ኣፈላላይ ተሓጋጊዝካ ተቐራሪብካ ኢኻ ትፈትሖ፡ ኣብ ህዝቢ ዘሎ ቅርሕንቲ ብቓልሲ ናይ ውፁዓት እዩ ናብ ንቡር ክምለስ ዝብል መርገፂ እዩ ዘለና።

ሓንቲ ኢትዮጵያ እንተዳኣ ክትህነፅ ኮይና ንሕና ከም ኢትዮጵያውያን ህዝቢ ይኹን ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ሓንቲ ክንሰምር ከም ዘለና ኢና ንኣምን፡ ካብቲ ኣብ ፕሮግራምናን ኣብ ቅዋምናን ሰፊሩ ዘሎ'ውን ስለ ዝኾነ እናሰራሕናሉን መስዋእቲ እናኸፈልናሉን መፂእና ኢና፡ ንቐፃሊ'ውን ኣብቲ ዘሰማምዓና እናተሰማማዕና ኣብቲ ዘየሰማምዓና ካኣ ኣብ ከይዲ ክንሰማማዕ ከም ዘለና፡ እንታይ እዩ ዘፈላልየና እናተመያየጥና ክንከደሉ ንኽእል፡ እታ ዝሓመቐት ትበሃል ውድብ'ውን ከምኡ፡ እቶም ኣፈላላይ ፈጢሮም ዝበሃሉ ውድባት'ውን ከይተረፈ፡ ማለት እቶም ናይ ምንፃል ሕቶ ዘልዕሉ ውድባት ኣብ ክንዲ ምርሓቕ እንታይ እዩ ፀገምኩም ኢልና ምቕራብ፡ ኣይፋልኩምን ንዑ እተዉ እዛ ሃገር ክትበታተን የብላን፡ እንተዳኣ ፍትሓዊ መንግስቲ ረኺቡ፡ ክምቀል ወይ ክንፀል ዝደሊ ኢትዮጵያዊ የለን። ብርግፀኝነት ናይ ውድብና መርገፂ እዚ እዩ። ኣብ ምንፃል'ውን ኣይንኣምንን፡ ስለዚ ንሓድነት ኢትዮጵያ ብዓቕምና እናሰራሕና ፀኒሕና ኣለና፡ ብሕዚ'ውን ክንሰርሓሉ ኢና።

**መፅሄት ብስራት፡- ኣብ መጀመርያ ዕላልና ከም ዝገለፅካልና ውድብ ዴምህት ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ብፀላኢ ይኹን፡ ብሓደ ሓደ ናይ ቃልሲ ኣድሓርሓርቲ ንዘጋጥምዎ ዕንቅፋታት እንዳኣለየ መፂኡ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ንዘጋጠሞ ክድዓት ኣቦ-ወምበር'ውን**

**ከም ኣመፃፅእኡ ፈቲሕዎ ኣብ ፅቡቕ መድረኽ እዩ ዘሎ። ካብዚ ንዳሓር ከ ጉዕዞ ውድብ ዴምህት ናበይ እዩ ኣንፈቱ ትብል?**

ተጋ. መኮነን ተስፋይ፡- እወ ሕዚ እቲ እንዳጋጠመና ዝመፀ እናገለፅናዮ እንዲና መፂና፡ ብልክዕ ኩሉ ግዜ መድረኽ ከጋጥም ባህርያዊ እዩ። ከምዚ ናይ ተፈጥሮ ፀሓይ እንተበሪቓ ምዕራባ ስለ ዘይተርፍ፡ ወይ ሓጋይ እንተመፅዩ ክረምቲ ምእታዉ ስለ ዘይተርፍ ህይወት ውድብና'ውን ከምኡ ገይርና ንውሰዶ። ሓደ ቃልሲ እንተዳኣ ተጀሚሩ እቲ ሕቶ ናይ ዴሞክራሲ ሕቶ፣ ናይ ሰላም ሕቶ፣ ናይ መሰል ሕቶ ስለ ዝኾነ ናይ ግድን ኣብ መፈፀምትኡ ክበፅሕ እዩ። ብዝኾነ ይኹን ተኣምር ነዚ ከይዲ እዚ ክዓግት ዝኽእል ሓይሊ የለን። እዚ ንኽትገብር ግን ናይ ባዕሉ ዝሓቶም ዋጋታት ኣለዉ. መስዋእቲ'ሎ፣ ስንክልና'ሎ፣ ውፃእ ውረድ'ሎ፡ ኣብ ውሽጥኻ'ውን ሓደ ሓደ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ክፍጠሩ ባህርያዊ ገይርና ንውሰዶ፡ ስለዚ ውድብና ተደጋገምቲ ዕንቅፋታት እናጋጠምዎ ከም ዝመፁ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡ ካብዚ መድረኽ እዚ ግን እናተሳሓለ እናሓየለ እዩ መፅዩ።



እቲ ንገጥሞ ዘለና ፀላኢ'ውን ባዕልና ዘዕበናዮ፣ ባዕልና ስልጣን ዝሃብናዮ እዩ፡ ስለዚ እዚ ስርዓት እዚ ብህዝቢ እዩ ደይቡ ሕዚ'ውን ብናይ ህዝቢ ቃልሲ እዩ ክወርድ፡ ምናልባት ሓደ ሓደ ዘይረብሑ ፈተውቲ ነብሶም ጠላማትን ኣድሓርሓርትን እናጋጠሙና መፂኦም እዮም። በዚን ከምዝን ግን ክንደናገር እዩ ዘይብልና፡ ዝያዳ ክንሳሓል፣ ዝያዳ ክንበልሕ፣ ዝያዳ ሓላፍነት ክንስከም፣ ዝያዳ ኣነ እንታይ ይፅበየኒ ዝብል ነገር እዩ ኩሉ ተጋዳላይ ክሓስበሉ ዘለዎ፡ እምነትና ኣብ ምንታይ እዩ ክኸውን ዘለዎ...?

ኣብቲ ዕላማ፣ ኣብቲ ፕሮግራም፣ ኣብቲ ቅኑዕ መስመር እዩ ክኸውን ዘለዎ፡ ውልቀ ሰብ ሎሚ እንተሃለወ ፅባሕ ዘይክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ዕላማን ፕሮግራምን ናይቲ ውድብ ግን ዝቕየርን ዝልወጥን ክኸውን ኣይኽእልን እዩ። እዚ ኢና ክንርእዮ ዘለና፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ሓደ ሓደ ኣድሓርሓርቲ ክድዓት ስለ ዘጋጠመና ክንደይ ፕሮፖጋንዳ ተዘሪቡ እዩ፡ እዚ ግን ተሓሊፉ ተሰጊሩ ኣብቂዑ እዩ፡ ሞላ ውሑዳት ሰባት ኣደናጊሩ ቃልሲ ህዝቢ ረጊፁ ናብ ወያነ ስለ ዝኣተወ፡ ወያነ ዴሞክራሲ ፈጢሩ ማለት ኣይኮነን፡ እታ ወፅዓ፣ እታ ጭቆና፣ እታ ድኽነት ኣብኣ ኣላ።

ምናልባት እቲ ቃልሲ ዓርቢ ክውዳእ ዝነበሮ ናብ ቀዳመ ሰንበት ክሰጋገር ይኽእል ይኸውን፡ ዘይሩ ዘይሩ ግን እቲ ህዝቢ ፍትሒ፣ ሰላም፣ ዴሞክራሲ፣ ሰናይ ምምሕዳር ይናፍቕ ስለ ዘሎ፡ እዚ ክሳብ ዘይተመለሰ እቲ ቃልሲ ክቋረፅ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ውድብና ፀገማት ዋላ የጋጥምዎ ገምጊሙ ርእዩ እናሰገሮም መፂኡ እዩ። ካብዚ ንዳሓር ንዘጋጥሙ ፀገማት'ውን ብተመሳሳሊ ክሰግሮም ከም ዝኾነ ኢና ንኣምን፡ ስለዚ ጉዕዞ ናይ ዴ.ም.ህ.ት ዝመፅእ ብሩህ ተስፋ እዩ፡ ግን ካኣ ዘዛኒ ኣይኮነን፡ እቲ ጉባኤ ዘቐምጦም ኣሰራርሓታት ይኹኑ ዝተወሰኑ ውሳነታት ግብራዊ ኣብ ምግባር ተሓጋጊዝካ ተወፊኻ ኣብ ምስራሕ ግዜ ዘይወሃቦ ጉዳይ እዩ።

እዚ ብተደጋጋሚ ንዘጋጥምዎ መድረኻት እናሰገረ ዝመፀ ውድብ ቅድሚ ሕዚ ዘይወደቐ ድሕሪ ሕዚ ክወድቕ እዩ ክተርፍ እዩ ኢልካ ዝእመት ነገር ኣይኮነን ክሕለም'ውን የብሉን። እዚ ውድብ እዚ ሽግራት እንታይ እዮም ዘምህር እምበር፡ ብሽግራት ዝምብርከኽ ውድብ ኣይኮነን፡ ድሕሪ ሕዚ ዝመፁ ሽግራት'ውን ዝቕለሉ እምበር ዝኸበዱ ክኾኑ ኣይኽእሉን እዮም። ኩሉ እቲ ተጋዳላይ ኣብ መስርሕ ናይቲ ቃልሲ ዝተሳሕለ እዩ። ስለዚ

ኣብ ጉዕዞ ናይዚ ውድብ ዝሐሸን ብሩህን ንፁርን መፃኢ ከም ዘሎ እዩ ንዓይ ዝራኣየኒ፡ ወያነ'ውን ካብ ህዝቢ እንዳተነፀለ ውድቀቱ እናተቓረበ እንዳንቀልቀለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ስለዚ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ለውጢ ብምዕቃብ እቲ ሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ፡ ህዝቢ'ውን እቲ ጀሚርዎ ዘሎ ተቓውሞ ብውሽጥን ብደገን፣ ብዓድን ብበረኻን ኣጠናኺርና ክንቅፅለሉ እዩ ዘለና፡ እቲ ለውጢ ድማ ኣብ ቅድሜና እዩ ዘሎ። እንተ ብዛዕባ ውድብና ግን ፈታዊ ይኹን ፀላኢ ክፈልጦ ዘለዎ ዴምህት ንድሕሪት ክምለሰሉ ኣብ ዘይኽእል ባይታ በፂሑ እዩ፡ እቲ ሕቶ ዓወት ይሓፀር ዶ ይነውሕ ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ እምበር፡ ብዛዕባ ቀፃልነትን ህላወን ናይዚ ቃልሲ ናብ ድርድር ዝቐርብ ከም ዘይኮነ እየ ከረጋግፀልካ ዝኽእል።



**መፅሄት ብስራት፡- ሕራይ ተጋዳላይ መኮንን ተስፋይ ውድብ ዴምህት 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ምክያድ እዩ ዘሎ፡ በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ኣመልኪትካ እንታይ መልእኽቲ ክተሕልፍ ትደሊ?**

ተጋ. መኮንን ተስፋይ፡- ፅቡቕ መጀመርያ ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ሒዝዎ ዝተበገሰ ዕላማ ንፁር፣ ፍትሓውን እዋናውን እዩ። ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ሽግር ክፍታሕ እንተዳኣ ኮይኑ ኣብ ጎኒ ዴ.ም.ህ.ት ተሰሊፍካ ተሪርካ ምቅላስ ወሳኒ ነጥቢ እዩ። እዚ ውድብ እዚ ካኣ መስዋእቲ እናኸፈለ እዩ መፅዩ ሕዚ'ውን ንናፅነት፣ ንሰላም፣ ንዴሞክራስን ንፍትሕን ምእንተ ህዝብን ሃገርን መስዋእቲ ኣብ ምኽፋል ድሕር ዝብለሉ ነገር የለን፡ ብመስዋእቱ ካኣ ሰላምን ዴሞክራስን ከረጋግፅ ምዃኑ ዘጠራጥር ነገር ኣይኮነን፡ ስለዚ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎኒ ውድቡ ንፍትሕን ንሰላምን ክቃለስ ኣለዎ፡ ጀሚርዎ ዘሎ ቃልሲ ከጠናኽሮ ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ኣለኒ።

ብፍላይ ካኣ መንእሰይ ወለዶ ሰጢሙ ክቃለስ እዩ ዘለዎ፡ ብዙሕ ነገር ትርኢ ኢኻ መናእሰይ ናብ ስደት ከምርሑ ንዝተፈላለየ ሓደጋታት ይቃልዑ፣ ይሕረዱ፣ ኮላሊቶም ይምዘዙ፣ ወታደራት ኮይኖም ኣብ ዘይምልከቶም ጉዳይ ሶማልያ ኣትዮም ህይወቶም ክስእኑ ትርኢ፡ ስለዚ ኣብ ክንዲ ነቲ ፀረ ህዝቢ ስርዓት መገልገልቲ ኮይንና ፅባሕ ንጉሆ ናይ ታሪኽ ተሓተትቲ ንኸውን፡ ህዝቢ ናይ ስልጣን ተጠቃሚ ንክኸውን ምስ ዴሞክራስያውያን ውድባት ተሰሊፉ ክቃለስ ኣለዎ። ስደት መፍትሒ ሽግር ኣይኮነን እዚ ንመንእሰይ ኢትዮጵያ ከማሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ እዩ።

ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ድማ ንስለ ውድቡ ንምጥባቕ ለይትን ቀትርን እናተቓለሰ መፅዩን ኣሎን፡ ሕዚ'ውን ይፅናሓለይ ይሕደረለይ ዝበሃል ጉዳይ ዘይምዃኑ ነዚ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ብዓወት ዛዚምና፡ ድሕሪ ጉባኤ ዘሎ ኩነታት ካኣ ነቲ ኣብ ሽግር ዘሎ ህዝብና ሓራ ንምውፃእ ኩሉ ዕላማታት ውድብና ንምዕዋት ክረባረብ ከም ዘለዎ እየ መልእኽተይ ዘማሓላልፍ፡ ብኣጠቓላሊ ግን ኩሉ ኣባልናን ሓፋሽ ህዝቢ ኢትዮጵያን ውድብና ኣብ ዘተኣማምን ኣብ ዝሐሸ ኩነታት ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኩነታት የለን፡ ብናይ ፀላኢ ፕሮፖጋንዳ፣ ብናይ ፀላኢ በለካ ለኸዓካ፣ ብናይ ፀላኢ ወረ ዝደናገር ህዝቢ ክህሉ የብሉን።

ወያነ ዝኾነ ንዕዑ ዝቃወም ተቓላሲ ውድብ ክህሉ ባህርያቱ ስለ ዘየፍቅደሉ፡ ኣይኮነን ብዕጥቃዊ ቃልሲ ብፖለቲካዊ ቃልሲ'ውን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት እንታይ ከም ዝመስል ህዝቢ ኢትዮጵያ ባዕሉ ስለ ዝፈልጦ፡ ጠንኪርና ሓይልና ኣብ ጎኒ ውድብና ኮይንና ኢና ክንቃለስ ዘለና፡ ዘሰክፍ ነገር ከም ዘይብልና ግን ከረጋግፀልካ ይደሊ። ኣብ 2ይ ውድባዊ

ጉባኤና ዝነበሩና ዕንቅፋታት ኣሊና ብዓወት ክንወፅእ ኢና። እዚ ናይ 2009 ካኣ ብሩህ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ክኾነልና እየ ዝምነ የቕንየለይ።

**መፅሄት ብስራት፡- ሕራይ ሳዕለዋይ መሪሕነት ዴምህት ተጋዳላይ መኮንን ተስፋይ ንዝቕረብናልካ ሕቶታት ስለ ዝመለስካልና ኣዚና ነመስግን፡ 2ይ ውድባዊ ጉባኤና ድማ ዕዉትን ስሉጥን ክኾነልና መፅሄት ብስራት ሰናይ ትምኒታ ትገልፅ ክብረት ይሃበልና።**

## ፖለቲካዊ ንጥፈታት

ውድብ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ /ዴ.ም.ህ.ት ካብታ ዝተመስረተላ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ፡ መቃለሲ ዕላምኡ ንምልላይን ዝጀመሮ ህዝባዊ ቃልሲ ሰዓብቲ ረኺቡ ናብ ዓወት ክበፅሕ ንምግባርን ዓሊሙ ሰፋሕቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ክገብር ፀኒሑ'ዩ። እቶም ክሳብ ሎሚ ዝዓመሞም ፖለቲካዊ ንጥፈታት ቅድሚ ናብ ዝርዝር ምእታውና ፖለቲካዊ ንጥፈታት ውድብና ንምዕዋት ኣብ ዝተገብረ ምርብራብ ኩሎም ክፍልታትና በብዝምልከቶም መዳይ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ውድብና ዝላዓለ ኣስተዋፅኦ ነይርዎም እዩ።

ስለዚ በዞም ኩሎም መስመራት ኣቢሉ ብዘካየዶ ምርብራብ ተፈላጥነት ናይቲ ውድብ ክዓዝዝን፡ ኣብ ልዕሊ ውድብና ግጉይ ኣረዳድኣ ዝነበሮም ውሑዳት ኣካላት ኣታሓሳስበኦም ኣሪሞም ምስ ውድብና ክተሓጋገዙን ንሓበራዊ ረብሓ ሓቢሮም ክሰርሑን ኣብ ምግባር ቀሊል ዘይበሃል ፖለቲካዊ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።

ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ሃገርና ዘሎ ፀረ ህዝቢ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን እናብፅሖም ዝፀንሑን ዘለዉን ግፍዕታት ንምቅላዕን ንምቅላስን፣ ዝፍፅሞም ገበናት




ማሕበረሰብ ዓለም ክፈልጦምን ዓገብ ክብልን ንምግባር ብሬድዮ፣ ብቴሌቪዥን መብፀዓ ለካቲት፣ ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራትን www.demhitonline.com ዝተሰምየ መርበብ ሓበሬታን ምስ ህዝቡ ይኹን ምስ ዓለም ከም መራኸቢ መስመራት ተጠቒሙ፡ ኣብ ዝገበሮ ቃልሲ ዘተባብዕ ስራሕ ዓሚሙ እዩ። ዝተጠቕመሎም ኣፈፃፅማታት ድማ ብመልክዕ ነዊሕ ፅሑፍ፣ ሓተታ፣ መግለፂ፣ ቀዋም፣፡ ቃለ-መሕተት፣ ብመልክዕ ቪድዮ ዝተሰርሑ ፍሉያት መደባት፣ ብቐንዱ ድማ ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራት ልዕሊ 23 ሕታማት ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝተፈላለየ ዓንድታት ሒዛ ክትወፅእ ብምግባር፡ ኣብ እዋኑን ኣብ ሰዓቱን ናብ ህዝቢ ክበፅሑ ኣብ ምግባር ነዊሕ ርሕቐት ተጓዒዙ እዩ። ካብቶም ዓበይቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡-



- ኣብ ቤልጂም ናይ ሌበር ፓርቲ ኣባል ምስ ዝኾነ ጋዜጠኛ መሓመድ ሓሰን፣ ናይ ግንቦት ሸውዓተ ዋና ፀሓፊ ኣቶ ኣንዳርጋቸው ፅጌ፣ ብፁእ ኣቡነ-መንቀርዮስ፣ ጋዜጠኛ ቴሌቪዥን ኢሳት መሳይ መኮንን፣ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናይ ዘካይዳ ተቓወምቲ ውድባትን ብርክት

ዝበሉ ዓበይትን ፀለውትን ሰባት ኣብ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ዘካየዱ ርክብ።

➢ በብእዋኑ ንስርዓት ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ እናተቓወሙ ናብ ቃልሲ ዝሰለፉ ስቢላትን ወታደራት ናይቲ ስርዓትን፣ ብደረጃ ኣማሓደርቲ ኮይኖም ነቲ ስርዓት ዘገልግሉ ዝነበሩን'ውን ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ኣመልኪቱ ቃለ-መሕተት ብምግባር ህዝብና ኩነታት ሃገሩን ኣካይዳ ናይቲ ስርዓትን ክፈልጥ ገይሩ እዩ።

ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ፀለውቲ ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ፖለቲከኛታትን ብምትሕብባር ንውሽጣዊ ኩነታት ውድብናን እንታይነት ነካይዶ ዘለና ቃልስን ዘላልዩ ሰፊሕ ፖለቲካዊ መልእኽቲ ዝሓዘሉ ዶክመንታሪ ፊልምታት ሰሪሑን ፖለቲካዊ ሓሳባት ተለዋዊጡን እዩ።

➢ ጋዜጠኛ መሓመድ ሓሰን ንሸሞንተ መዓልታት ዝኣክል ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ታሪኽ ዓለምን ኣመልኪቱ ንኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ፅሕፈት ዴ.ም.ህ.ት ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ክህብ ተገይሩ።

➢ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ኩለን ግምባራት ንዘሎ ሰራዊት ዴምህት ዑደት ኣካይዱ ሰፊሕ ዝኾነ ዶክመንታሪ ፊልም ሰሪሑ ናብ ቦትኡ ምስ ተመልሰ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ዘለዉ ውድባት ኣብ ባይታ እቲ ዝጠንከረ ውድብ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ ከም ዝኾነ ምስ ቴሌቪዥን ኢሳት ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት ቃለ ምስክርነቱ ሂቡ እዩ።



➢ ጋዜጠኛ ቴሌቪዥን ኢሳት መሳይ መኮነን ናብ ውድብና መፂኡ ንመዓልታት ዝወሰደ ሰፊሕ ዑደት ብምክያድ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ዶክመንታሪ ፊልም ሰሪሑ ኣብ ደገ ንዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ክርእይዎ እውን ተገይሩ። ብዛዕባ ሓይልን ብርተዐን ውድብና'ውን ምስክርነቱ ሂቡ እዩ። ምርኣይ ምእማን ስለ ዝኾነ ንዴምህት ከይድኩም ራኣይዎ'ውን ኢሉ እዩ። እዚ ድማ ሓይልን ብርተዐን ውድብ ዴምህት ብገለልተኛ ወገናት ዝተመስከረሉ ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዝፈጠሮ ስንባደ ቀሊል ነገር ኣይነበረን፡ እዚ ካኣ ካብ ውፅኢት ፖለቲካዊ ንጥፈታት ውድብና ሓደ እዩ።

➢ ጋዜጠኛ መሓመድ ሓሰንን መሳይ መኮነንን ኣብ ሰራዊት ውሽጢ ኣትዮም ዝሰርሕዎም ዶክመንታሪ ፊልምታት ድማ ብናይ ውድብና ናይ ፎቶን ቪድዮን ክኢላታትን ኤዲተራትን ብፅፈት ተሰሪሖም፡ ንሕድሕዶም ክሳብ ናይ ሰለስተ ሰዓታት ዝኸውን ንውሓት ግዜ ዘለዎም ፊልምታት ሒዞም ከይዶም እዮም። እዞም ቪድዮታት እዚኦም ድማ ውድብና ምስ ናይ ደገ ሕ/ሰብ ካብ ዘራኽብዎ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታትና እዮም።



➢ ብፁእ ኣቡነ መርቆርዮስ ኣብ ቤት ፅሕፈት ክፍሊ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ተረኺቦም ኣብ ዝገበርዎ ቃለ-መሕተት እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት ንኹለን ሃይማኖታትን ሰዓብተንን ዘየኽብር ፀረ ሃይማኖታት ምዃኑ ብምግላፅ፡ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ተሓባቢሮም ነቲ ስርዓት ክኣልይዎ ተማሕፂኖም፡ ናይዚኦም ናብ ውድብና ምምፃእ'ውን ዓርሱ ዝኻኣለ ፖለቲካዊ ሓይሊ እዩ።



➢ ዋና ፀሓፊ ግንቦት ሸውዓተ ኣቶ ኣንዳርጋቸው ፅጌ'ውን ብወገኑ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ሃገራዊ ውድብ ዳኣ'ምበር ፀቢብ ብሄራዊ ውድብ ከም ዘይኮነ ኣሚኑ፡ ውድቡ ምስ ውድብና ዘለዎ ኣጋርነት ንምርግጋፅን ብዓቕሙ ንምሕጋዝን ንኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ፅሕፈት ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ኣህጉርናን ኣመልኪቱ ሰፊሕ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ክህብ ምኽኣሉ'ውን ውፅኢት ዕውት ፖለቲካዊ ንጥፈታትና እዩ።

➢ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ክሳብ ክንደይ ተፈላጥነቱ እናዓዘዘ ይኸይድ ከም ዘሎን፡ ብካልኦት ሓይልታት ክሳብ ክንደይ ተደላይ ከም ዝኾነን ዘመስከረልና ድማ፡ ካብ ደገ ዝመፁ ማርየን ኤልሳን ዝተብሃሉ ወፃእተኛታት ምስ ላዕለዎት መራሕቲ ናይቲ ውድብ ርክብ ከካይዱ ምኽኣሎም እዩ። እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከርና ኣትዮም ብዛዕባ ዴምህት ግንዛበ ወሲዶም እዮም። እዚ ካኣ ውድብና ዴምህት ዘካይዶ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሰዓብትን ፈተውትን ይረክብ ከም ዘሎ ዘረጋገፀ ፍፃመ እዩ።



ስለዚ እቶም ነቲ ቃልሲ ክነበረታትዕ ኢና ወይ ነቲ ቃልሲ ክንርእዮ ኢና ዝበሉ በብእዋኑ መፂኦም ነቲ ውድብ ይርእይዎ እዮም። ኢትዮጵያውያን ጥራይ ዘይኮኑስ ወፃእተኛታት'ውን ናብ ውድብና መፂኦም ኩነታትና ብኣካል ኣረጋጊፆም እዮም። ክሳብ ሕዚ ድማ ንውድብና ብኣወንታዊ መዳይ እንተዘይኮይኑ ብሕማቕ ገሊፀሞ ኣይፈልጡን። እዚ ድማ ኣመፃፅኣ ናይቲ ውድብ፡ ወይ ካኣ እቲ ሰረት ናይቲ ውድብ'ዩ፡ እቲ ዕላማ፣ እቲ ፕሮግራም፣ እቲ መትከል፣ ቅኑዕ ስለ ዝኾነ ብሕማቕ ዝጥምተና የለን፡ እዚ ኣታሓሳስባ ንኽመፅእ ግን ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ሓያል ፖለቲካዊ መስዋእቲ ከፊልሉ እዩ።



ውድብና ዴምህት መቃለሲ ዕላማታቱን ውሽጣዊ ምዕባለታቱን ዝገልፁ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝበፅሑ ዘለዉ በደላትን ግፍዕታትን ዘቃልዑ፣ ኣብ ትሕቲ ኢህወዴግ ዝጭፍጨፍ ዘሎ ህዝብና ክሳዱ ኣቕኒዑ መፍትሒ ፀገማቱ ዝኾኑ መማረፅታት ንኽናዲ ኣንፈት ዝመርሑ፣ ልዕሊ 13 ካሴት የሕቲሙ'ውን ናብ ህዝቢ ዘርጊሑ እዩ፡ ጎኒ ጎኒ እዚ ድማ ብሓፋሽ ማሕበርን ብፈተውትን ደገፍትን ቃልስናን'ውን መን'ዩ ጊላኽን ሃምበለይን ዝብላ ክልተ ካሴት ክስርሓ ገይሩ እዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ብመንገዲ ክፍሊ ባህልታት ኣቢሉ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ድራማታትን ኮሜዲታትን ክስርሑ ብምግባር'ውን ብመንገዲ ሬድዮ፡ ቴሌቪዥንን መርበብ ሓበሬታን ናብ ህዝቢ ክበፅሑ ብምግባር፡ ፀረ ህዝቢ ተግባራት ናይቲ ስርዓት ኣብ ምቅላዕ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ሰሪሑ'ሎ።



ካብ ትሕቲ ቁፅፅር ናይቲ ስርዓት ወፃኢ ንዘለዉ ኢትዮጵያውያን ኣብ ትሕቲ ሓፋሽ ማሕበር ውድብና ኣባላት ኮይኖም ክሕቆፉን፡ ብዓቕሞም ነቲ ውድብ ክሕግዙን'ውን ገይሩ እዩ። ንኣብነት ባህሊ ሓፋሽ ማሕበር /ባህሊ ፅንዓት/ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈት ውድብና ዝተፃወተቶ ተራ ልዑል እዩ ነይሩ።

ብዘይካ እዚ ውድብና ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ /ዴ.ም.ህ.ት/ ብፀረ ህዝቢ ተግባራት ናይቲ ስርዓት ኣብ ዓዶም ብሰላም ክነብሩ ዘይካኣሉ በብእዋኑ ናብ ቃልሲ ንዝኣትዉ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ሃገርና፡ ፕሮግራም፣ ቅዋምን ሕግን ናይቲ ውድብ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን በደልን ብዕምቆት ፈሊጦም ፖለቲካዊ ኣታሓሳስበኦም ክዓቢ ብምግባር፡ ምእንተ ህዝቦምን ሃገሮምን ወነ ሒዝዎም ክቃለሱ ኣብ ምግባር ሰፋሕቲ ፖለቲካዊ ስራሕቲ እናሰረሐ መፂኡን ኣሎን።

ካልእ ውድብና ረብሓታት ሓበራዊ ቃልሲ ብምርዳእ'ውን ምስ ከምኡ ዝበሉ ኣንፃር ስርዓት ወያነ ዝቃለሱ ተቓወምቲ ውድባት ዘለዎ ዝምድና ናብ ደረጃ ጥምረት ንምምፃእ ጠንኪሩ ተንቀሳቒሱ እዩ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ርእሲ ክንርእዮ ኢና።

## ሓበራዊ ቅልፅም ንዘይተርፍ ለውጢ

ሃገርና ኢትዮጵያ ዋላ እኳ ብሃፍቲ ተፈጥሮ ዝበልፀገት፣ ብኣቃማምጣ ገፀ ምድሪ ተበሃጊትን ን'ኽትነብረላ ምችውትን እንተኾነት፡ ህዝባ ግን ክሳብ ሎሚ ፀጊቡ ይኹን ሰላም ረኺቡ ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ክሳብ ሎሚ ኣብ ስልጣን ክበራረዩ ዝፀንሑ ስርዓታት ምስ ህዝብን ሃገርን ክሰማማዕ ዝኽእል ስርዓተ ዴሞክራሲ ኣይሃነፁን።

ብሰንኪ እዚ ካዓ ህዝብና ህዝቢ ኢትዮጵያ ወትሩ ኣብ ቃልሲ እኳ እንተሃለወ ክሳብ ሎሚ ግን ሓቀኛ ዴሞክራሲ፣ ቅኑዕ ስርዓትን ፍትሕን ክረክብ ኣይካኣለን። እዛ ሃገር ግዳይ ተበለፅትን ዓመፀኛታትን ኮይና እያ ፀኒሓ። ናይዚ ህዝቢ ቃልሲ'ውን እንተኾነ ክሳብ ሎሚ ምዕራፍ ኣይረኸበን።



እዚ ሕዚ ብሓይሊ ብረት ድምፂ ህዝቢ ዓፊኑ ኣንፃሩ ንዝላዓሉ ተቓውሞታት ጨፍሊቑ ኣብ ስልጣን ዝቕፅል ዘሎ ዓመፀኛ ስርዓት ድማ፡ ካብ ጥንሱ ጀሚሩ ሓብሒቡ ዘዕበዮን ክሳብ እቲ ሕዚ ዘለዎ ደረጃ ዘብፀሖን ህዝቢ ትግራይ እዩ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ንህወሓት ከመይ ጌሩ ከም ዝሃነፆ ስለ ዝፈልጥ፡ ኣብ ምእላዩ'ውን ብዙሕ ዘፀግመሉ ኣይኮነን። እቲ ስርዓት'ውን ህዝቢ ትግራይ ቃልሲ እንተጀሚሩ እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ።

ስለ ዝኾነ ድማ ስርዓት ህወሓት ማለሊት ምምስራት ዉድብና ዴ.ም.ህ.ት ኣዕርዩ እዩ ኣሰንቢድዎ፡ እቲ መድረኽ ድማ ንክልቲኡ ዉድብ ንህወሓት ይኹን ንዴ.ም.ህ.ት ናይ ሞትን ሕዉየትን መድረኽ ክኸዉን ባህርያዊ እዩ ነይሩ። ካብዚ ዝተበገሰ ድማ ዴ.ም.ህ.ት ካብታ ዝተመስረተላ ዕለት ጀሚሩ ጉዕዝኡ ንምኹላፍ ሰረቱ ንምንቃል ብፀላእቲ ሰፊሕ ወፍሪ ተኻይድዎ እዩ።

እቲ ኲናት ግን ብርግፅ ኣብ መንጎ ቅኑዓትን ዘይቅኑዓትን ዝተወለዐ ስለ ዝነበረ፡ ሓቂ ዝሓዘ ድማ ኩሉ ግዜ ዕዉት ስለ ዝኾነ፡ ቅኑዓት ተጋደልቲ ዴ.ም.ህ.ት ክዕወቱ ግድን ነይሩ፡ ኣብ ፀላእቱ ዘየዳግም መቕፃዕቲ ብምዉሳድ ድማ እቲ ዉድብ ሂወት ዘሪኡ ንክኸይድ ኣኽኢልዎ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ብፖለቲካዊ ህይወቱ ኣዝዩ ዝተረጋገአ ውሽጣዊ ሰላምን ሓድነትን ዘለዎ ኣንፃር ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብረት ኣልዒሉ ዝቃለስ ውድብ ኮይኑ ይርከብ።

እዚ ግን ሱቕ ኢልካ ዝተረኽበ ዓወት ኣይኮነን፡ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ህላውነቱ ኣረጋጊፁ ግዙፍ መፀግዒ እምባ ኮይኑ ንህዝቡ ኣለኹልካ ንኽብሎ በቒዑ ዘሎ ገዚፍ መሰናኽላት ቃልሲ ሓሊፉ እዩ። ንዝገጠምዎ ከበድቲ ዕንቅፋታት ረዚን ዋጋ ከፊሉ እዩ ሓሊፍዎም፡ ዋጋ ከይከፈልካ ዓወት ከም ዘይርከብ ድማ ኣፀቢቑ ይፈልጥ እዩ።

ብዝኾነ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ገና ክምስረት ከሎ ረዚን ዝኾነ ኢትዮጵያዊ መንነቱ ዘመስክረሉ ንፁር ዕላማ ሒዙ እዩ ተበጊሱ፡ ሓደ ካብኡ ድማ ንናይ ሓባር ፀላኢ ብሓባር ንምድርዓም ኣብ ሓበራዊ ቅልፅም ዝኣምን ዘይልወጥን ዘይሽርሽርን ኣብ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገር ምስ ዝኣምኑ ኩሎም ተቓለስቲ ሓይልታት ተቐራሪብካ ምስራሕ ዝብል እምነቱ እዩ። እዚ ድማ ገና ካብ ብጊሓቱ ክሰርሓሉ ፀኒሑን ኣሎን።

ምኽንያቱ ኣንፃር ፀላኢ ሓቢርካ ምስራሕ መሰረታዊ ናይ ሓባር ረብሓ ስለ ዝኾነ፡ ንሕና ከም ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓበራዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሓድነትን ምትሕግጋዝን ኢና ንኣምን ቃልስና'ውን ንሓንቲ ኢትዮጵያ እዩ፡ ኣብ ገለ ገለ ወገናት ግን ካብ ግጉይ መረዳእታ ዝተበገሰ ስግኣት ኣሎ፡ ትማሊ TPLF ነይሩ ሎሚ ድማ TPDM እንታይ ኣፈላላይ ኣለኩም ዝብል ኣታሓሳስባ ኣሎ።

ዴ.ም.ህ.ት ግን እዚ ከምዚ ዝበለ መሰረት ዘይብሉ ካብ ስግኣት ዝነቅል ኣታሓሳስባ ንሃገርና ከም ዘይጠቕማ ብምርዳእ ህዝቢ ትግራይ'ውን ልክዕ ከምቶም ካልኦት ብሄራት ዝተወፀዐ እኳ ዳኣስ ድርብ ወፅዓ ዘሕልፍ ዘሎ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ምስ ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ተሓባቢሩ ክሰርሕ ምዃኑ እንዳገለፀ መፂኡ እዩ።

ከም ውፅኢት ናይዚ ድማ ዴ.ም.ህ.ት ብ16/03/1995 ዓ/ም ኣብ ኣውሮፓ ምስ ኦነግ ብኣወንታ ክግለፅ ዝኽእል ናይ መቀራረቢ ምይይጥ ገይሩ እዩ፡ እዚ ክያዶ እዚ ካኣ ገለ ገለ ውድባት ኣብ ልዕሌና ዝነበረን ኣመለኻኽታ ክቕይራ ኣብ ምግባር ኣስተዋፅኦ ነይርዎ፡ እዚ ኣብ ውድብና ፈላሚ ዝኾነ ንሓበራዊ ረብሓ ዝተገብረ ምቅርራብ እዩ።

ካልእ ኣብ 1998 ዓ/ም ምስ ግምባር ሓርበኛታት ህዝብታት ኢትዮጵያ /ኢ.ህ.ኣ.ግ/ ብኣንፈት ምዕራብ ክልተ ግዜ ሓበራዊ ወፍሪ ኣካይዱ እዩ። ኣብ 1999 ዓ/ም እውን ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ሰፊሕ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ዘካይደሉ እዋን ስለ ዝነበረ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ኣብዚ ኢደን ክሓውሳ ኣብ ምግባር ሓያል ስራሕ ሰሪሑ እዩ።

ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ ድማ ምስ ውድብ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ ንፍትሕን ማዕርነትን "ወፍሪ ሕብረት ንዴሞክራሲ" ብዝብል ስያመ ዘካየዶ ዕውት ወተሃደራዊ ስርሒት'ዩ፡ ክልቲአን ውድባት ብሓባር ኮይነን፡ ንህዝቢ ምዕራብ ትግራይ የበሳብስ ኣብ ልዕሊ

ዝነበረ ናይ ፀላኢ ሓይሊ ደምሳሲ ዝኾነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ብምክያድ ሓበራዊ መስዋእቲ ከፊለን እየን።

ድሕሪ እዚ ድማ እቶም ዴ.ም.ህ.ት ብፀቢብ ብሄራዊ ስምዒት ዝተሓፀረ ኣምሲሎም ዝዛረቡ ዝነበሩ ወገናት ከይተረፉ፣ ዴ.ም.ህ.ት ሰፊሕ ሃገራዊ ራኢ'ምበር ፀቢብ ብሄራዊ ዕላማ ከምዘይብሉን፣ ኣብ ባይታ ምስ ዝሰርሑ ውድባት ድማ ብሓባር ክሰርሕ ምኳኑ ዘረጋገፅሉ ዕዉት ወፍሪ እዩ ነይሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ውድብና ብ12 ጥቅምቲ 2000 ዓ/ም 'ውን ምስ፦




1, ግንባር ሓርበኛታት ህዝቢ ኢትዮጵያ፣
2, ግንባር ንፍትሕን ማዕርነትን ህዝብታት ደቡብ
3, ምንቅስቓስ ንናፅነት ህዝቢ ቤንሻንጉልን፣
4, ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ

**"ጥምረት ኢትዮጵያውያን ንዴሞክራስያዊ ለውጢ /ኢጥዴለ/"** ብዝብል ስያመ ጥምረት ፈጢሩ እዩ። ነቲ ጥምረት ድማ ዴ.ም.ህ.ት ብላዕለዋይነት ኣቦ ወምበር ኮይኑ መሪሕዎ እዩ። እዚ ፍፃመ እዚ ድማ ነቶም ፀበብቲ እዮም ንትግራይ ጥራሕ እዮም ዝቃለሱ እናበሉ ስምና እናልዓሉ ዘቆናፅቡና ዝነበሩ ፀላእቲ'ውን ኣፎም ዘትሓዘ ዕውት ስጉምቲ እዩ ነይሩ።




እዘን **"ጥምረት ኢትዮጵያውያን ንዴሞክራስያዊ ለውጢ"** ዝመስረታ ኣርባዕተ ውድባት ንኹለን ዘማእኸለ ናይ ሓባር ስምምዕ ካብ ምፍጣር ሓሊፈን፣ ክሳብ ናይ ሓባር ዕላምአንን ዕቤተንን ንህዝቢ ዝገልፃሉ፣ ስርዓት ኢህወዴግ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ግፍዕታት ዘቃልዓሉ፣ ህዝቢ ናብ ቃልሲ ንክውሕዝ ዝጉስጉሳሉን ኣድላይነት ሕቡር ቅልፅመን ዝገልፃሉን **"ትግል እስከ ድል"** ዝብል ናይ ሓባር ልሳን ዝሓዘ መፅሄት ብምድላው ናብ ህዝቢ ንክበፅሕ'ውን ገይረን እየን።

እንተኾነ ግን እዚ ጥምረት ከም ኣጀማምርኡ ኣይቀፀለን፣ ንኣስታት 3ተ ዓመት ዛሕቲሉ ምስ ፀንሐ ድማ ዳግም ኣወንታውን ኣሉታውን ጎንታቱ ተገምጊሙ ብ28 ጥቅምቲ 2003 ዓ/ም እቲ ጥምረት ዳግም ተሓዲሱ ኢህኣግ ካብቲ ጥምረት ዓርሱ ኣግሊሉ ጋህነን ድማ ተወሲኹ ዴ.ም.ህ.ት ዝርከቦም ኣርባዕተ ውድባት ነቲ ጥምረት እንደገና ኣጠናኺሮም ቀፂሎምሉ እዮም።



1, ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ
2, ግንባር ንፍትሕን ማዕርነትን ህዝብታት ኢትዮጵያ
3, ምንቅስቓስ ንናፅነት ህዝቢ ጋምቤላ
4, ምንቅስቓስ ንናፅነት ህዝቢ ቤንሻንጉልን፣

እዚ ጥምረት እዚ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ጥምረት ፍሉይ ዝገብሮ ድማ ከካብ ውድቡ ውሱን ሰራዊት ክዋፃእ ብምግባር ክሳብ ናይ ሓባር ሰራዊት

ምምስራት በዒሑ ምንባሩ እዩ።

ድሒሩ ድማ ኣብ 2005 ዓ/ም እቲ ጥምረት ሰፊሑ እተን ኣባላት በዚሐን ካብ ኣርባዕተ ናብ ሸውዓተ ክብ ኢለን። ኣባላት እቲ ጥምረት ዝነበራ ውድባት ድማ፦

1. ዴምክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት)
2. ግንባር ሓርበኛታት ህዝቢ ኢትዮጵያ (ኢ.ህ.ኣ.ግ)
3. ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ ንፍትሕን ማዓርነትን (ኢ.ህ.ፍ.እ.ግ)
4. ምንቅስቓስ ንናፅነት ህዝቢ ቤንሻንጉል (ቤ.ህ.ነ.ን)
5. ምንቅስቓስ ንናፃነት ህዝቢ ጋምቤላ (ጋ.ህ.ነ.ን)
6. ምንቅስቓስ ዴሞክራስያዊ ሓይሊ ኣምሓራ (ኣ.ድ.ሃ.ን)
7. ግንቦት ሸውዓት ንፍትሕን ዲሞክራስን (ግንቦት ሸውዓት)ን ነይረን። እዚ ካኣ ኣብ ከይዲ ክፍጠር ንዝኽእል ውህደት ዘተባብዕ ሓደ ስጓሮ ንቕድሚት እዩ ነይሩ።

ከም ውፅኢት ናይዚ ድማ ካብዘን ጥምረት ዘካየዳ ሸውዓተ ውድባት እተን ክልተ ማለት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይን ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ ንፍትሕን ማዕርነትን ካብ ጥምረት ሰጊረን ድሕሪ ሓደ ዓመት ብ18 መስከረም 2006 ዓ/ም ምሉእ ንምሉእ ውህደት ክፍፅማን ሰራዊተን ከታሓናፍፃን ናብ ዝኸኣላሉ ብርኪ በፂሐን እየን።

ኣብ ዓመተ 2007 መወዳእታ ድማ ኣርባዕተ ውድባት ዝርከብኦ <u>ሃገር ኣድሕን</u> ዝተብሃለ ጥምረት ተመስሪቱ ነይሩ። ናይዚ ጥምረት'ዚ ኣባል ውድባት ድማ፦

1. ዴምክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ
2. ኣርበኞች ግንቦት ሰባት ምንቅስቓስ ንፍትሒ ነፃነትን ዲሞክራስን፣
3. ምንቅስቓስ ዴሞክራስያዊ ሓይሊ ኣምሓራ
4. ናይ ዓፋር ውድባት ሓበራዊ ምንቅስቓስን እንትኾና፡ እዚ ጥምረት'ዚ ብዙሕ ዘይሰራሕናሉን ገና ኣብ ጅምር ዘሎን እዩ።



ስለዚ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ካብታ ዝተመስረተላ ዕለት ጀሚሩ ከም መትከል ሒዝዎ ዝተበገሰ ምስ ኣብ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገር ዝኣምኑ ተቓለስቲ ሓይልታት ሓቢርካ ምስራሕ፡ ካብ ጥምረት ክሳብ ውህደት ምብፃሕ ዝብል እምነቱ ብዘይቀልዓለም ሰሪሕሉ እዩ። ከምኡ ሳላ ዝገበረ ድማ ነቶም ዴ.ም.ህ.ት ዝበሃል ውድብ ንተጋሩ ጥራይ ዝቖመ ፀቢብ ብሄራዊ ውድብ እዩ ዝብል ኣታሓሳስባ ሒዞም ዝህውትቱ ወገናት ኣብ ሓቂ ክሰምሩ ገይርዎም እዩ።

ሎሚ'ውን ውድብና ኣብ ባይታ ክሰርሕ ዝኽእል ኣብ ሓበራዊ ቅልፅም ዝኣምን ውድብ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓንትን ጥምርትን ኢትዮጵያ ምስ ዝኣምኑ ውድባት ይኹኑ ውልቀ ሰባት ረብሓ ህዝብናን ሃገርናን ብዘይነክእ መልክዑ ሓቢሩ ክሰርሕ ድልው እዩ። ምኽንያቱ እቲ ፀላኢ ፀላኢ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ቃልሲ'ውን ግደ **"ሓበራዊ ቅልፅም ንዘይተርፍ ለውጢ"** ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ስለ ዝኣምን።

እምባኣር ከስ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ካብታ ዝተመስረተላ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ እዚ በፂሕናዮ ዘለና መድረኽ፡ እዞም ልዕል ኢልና እናገለፅናዮም ዝመፃእናን ካልኦት ዘየልዓልናዮምን ሰፋሕቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ብምስልሳል፡ እቲ ብህዝቢ ንህዝቢ ዝካየድ ዘሎ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምሕያል ተንቀሳቒሱ እዩ። ሎሚ ይኹን ፅባሕ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ሓድነትን ልእላውነትን ኢትዮጵያ ምስ ዝኣምኑ ሓይልታት ተሓባቢሩ ክሰርሕ ቅሩብ እዩ።

## <u>ሚድያ ሓቂ!!</u>

ክፍሊ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ፖለቲካዊ ንጥፈታቱ ናብ ህዝቢ ምቅላሕ ካብ ዝጅምር ብመንገዲ ሬድዮ 13 ዓመት፡ ብመንገዲ ቴሌቪዥን 07 ዓመት፡ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ /ኢንተርኔት/ ድማ 5ተ ዓመት ኣቑፂሩ'ሎ። ካብዚ ቀፂልና እምባኣር እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ መማረፂ ሚድያታት ዝዓመምዎም ፖለቲካዊ ዕዮታት ብወሳናይ መልክዑ ክነላልየኩም ኢና።

ክፍሊ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ርእሲ ወይ ድማ ዓንዲ ማእኸል ናይቲ ቃልሲ እዩ ምባል ይካኣል፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ካብቲ ዝተመሰረተሉ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ልዑል ጠመተ ተዋሂብዎ ብዓቕሚ ሰቡን ማተርያልን ክዓቢ ተገይሩ እዩ። ከም ውፅኢቱ ካኣ በዝሒ ንዘለወን ብሳንባ ናይቲ ስርዓት ጥራይ ዘተንፍሳ ሞያዊ ስነ ምግባር ዘይብለን ሚድያታት ወያነ ንዘቃልሖኦ ናይ ሓሶት ፈነወ ገጢሞም ኣብ ምምካትን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ጥንካረን፡ ንፁርነት ዕላማን መትከልን ናይቲ ውድብ ንህዝቢ ኣብ ምልላይን ቁፅሪ ሓደ እዩ።



ሚድያና ልሳን ውፁዕ ህዝብና 'ዩ!!



ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዝፍፀሙ ዘለዉ ግፍዕታትን በደላትን ናብ እዝኒ እቲ ዘይሰመዐ ህዝቢ ክበፅሕ ኣብ ምግባር፣ እቲ ስርዓት ዝኸወሎም ሓቅታት ፈርፈርካ ብምውፃእ ህዝቢ ክሰምዖም ኣብ ምግባር፣ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ተመራፂ ሚድያ ኮይኑ እናሰረሐ ፀኒሑ'ሎ፡ ሬድዮ መቓልሕ ምሕዝነት ዴሞክራስያውን ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ 21 መጋቢት 1995 ዓ/ም ድሕሪ ምኽፋታ፡ ኣብ ስሙን ክልተ ግዜ በቢ ፍርቂ ሰዓት፡ ካብ 1998 ዓ/ም ጀሚራ ድማ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ በቢፍርቂ ሰዓት፡ ካብ 2002 ክሳብ ሎሚ ድማ ኣብ ሰሙን ሓሙሽተ ግዜ በቢፍርቂ ሰዓት እናፈነወት ፀኒሓ ኣላ።

ኣብ ውሽጢ እዞም ዓመታት ድማ ብመልክዕ ፅሑፍ፣ ቃለ-መሕተት፣ ፍሉይ መደብ፣ ሓበራዊ ዘተ፣ ብዛንታ፣ ብነዋሕቲ ናይ ሬድዮ ድራማን ኮሜዲን ኣቢላ ዕውት ዝኾነ ስራሕ ከም ዝሰርሐት ዝምስክረልና፡ ሬድዮ ዴ.ም.ህ.ት ሰሚዕና መፂና እናበሉ ናብ ቃልስና ዝስለፉ ተቓለስቲ ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ እዮም።

ቴሌቪዥን መቃብዓ ለካቲት ብ12 ለካቲት 2001 ዓ/ም ፈነወ ካብ ትጅምር ክሳብ ሎሚ ድማ ብሬድዮን ብቴሌቪዥንን ክልቲኡ እናተመጋገበ ተወዳዳሪ ሚድያ ክኸውን በቺዑ'ዩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ህዝብና ካብ ኩሎም ሚድያታት ኣብሊፁ ምንጪ ፅፁይ ሓበሬታ




እናበለ ይከታተላ ነይሩ። ምኽንያቱ ነቲ ካብ ናይቲ ስርዓት ሚድያታት ወፃኢ ካልእ ብዛዕባ ኩነታት ሃገሩ ዝሰምዐሉ መማረፂ ሚድያ ዘይነበሮ ህዝብና ዓብዪ ብስራት እዩ ኮይንዎ።

ካብዚ ብዘይፍለ ድማ ድሕረ-ገፅ /ዌብ ሳይት/ ናይ ውድብና'ውን ኣካል ናይዚ ሚድያ እዩ፡ እዚ www.demhitonline.com ብዝብል ስያመ ኣብ 2002 ዓ/ም ኣሃዱ ኢሉ ዝፈለመ ድህረ-ገፅ ውድብና ብሬድዮን ብቴሌቪዥንን ዝተሰርሑ መደባት ናብ መላእ ዓለም ክባፅሕ ኣብ ምግባር ዓርሱ ዝኻኣለ ግደ ነይርዎ እዩ።

ዝተፈላለዩ ነዋሕቲ ፅሑፋት፣ መግለፅታት፣ ሓተታ፣ ግጥምታት፣ ዕለታዊ ዜናታትን ሓፀርቲ ግን ድማ ኣገዳሲ መልእኽቲ ዝሓዙ ቪድዮታትን'ውን ብመንገዲ ዌብ ኣቢልና ናብ ተኸታተልትና ኣብፂሕና ኢና፡ እዚ ድህረ-ገፅ እዚ ዝተፈላለየ ዓንድታት ዝሓዘ ስለ ዝኾነ ዝኾነ ሰብ ድህረ-ገፅና ከፊቱ ኣብ ዝመረፆ ዓምዲ ብምእታው ብዛዕባ ኩነታት ውድብና፣ ሃገርናን ህዝብናን ክፈልጥ ኣብ ምግባር ሰፊሕ መማረፂ ኮይኑ ፀኒሑ'ሎ።

ብልጫ ናይዚ ሚድያ እዚ ድማ ብሬድዮን ቴሌቪዥንን ንፍንዎም ሓቅታት ዝመረሮ ስርዓት ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ብሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ተበሊፁ ዘይተኣደነ ወፃኢታት እናኽፈለ ዘመናዊ መሳርሒታት እናዓደገ ንቴሌቪዥን መቃብዓ ለካቲት ይዕፍኑሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት ብመንገዲ ዌብ-ሳይት ኣቢልና ክንዋጋእን ክንምክትን ተኻኢሉ እዩ።

ክፍሊ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ብዙሕ መማረፂ መስመራት ሒዙ እዩ እናሰረሐ ፀኒሑ፡ ኣብ



ልዕሊ እቶም እናገለፅናዮም ዝመፃእና መማረፂታት ድማ ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራት'ውን ኣብ 1999 ዓ/ም ኣሃዱ ኢላ ቀዳማይ ሕታም ካብ ትጅምር ምስዛ ናይ ሎሚ ሓዊሱ ን24 ሕታማት ተዘርጊሓ ኣላ። ኣብዚ ድማ ዓበይቲ ሓሳባት እናልዐለት ንንባብ ስለ ዘብቀዐት፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ናብ ሕ/ሰብና ክትበፅሕ ብምግባር ተነባቢት ኮይና እያ።

ነቲ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝነብር ህዝብና ካኣ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ውድብና ኣቢልና ናብ ምሉእ ዓለም ስለ ንዝርጋሓ ብቐረባ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ኢሉ ንኽምብባ ሰፊሕ ዕድላት ፈጢርና ኢና። ስለዚ ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራት'ውን ከም ሬድዮን ቴሌቪዥንን ዴ.ም.ህ.ት ንህዝብና ኣብ ምንቃሕ ኣብ ምውዳብ ተግባራት ናይቲ ስርዓት ኣብ ምቅላዕን ናይ ባዕላ ኣበርክቶ እናገበረት መፂኣ እያ።

ጎናጎኒ እዚ ድማ ብመንገዲ ፋምፕሌት /በረርቲ ፅሑፋት/ ዝተሰርሐ ስራሕ'ውን ልዑል ኣስተዋፅኦ እናገበረ መጺኡ'ዩ። ነዚ ኹሉ ስራሕ ዝዓሙ ብርክት ዝበሉ ሞያተኛታት ድማ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት በብእዋኑ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ብተጋደልቱ ንተጋደልቱ ክስልጥኑ ብምግባር ናብ ስራሕ መዲቡ'ዩ። ሳላ ከምኡ ዝተገብረ ድማ ሚድያ ዴ.ም.ህ.ት ሓቀኛ፣ ተኣማንን ተመራፅን ሚድያ ክኸውን በቒዑ እዩ።

## ወተሃደራዊ ወፍርታት ዴምህት

ዕጥቃዊ ቃልሲ ኲናት ማለት'ዩ፡ ኲናት ድማ ፅንዓትን መስዋእትነትን ዝሓትት መድረኽ እዩ። እንተኾነ ግን ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ዘይኽእል ፀገም ክገጥመካ ከሎ ተገዲድካ እትወስዶ መማረፂ እንተሃልዩ ዕጥቃዊ ቃልሲ'ዩ። ርሑቕ ከይከድና ህዝቢ ትግራይ ስርዓት ደርግ ንምእላይ ኣብ ዘበገሶ ናይ 17 ዓመታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ብኣሻሓት ዝቑፀር ህይወትን ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ከም ዝዓነወ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ።

እዚ መሪር ኲናት ኣካይዱ ብዓወት ዝዛዘመ ህዝቢ ዝተቓለሰሎም ዕላማታት ብውሑዳት ጠላማት መራሕቲ ተጓዕዊፁ ናይ ኢዱ ኣይረኸበን። እንተኾነ ግን ህዝብና በቶም ጠላማት መራሕቲ ንዝበፅሖ በደልን ግፍዕን ኣሜን ኢሉ ክቕበልን ደኒኑ ክነብዕን ኣይመረፀን፡ የግዳስ ነዚ ነዊሕ ሰጕሙ ዘሎ ብዴ.ም.ህ.ት ዝምራሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከበግስ ተገዲዱ እዩ። እነሆ ድማ ንዝሓለፉ 15 ዓመታት ነዚ ፀረ ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ስርዓት ንምእላይ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ይርከብ።



ድሕሪ ምስረታ ውድብና ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ 1994 ዓ/ም መቃለሲ ዕላምኡ ንህዝቢ ንምልላይ ዝዓለሙ ሰለስተ ፈለምቲ ወተሃደራዊ ወፍርታት ተኻይዶም። ንሳቶም ድማ ብኣንፈት ምዕራብ ከባቢ ሕሞራ፣ ጎብለል፣ ኣደባይ፣ ራውያን ክሳብ ዳንሻ ነይሮም። ብኣንፈት ሰሜን ምዕራብ'ውን ከባቢ ሱርን ደደቢትን ወፍርታት ኣካይዱ እዩ።

ብሓፈሻ ዴ.ም.ህ.ት ካብዞም ፈለምቲ ወተሃደራዊ ወፍርታት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ዘካየዶም ወተሃደራዊ ንጥፈታት፣ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዘውረዶ ጉድኣትን ዝሓፈሶ ዓወትን እንታይ ይመስል ንዝብል ካብዚ ስዒብና ሓደ ብሓደ ክንርእዮም ኢና።

ዴ.ም.ህ.ት ቅድሚ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሓድ ሓደ ወተሃደራዊ ስርሒታት የካይድ እኳ እንተነበረ ብሰፊሑ ዕላምኡን ፕሮግራሙን ንህዝቢ ኣብ ምልላይ እዩ ተፀሚዱ ነይሩ። ድሕሪ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ሕድሕድ ተጋዳላይ ውድባዊ ልእኽቱኡ ንምዕዋት ኣብ ዓበይቲ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስራሕቲ እዩ ተፀሚዱ። ተጋዳላይ ኣብ ዝባኑ ዘሎ ረዚን ሕድሪ ኣብ ሽቱኡ ንምብፃሕ ውሽጣዊ ዓቕምታቱ ብምግምጋም ህዝቡ ንምውዳብ ብዝኸእል ስልትን ስትራተጅን እናተመርሐ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ስራሕቲ ንምክያድ ሰፊሕ ምንቅስቓስ እዩ ጀሚሩ።



ድሕሪ ቀዳማይ ታሪኻዊ ውድባዊ ጉባኤ ወተሃደራዊ ኮሚቴ ዴ.ም.ህ.ት ብቕዓት ተጋዳላዩ ብዝግባእ ብምግምጋም ወተሃደራዊ ወፍሪ ከካይድ ከም ዝኽእል ስለ ዝኣመነ፡ ብጋንታታት ዝቖማ ጉጅለታት ወዲቡ ካብ ምዕራብ ክሳብ ምብራቕ ትግራይ ኣብ ዘሎ ዝርገሐ መሬት መጥቃዕቲ ንምፍፃም ዘኽእሎ ስለያዊ መፅናዕቲ ከተኣኻኽብ ጀሚሩ።

እዚ ምስተፃፈፈ እቲ ቅድም ክብል ብውሑድ ሓይሊ ሰብ ኣብ ዞባ ማእኸል ከባቢ ዓባቕ፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ቀላይ ጭዖ፣ ዓዲ ፀፀር፣ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ከዓ ኣብ ከባብታት ራውያን ዘካየዶ ወተሃደራዊ ወፍርታት መበገሲ ብምግባር፡ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ "ተዓጠቕ" ዝተሰመየ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣበጊሱ፡ ተጋዳላይ ነቲ ዝፅበዮ ዝነበረ ወተሃደራዊ ወፍሪ እዋኑ ኣኺሉ ተበገሰ ተባሂሉ ከም ዘጥቅዕ ምስ ተነግሮ ልዕሊ ዓቕን ዝኾነ ሞራል ሰኒቑ'ዩ ተበጊሱ።

ዕላማ ናይዚ ወፍሪ ብሓፈሻ ነቲ ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍፅሞ ዝነበረ በደላት ንምቕናስ፣ ብፍላይ ድማ ኣብቲ እዋን ሓደገኛ ቦዘኔ ዝብል ሽም ተዋሂብዎ ዝንከላበት ንዝነበረ መንእሰይ ወለዶ ንምድሓን፣ ከምኡ'ውን ከይፈተወ ብስም ሰፈራ ናብ ዓሳው በረኻታት ብምእካብ ንመሪር ህይወት ዝተፈርደ ህዝብና ንምንጋፍ፣ ብቐንዱ ድማ ነቲ ብወያነ ዝተጠልመ ሕቶ ህዝብና ንምምላስ፡ ህዝብና ዋሕስን ፅላልን ዴ.ም.ህ.ት ከም ዘላቶ ንምብሳርን፡ ህዝቢ ካብቲ ዘለዎ ስቓይን መፃብቦን ንክወፅእ ኣማራፂታቱ ባዕሉ ክውስን ነዚ ንምግባር ድማ ምስ ውድቡ ዴ.ም.ህ.ት ክስለፍ ንምግባርን ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ነዚ ዕላማ'ዚ ተሓንጊጡ ዝነቕለ ተጋዳላይ ድማ በርቃዊ መጥቃዕቱ ብኣንፈት ምዕራብ ኣሃዱ ኢሉ ብምጅማር ብ11 ጥሪ 1998 ዓ/ም ንከተማ በረኸት ዘሊቑ ብምእታው ኣብኡ ንዝነበረ ዕሱብ ሰራዊት ብምድምሳስ ዕላማታት ውድቡ እንተረድእ፡ እቲ ረመፅ ዝሓዘለ ካልኣይ ኣሃዱ'ውን ኣብ ከባቢ ልጅ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው ኣዛዚ ናይቲ ቦታ ዝርከቦም ወተሃደራት ወያነ ሕርሕራይ ገይሩ ብምቕፃዕ ቀዳማይ ሸቱኡ ዛዚሙ። ተጋዳላይና ኣብዚ ወፍሪ እዚ ኣብ ልዕሊኡ መጠን ኣልቦ ቡምባን ጥይትን ፀላኢ ይዘንብ እኳ እንተነበረ



ብፅንዓትን ተባላሓትነትን ብምስጋር ካምቦታትን ኣፅዋራትን ፀላኢ ብምቕፃል ወተሃደራዊ ሓይሉ ብግብሪ ኣመስኪሩ እዩ።

ብካልእ መዳይ ንከተማ ማይ ካድራ ብኣንፈት ሰሜናዊ ምዕራብ ሓደ ሓይሊ፡ ንሓውሲ ከተማ በረኸት ከዓ ንካልኣይ ግዜ ኻሊእ ሓይሊ፡ ኣብ ከባቢ ራውያን ዝነበረ ሰራዊት ፀላኢ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት መጥቃዕትታት ተፈንዩ። ግብረ መልሲ ፀላኢ ድኹም ስለ ዝነበረ ድማ ሰራዊትና ዝድምሰስ ደምሲሱ ካምቦ ፀላኢ ድሕሪ ምቁፅፃር ኣማኢት ወተሃደራት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ፡ ንክልተ ቶዮታ ዝዓይነተን መካይን ሓዊስካ ብርክት ዝበለ ናይ ፀላኢ ንብረት ኣፅንዩ ድርብ ዓወት ኣመዝጊቡ እዩ። ኣብዚ ስርሒት እዚ ድማ ተነጊሮም ዘይውድኡ መስተንክራዊ ቅያታት ተፈፂሞም እዮም።

ኣብ ዞባ ምዕራብ ታሪኽ ዝሰርሐ ተጋዳላይ ኣንፈቱ ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ ብምዛር ወተሃደራዊ መጥቃዕቱ ኣጠናኺሩ እዩ ቀፂሉ፡ ብመሰረት እዚ ድማ ኣብ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ደጉዓለ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ንዝነበረ ሰራዊት ፀላኢ ሕርሕራይ ገይሩ ብምቕፃዕ፡

ንህዝቢ ይብድሉ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ካድረታትን ኣባላት ምልሻን ኣራሚ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳድ፡ ኣፅዋራትን ዓበይቲ ሬድዮ ርክባትን ክምንዝፅ ክኢሉ እዩ። ፀላኢ ድማ ኣብ ዞባ ምዕራብ ብዘጋጠሞ ከቢድ ስዕረት ተደናጊፁን ርዒዱን ስለ ዝነበረ ኣብዚ ናይ ደጉዓለ መጥቃዕቲ ኣብ ክንዲ ኣትኪሉ ክዋጋእ እግረይ ኣውፅኢ ጭርኡ ደጒሉ ክሃድም እዩ ተራእዩ።

ተጋዳላይ እዞም ክምዝገቡ ዝፀንሑ ወተሃደራዊ ዓወታት ዓቂቡ ብሕሉፍ ከይተዛነየ ናብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብምብጋስ ኣብ ከባብታት ኬላ፣ ዕጉብን ዓዲ ርእሶን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሰራዊት ወያነ ማለሊት መጥቃዕትታቱ ብምፍናው ድማ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ሰራዊት ወያነ ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ልእኽቱኡ እንትፍፅም፡ ንእዋናውነት ቃልሲ ዴ.ም.ህ.ት ብኣጋ ብምርግጋፅ ንዝዓበየ ወተሃደራዊ ዕማም ምስ ግዜ ቅድድም ዝገጠመሉ እዋን እዩ ነይሩ።



ዕሱብ ሰራዊት ወያኔ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣብ ነብሲ ወከፍ ወፍርታትና ናይ ኣለኹ ኣይሞትኩን ተደጋገምቲ ድብያታት'ኳ እንተፈተነ፡ በዝሒ ኣፅዋር ዘይኮነ መስመር ስለዝስዕር እቲ ዕላማ ህዝብን ሃገርን ተሓንጊጡ ዝረባረብ ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት እዩ ተዓዊቱ ወፂኡ።

ኣብ ዕጉብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒት ብዙሕ መሰናኽላት ዝነበሮ ብርክት ዝበሉ ድብያታት ዝተሰግረሉ፡ ክብድ ዝበለ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ እዩ ነይሩ፡ ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ግን ዕላማ ህዝብን ሃገርን ተሓንጊጡ ዝነቐለ ስለ ዝኾነ፡ በቲ ፈተነ ክሳሓል እምበር ክምብርከኽ ኣይተራእየን።

ብሓፈሻ ወፍሪ ተዓጠቕ ብርክት ዝበሉ ሰራዊት ፀላኢ ምውታትን ቁሱላትን ዝኾንሉ፣ ካብ ዓሰርተ ንላዕሊ ፀላኢ ዝግልገለሉን ዝነበራ መኻይን ዝተቓፀላሉ፣ ሓያሎ ከበድትን ፈኰስትን ኣፅዋራት ፀላኢ ዝተመንዘዐሉን፡ ሰለስተ ፒኣርሲ ዝዓይነተን ሬድዮ ርክብ ብምምራኽ ወተሃደራዊ ስርሒትና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዝተሰጋገረሉ መድረኽ እዩ ነይሩ። ወፍሪ ተዓጠቕ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሞራል ፀላእትና ዝሰበረ እንትኸውን፡ በቲ ካሊእ ወገኑ ድማ ብቕዓት



ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ዝተረጋገፀሉ ህዝብና ጠስሚ ልቡ ዝሰተየሉን፡ ውሕሉል ህዝባዊ ልእኽቶታት ዝተሰላሰለሉን ናይ ለውጢ መድረኽ ዘካተተ ወፍሪ እዩ ነይሩ።

ኣብ 1998 ዓ/ም ዝነበሩ ምዕቡላት ኣንታቱ ብምዕቃብ ንዝበለፀ ወፍርታት መደባቱ ከዋድድ ዝፀንሐ ክፍሊ ወተሃደራዊ ኮሚቴ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ 1999 ዓ/ም እውን "**ውፈር ተበገስ**" ዝተሰመየ ወተሃደራዊ ወፍርታቱ ብዝሓየለ መንገዲ እዩ ቀፂልዎ። በዚ መሰረት ኣብ ወርሒ ሕዳር 1999 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእከል ትግራይ ኣብ ከባቢ ምኹዓት ሳዳን ምዳቕ ምፃይን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ኣግኣዚ ዝተብሃለ ክፍለጦር ሰሜን እዚ ሰራዊት ስርዓት ወያነ፡ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው ብርክት ዝበሉ ሰራዊት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ፡ ብርክት ዝበሉ ኣፅዋራት ተተኮስትን'ውን ኣዕንዩን መንዚዑን'ዩ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ክፍለ ሰራዊት ኣግኣዚ ዝተወሰደ መጥቃዕቲ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ መጥቃዕትታት ፍሉይነት ኣይነበሮን፡ ዝፈልዮ ነገር እንተዳኣ ነይሩ ኮይኑ እቲ ኣሃዱ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ብዘለዎም ዓቕምን በቲ ስርዓት ዘለዎም ተኣማንነትን ተመልሚሎም ዝተኣኻኸቡ ምኺኖም ጥራሕ እዩ። ኣብ ተግባር ምስ እንምዝኖ ግን ካብቶም ካልኦት መጥቃዕቲ ዘካየድናሎም ኣሃዱታት ዝሓሸ ዓቕሚ ኣይነበሮን።

ብካልእ መዳይ ኣብ ወርሒ ሕዳር 1999 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ ወረዳ መረብ ለኸ፡ ከባብታት ዓዲ ገባትን ክሳድሓንሰን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ እዚ ሰሜን ክፍለ ሰራዊት 14 ተዋግኣይ ኣሃዱ፣ ብምቕፃል'ውን ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1999 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ ወረዳ መረብ ለኸ ክሳድ ሳሕዳድን ዓባቕን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ኣሃዱ ስለያ ሰራዊት ስርዓት ወያነ ብዝወሰዶ ስርሒት ሓለቓ ሓምሳ ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ እዩ።

ብ23 ታሕሳስ 1999 ዓ/ም ኣብ ወረዳ መረብ ለኸ ኣብ ቁሸት ዓንደ ወርቅን ጠራውርን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 14 ክፍለ ሰራዊት 4ይ ሬጅመንት ብዝወሰዶ ስርሒት፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ኣብ ርእሲ እዚ ብርክት ዝበሉ ክላሽን ኮፍን ናይ ኢድ ቦምባታትን ካልኦት ወተሃደራዊ ናውትን መንዚዑ እዩ።

ውድብ ዴ.ም.ህ.ት እቶም ኣብ 1999 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዝወሰዶም ወተሃደራዊ መጥቃዕትታትን ስርሒታትን ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ኣብ ርእሲ ምኺኖም፡ ነናይ ባዕሎም ብልጫታትን ፍሉይ ዝገብሮም ነጥብታትን'ውን ነይርዎም እዩ።

ብ25 ታሕሳስ 1999 ዓ/ም ክልተ ኣሃዱታት ብሓባር ኣብ ወረዳ ሽራሮ ጣብያ ሰምሃል ኣብ ዓዲ ኣድሓናን ሃይቀዳማን ኣብ ሰለስተ ካምቦታት ፀላኢ ዝወሰድዎ ዕዉት ወተሃደራዊ ስርሒት ነይሩ። ኣብዚ ስርሒት እዚ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ እንትኾኑ፡ ክልተ መራሕቲ መሳርዕ ዝርከብዎም ወተሃደራት ተማሪኾም እዮም። ሰለስተ ኣይኮም ዝዓይነተን ሬድዮ ርክብን ብርክት ዝበለ ወተሃደራዊ ኣፅዋራትን ድማ ተመንዚዖም እዮም።

ብ2 ጥሪ 1999 ዓ/ም ኣብ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ከባቢ ደጉዓለን ማይ ሰስሖን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ልዕሊ ሓደ ሓይሊ ዝኸውን ናይ መበል 29 ክፍለ ሰራዊት ወያነ ብዝወሰዶ ወተሃደራዊ ስርሒት ተጋዳላይና ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ሓያሎ ፀላኢ ዝግልገለሎም ዝነበረ ናይ ሕክምና ናውትን ኣፅዋራትን ማሪኹ።



ብ11ን 12ን ጥሪ 1999 ዓ/ም ኣብ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ኣብ ዕልምን ዕዳጋ ባርያን፣ ዓዲ ኣባርእሶ፣ ዓዲ ጎልጎልን እንዳ ኣምሓራይን ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 29 ክፍለ ሰራዊት ኣሃዱ ስለያ ብዝፈነዎ መጥቃዕቲ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ፀላኢ ምውታትን ቁሱላትን ብምግባር ንዕላማ ውድቡ ዝገልፁ ገድላዊ ደርፍታት፣ በረርቲ ፅሑፋትን መፅሄት ብስራትን ንህዝቢ ዓዲሉ።

ብ22 ጥሪ 1999 ዓ/ም ኣብ ወረዳ መረብ ለኸ ጣብያ ዓዲ ሽምብሩህ ቁሸት ዓዲ ዕቑባላሰ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 14 ክፍለ ሰራዊት ሓንቲ ሓይልን፡ ካብ ክፍለ ሰራዊት

33ን ካብ ክፍለ ሰራዊት ኣግኣዝን ዝተውፃእፀኣት ሓንቲ ኣሃዱ ስለያ ሰሜን እዝን ብዝወሰዶ በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ፀላኢ ምዉታትን ቁሱላትን ብምግባር ወተሃደራዊ ኣፅዋራት እንትምንዝዕ፡ ኣብቲ ካምቦ ፀላኢ ንዝነበረ ሎጆስቲካዊ ቀረባት ድማ ምሉእ ብምሉእ ኣዕንይዎ።

እቲ ካልእ ብዓይነቱን ትርጉም ኣወዳድባኡን ፍሉይ ዝኾነ ወተሃደራዊ ወፍሪ ድማ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1999 ዓ/ም ኣብ ከተማ ዓዲ ገሹ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኮይኑ እቲ ወፍሪ **"ወፍሪ ሕብረት ንዴሞክራሲ"** ዝተሰመየን ብናይ ውድብ ዴ.ም.ህ.ትን ውድብ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያን ተጋደልቲ ብሕብረት ዝተኻየደ መጥቃዕቲ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ውድብና ዴ.ም.ህ.ት ንናይ ሓባር ዕላማ ምስ ካልኦት ውድባት ሓቢርካ ንምስራሕ ዘለዎ ቅሩብነትን ተበግሶን ዘመልክት ወተሃደራዊ ስርሒት'ዩ።

ሰራዊት ፀላኢ ኣብዞም ዕዉታት ወተሃደራዊ ስርሒታት ንዘጋጠሞ ስዕረትን ሕፍረትን ንምሽፋን ምልሻን ስሩዕ ሰራዊትን ኣኻኺቡ ኣብ ፅምብዓ፡ ኣብ ክሳድ ፀለቤዱን ዕንንይላን ናይ ድብያ ፈተነ'ኳ እንተገበረ፡ ጅግና ሰራዊትና ኣብቲ ቦታ ኣቐዲሙ ኣድብዩ ብምፅናሕ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመፅእ ዝነበረ ሰራዊት ፀላኢ ፀፊዑ ብምምላስ ካባ ስዕረት እንተልብሶ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ኣመሓዳሪ ናይቲ ከባቢ ዝርከቦም ፀረ ህዝቢ ምልሻታት ዘየዳግም ስጉምቲ ብምውሳድ ን'ካልኦት ብርክት ዝበሉ ድማ ማሪኹ ዕላማ ውድቡ ኣረዲኡ ለቒቕዎም እዩ።

ተጋዳላይ ጎኒ ጎኒ ወተሃደራዊ ስራሕቱ ንቀንዲ መበገሲ ናይቲ ቃልሲ ዝገልፁ ልሳን ውድብና ዝኾነት መፅሄት ብስራትን ገድላዊ ደርፍታት ዝሓዘ ካሴትን ካልኦት በረርቲ ፅሑፋትን ንህዝቢ ዓዲሉ እዩ።

ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ /ዴ.ም.ህ.ት/ ወያነ ንሰለማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ፀማም እዝኒ ሂቡ ቋንቋ ሰላም ካብ ዘይተረድኦ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ክእለ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን፡ ካብ ፈለማ ምስረትኡ ጀሚሩ ካኣ ሳላ ልዑል ተቐባልነት ህዝቡን እዋናዊ መማረፂ ብረታዊ ቃልሱን ሓያሎ ሰዓብቲ ረኺቡ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ኣወዳድባኡን ዓቕሙን ደልዲሉ ምስ ፀላእቱ ፊት ንፊት ገጢሙ ሓያልነቱ ከረጋግፅ ክኢሉ እዩ።

ፀላእትና ኣብ ልዕሊኦም ልዑል ፅልኢት ከም ዘለና ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ውድባዊ እምነት ዘለና ዘይንቕነቕ ፅንዓት'ውን ዝኾነ ሓይሊ ከም ዘይልውጦ ፅቡቕ ገይሮም ይፈልጡ እዮም። ዴ.ም.ህ.ት ኣብ 1998 ዓ/ም ከምኡ'ውን ኣብ 1999 ዓ/ም ዝሓፈሶም ዘተባብዑ ዓወታት ዓቂቡ ን2000 ዓ/ም'ውን ብዓወት እዩ ተቐቢልዋ።

ኣብ 2000 ዓ/ም ድማ **"ፈዳይ"** ብዝብል ስያመ ወፍሪ ኣበጊሱ፡ በዚ መሰረት ተጋዳላይና ብ28 ጥሪ 2000 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእከል ዕዳጋ ቀዳም ኣብ ዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ዓሰርተታት ወተሃደራት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ ዝገበረ ኮይኑ፡





ብ'ካልእ መዳይ'ውን ፍሉይ ኣሃዱ ዴምህት ኣብ ወረዳ መረብ ለኸ ጣብያ ደብረ ሓርማዝ ቁሸት ሻኩትን፡ ኣብ ማይ ሑመርን ከባቢኡን ኣብ ሓለዋ ተዋፊሮም ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ወተሃደራት ወያነ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው ዓወታት ተጎናፂፉ

እዩ።

እዚ ኣብ መዋዳእታ ጥሪ 2000 ዓ/ም ኣብ ዕዳጋ ቀዳም ዝተኻየደ ውግእ ኣቦ ወንበር ውድብና ዝነበረ ብፃይ ፍስሃ ሃይለማርያም ኣብ ዝተሰወአሉ ሰሙናት ዝተፈፀመ ኮይኑ እቲ እዋን ፀላኢ ካብ ብሕዚ ክሰርሑ ኣይኽእሉን፣ ኣቦ ወንበሮም ተሰዊኡ እዩ፣ ተስፋ የብሎምን፣ ክፈርሱ እዮም ዝብል ፕሮፖጋንዳ ኣብ ምዝራእ ተፀሚዱ ዝነበረሉ እዋን ምስ ምኻኑ፥ እቲ ዝተረኽበ ዓወት ህላወና ካብ ምርግጋፁ ሓሊፉ ድልዱል ወተሃደራዊ ሰረትና ዘረጋገፀን ክልተ ትርጉም ዝነበሮን ዓብዪ ዓወት እዩ።

ብ6 ለካቲት 2000 ዓ/ም ድማ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 33 ክፍል-ሰራዊት ናይ ስለያ ሓይሊ፣ ብተመሳሳሊ ኣብ እንዳተለውያ ኣብ ሓለዋ ተዋፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ 33 ክፍለ ሰራዊት ሓደ ሓይሊ ብዝተወሰደ ስርሒት፥ ሰራዊት ፀላኢ ብዘይሰዳዲ ወረ ተሪፉ፥ ኣብ ልዕሊኡ'ውን ሰራዊት ፀላኢ ማይ ዝመልኣሉ ዝነበረ ናይ ማይ ዒላ ክዓኑ ተገይሩ እዩ።

ብ18 ለካቲት 2000 ዓ/ም ኣብ ዞባ ሴሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ጣብያ ዕጉብ ቁሸት ምድረ ፈላሲ ሰፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 24 ክፍለ ሰራዊት 6ይ ሬጅመንት ኣብ ዝወሰዶ ስርሒት ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ፀላኢ እንትቐትል፥ ብ20 ነሓሰ 2000 ዓ/ም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ጣብያ ምድረ ፈላሲ ቁሸት ዓዲ ሓመዶ ብዝተኻየደ ድብያ፥ ኣብ ልዕሊ ናይ መበል 24 ክፍለ ሰራዊት 2ይ ሬጅመንት ኣሃዱ ስለያ ኣብ ዝወሰዶ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብዙሓት ወተሃደራት ናይቲ ስርዓት ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ።

ኣብ 2000 ዓ/ም ዝተበገሰ "**ወፍሪ ፈዳይ**" እዞም ክሳብ ሕዚ ዝተገልፁ ወታደራዊ ወፍርታት ኣታኣናጊዱ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ድማ ካብዚ ወፍሪ እዚ ዓበይቲ ዓወታት ሓፊሱ እዩ። ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ 2000 ዓ/ም ዝረኸቦም ዓወታት ዓቂቡን ሃፍታም ተመኩሮ



ኣዋህሊሉን ን2001 ዓ/ም ድማ "**ቃል ኣብ ተግባር**" ብዝብል ስያመ ወፍሪ ኣበጊሱ ብሓጎስ እዩ ተቐቢሉዋ።

ኣብ ወርሒ መስከረም 2001 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእከል ትግራይ ከባቢ ዓድዋ ዕዳጋ ቐዳም ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ መጋበርያ ናይቲ ስርዓት ዝኾኑ ኣባላት ፖሊስን ፀጥታን ብዝወሰዶ መጥቃዕቲ ዓበይቲ ዓወታት ብምሕፋስ ብዓወት ከፊትዋ፥ ብምቕፃል ብ5 ጥቅምቲ 2001 ዓ/ም'ውን ኣብ ዞባ ማእከል ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ሆያ ቁሸት መባርዲ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 20 ክፍለ ሰራዊት ሃንደሳ ብዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ እዩ።

ብ5 ጥሪ 2001 ዓ/ም ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ንከተማ ዓዲ ገሹን ከባቢኡን ክሕሉ ኣብ ብርሳሳን ስርባ ዶብን ዓሪዱ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 23 ክፍለ ሰራዊት 3ይ ሬጅመንት ሰለስተ ሓይልን ሓንቲ ጋንታ ሃንደሳን ኣብ ዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፥ ብኣማኢት ወተሃደራት ወያነ ካብ ስራሕ ወፃኢ እንትገብር፥ ሓለቓ ሓምሳ ዝርከቦም ብዙሓት ወተሃደራት ድማ ማሪኹ፥ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣፅዋራት፣ ተተኮስትን ዕጥቅታትን ሬድዮ ርክብን ካልኦት ዶክመንታትን ፀላኢ ማሪኹ እዩ።

ብዜካ'ዚ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ማለት 5 ጥሪ 2001 ዓ/ም ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ኢሮብ ከባቢ ዓይጋ ፍሉይ ቦታ ኩማ ዛግራ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 11 ክፍለ ሰራዊት 3ይ ሬጅመንት 4ይ ሓይሊ ፀላኢ ብዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ዓሰርተታት ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ሓደ ሓለቓ ዓሰርተ ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ማሪኹ ብርክት ዝበሉ ኣፅዋራትን ዶክመንታትን ፀላኢ ድማ ተመንዚዑ።

ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት መጥቃዕቱ ብምቕፃል ብ21 ሚያዝያ 2001 ዓ/ም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ጣብያ ሰምሃል ቁሸት ምሕፃብ ዓላቡ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 35 ክፍለ ሰራዊት 2ይ ሬጅመንት ስለያን ሃንደሳን ብዝወሰዶ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር፡ ፀላኢ ይጥቀመሎም ዝነበረ ናይ ዕጥቅን ስንቅን መኽዝናት ምሉእ ብምሉእ ኣቃፂልዎ።

ዴ.ም.ህ.ት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንትሰጋገር ፍሉይ ኣወዳድባን ስያመን ፈጢሩ ተሞክሮታት ደሊቡ እዩ ኣብታ ዝቕበላ ዓመት ካብታ ዝሓለፈት ዓመት ዝያዳ ንክሰርሕ ቃሉ ኣሐዲሱ ዝብገስ፡ በዚ መሰረት ድማ ንወፍሪ 2002'ውን **"ወፍሪ ቃልሲ ንለውጢ"** ብዝብል ስያመ'ዩ ዓጂብዎ።

በዚ መሰረት ድማ ጅግና ሰራዊትና ብ28 ጥሪ 2002 ዓ/ም ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ጣብያ ዓዲ ፀፀር ቁሸት ዓዲ ተኽሉ ፍሉይ ቦታ ዒላ ሰፍሓ፡ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ መበል 33 ክፍለ ሰራዊት ቀዳማይ ሬጅመንት ክልተ ጋንታ ሃንደሳን ስለያን ብዝወሰዶ ዕዉት ስርሒት ብዙሓት ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ኣሃዱታት ዝጥቀማሉ ዓብዪ ናይ ማይ ጀነሬተርን ክልተ ገንእታት ማይን ሙሉእ ብሙሉእ ብምዕናው፡ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ኣፅዋራትን ናውትን መንዚዑ።



ብ10 ለካቲት 2002 ዓ/ም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ኣብ መስመር ዕጉብ፣ መደባይ ታብር፣ ዓዲ መቕጠንን ኮይኑ፡ ምንቅስቓስ ናይ ዴ.ም.ህ.ት ንምዕጋትን ንሓለዋ በዓል ለካቲት 11 ተዋፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 31 ክፍለ ሰራዊት ስለያ ወያነ ኣብ ዝተገበረ ናይ ድብያ መጥቃዕቲ፡ ብዓሰርተታት ዝቑፀሩ ወተሃደራት ፀላኢ ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩን፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣፅዋራት፣ ተተኮስቲ ቦምባታት ኢድን፣ ካልኦት ወተሃደራዊ ናውትን ማሪኹ።

ብዜካ'ዚ ካድረታት ወያነ ንነበርቲ ጣብያ ዓዲ ርእሶን ከባቢኣን ንህዝቢ ኣኪቦም ንመብዓሊ 11 ለካቲት ዝኸውን ገንዘብ ክኸፍልን ንመረፃ 2002 ዓ/ም ናይ መወዳእታ ካርዲ ውሰዱ እናበሉን እናፈራርሑን ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ ጅግና ተጋዳላይና ብሃንደበት ብምኽባብ ነቶም ፀረ ህዝቢ ካድረታት ግቡእ ቅፅዓት ብምሃብ፡ ነቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ህዝቢ ብዛዕባ እዚ እንካይዶ ዘለና ቃልሲ ኣስተምህሮታት ብምሃብ፡ ኣብ መደባይ ታብር ጣብያ ዕጉብ ዓዲ መቕጡንን ዓዲ ርእሶን ንዝነብር ህዝብና ዕላማ ቃልስናን ወፅዓናን ዝገልፅ መፅሄት ብስራት፣ በረርቲ ፅሑፋትን ገድላዊ ደርፍታትን ዝሓዘ ካሴት ዓዲሉ እዩ።

ብተመሳሳሊ ብ18 ለካቲት 2002 ዓ/ም ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ኢሮብ ጣብያ እንዳልጌዳ ቁሸት ማይ ጨዓ ሰፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 21 ክፍለ ሰራዊት

5ይ ሬጅመንት ስለያ መጥቃዕቲ ብምክያድ ልዕሊ ዓሰርተ ወተሃደራት ወያነ ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ።

ብ4ተ ሓምለ 2002 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእከል ትግራይ ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ማይ ሓማቶ ቁሸት ከለሊዕ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሰራዊት ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ድማ ብዓሰርተታት ዝቑፀሩ ወተሃደራት ናይቲ ስርዓት ካብ ስራሕ ወፃኢ እንትገብር፡ ብዕለት 24 ነሓሰ 2002 ዓ/ም ድማ ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ሰምሃል ቁሸት እንዳርጋብን ገርዓን ሰፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሰራዊት ፀላኢ ብዝፈነዎ መጥቃዕቲ፡ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ንምኽትል ኣዛዚ ምልሻ ጣብያ ሰምሃል ድማ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ከእትዎ ክኢሉ እዩ።

ኣብ 2002 ሰፋሕቲ ዓወታት ዝሓፍስናሉ **"ወፍሪ ቃልሲ ንለውጢ"** ምስ ተዛዘመ ድማ ን2003 'ውን **"ወፍሪ ለካቲት"** ብዝብል ስያመ እዩ ተቐቢልዋ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ፀላኢ ድማ ረዘንቲ ዓወታት ክሓፍስ ክኢሉ እዩ፡ በዚ መሰረት ካኣ፦

ጅግና ሰራዊትና ናይ 2003 ዓ/ም ወተሃደራዊ ወፍርታቱ ሓደ ኢሉ ብምጅማር ብ7ተ ሕዳር 2003 ዓ/ም ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ዓዲ ዳዕሮ ጣብያ ዕጉብ ቁሸት ዓዲ ጎልጎል ሰፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ፡ ናይ መበል 31 ክፍለ ሰራዊት 4ይ ሬጅመንት ናይ ስለያ ኣሃዱ ብዝወሰዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ብዓሰርተታት ዝቑፀሩ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ እንትገብር፡ ቀፂሉ ድማ ብ9 ሕዳር 2003 ዓ/ም ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ ወረዳ መረብ ለኸ ጣብያ ዓዲ ሽምብሩህ ቁሸት ዓዲ ዕቑባላሰ ሰፊሩ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 14 ክፍለ ሰራዊት 3ይ ሬጅመንትን ጥርኑፋት ምልሻታትን በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ፡ ካልኦት ሰለስተ ሚሊሻታትን ዝተፈላለዩ ኣፅዋራትን ድማ ማሪኹ እዩ።

እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ ኣሃዱ ፍሉይ ስርሒት ዴምህት ብ9 ሕዳር 2003 ዓ/ም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ጣብያ ምድረ ፈላሲ ቁሸት ምድረ ፈላሲ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ናይ መበል 31 ክፍለ ሰራዊት 4ይ ሬጅመንት ቴለቭዥን ኣብ ዝከታተሉሉ ኣዳራሽ ብዘፃወዶ ነታጒ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ብምግባር ገዝኦምን ካልኦት ወተሃደራዊ ንብረትን እንትዕኑ፡ ብተመሳሳሊ ብ22 ሕዳር 2003 ዓ/ም ኣሃዱ ፍሉይ ስርሒት ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ኢሮብ ኣብ መንጎ ዓይጋን ከባቢ ኩማ ዛግራን ኣብ ዝርከብ ካምቦ ወተሃደራት ስርዓት ወያነ ብዘፃወዶ ነታጒ ብዙሓት ወተሃደራት ካብ ስራሕ ወፃኢ ገይሩ እዩ።



ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዝወስዶም ዝነበረ ሕነ ህዝብና ዝፈድዩ ፅዑቓት ወተሃደራዊ መጥቃዕታት ኣጠናኺሩ ብምቕፃል፡ ብ13 ታሕሳስ 2003 ዓ/ም'ውን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ፍሉይ ቦታ ሃይቀዳማ'ውን ነቲ ብ1999 ዓ/ም 25 ሕዳር ዘጥቀየ መዓስከር ፀላኢ ደጊሙ ብምጥቃዕ ዓወታት ሓፊሱ እዩ።

ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ 1998 ዓ/ም ኣብ ኣፍገበል ኣሃዱ ኢሉ ዝጀመሮ ወታደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ 2003 ዓ/ም መወዳእታ ኣንፈቱ ናብ ምብራቕ ብምቕናዕ ኣብ ከባቢ መሬት ዓፋር ራንዳ ኩማ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዓሪዱ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሰራዊት ፀላኢ ብዝወሰዶ መጥቃዕቲ እዩ ናይቲ እዋን ወተሃደራዊ ወፍርታቱ ብዓወት ዛዚሙ።

እዚ ውግእ እዚ'ውን ከምቶም ናይ በዓል ዓዲ ገሹ ብቐትሪ ምስ ፀላኢ ረአየኒ ክርእየካ፡ ግጠመኒ ክገጥመካ ፊት ንፊት ስለ ዝነበረ፡ ንዴ.ም.ህ.ት ብወረአ ጥራይ ሰሚዖም ኣብ ድቃስ ለይቶም ብሕልሚ ዝብህርሩ ዝነበሩ ወተሃደራት ፀላኢ፡ ተጋዳላይ ዴ.ም.ህ.ት ብፀሓይ ቀትሪ



መፃእኽኹም ምስ በሎም ኣትኪሎም ክዋግኡ ኣይካኣሉን፡ ነብሰይ ኣውፅእኒ በብዝገጠሞም እዮም ተበታቲኖም ሃዲሞም። ተጋዳላይ ድማ እግሪ እግሮም እናሰዓበ ድሂኽዎም፡ ነቲ ወተሃደር ኣቃቢፁ ነቲ መዓስከር ምሉእ ብምሉእ ብምቁፅፃርን ብምቅፃልን ኣገደስቲ ዝኾኑ ዶክመንትታት ፀላእን ኣፅዋራትን ማሪኹ ኣብ ረብሕኡ ኣውዒልዎም፡ ኣብዚ ስርሒት እዚ ናይቲ ቦታ ኣዛዚ ዝነበረ ሓደ ሻምበል ምስ ሓደ ሓለቓ ዓሰርተ ብህይወት ተማሪኾም እዮም።

ጥቕልል ኣቢልና ክንርእዮ እንተለና ድማ ውድብ ዴ.ም.ህ.ት ካብ 1998 ዓ/ም ስሩዕ ዝኾነ ወተሃደራዊ መጥቃዕታት ምክያድ ካብ ዝጀምር ክሳብ 2003 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ከበድቲ ክሳራታትን ዕንወትን ዘውረዱ፡ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ናይቲ ስርዓት ኣብ ከቢድ ስግኣትን ፈተናን ዘእተዉ፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት ፈፂሙ እዩ።

ካብ 2003 ክሳብ ሀዚ ድማ ውድብና ዝሓለፉ ወተሃደራዊ ወፍርታትና ዝነበሮም ኣወንታውን ኣሉታውን ጎንታት ብምግምጋምን ነቶም ኣሉታዊ ጎንታትና ምእላይ ኣብ ዘኽእሉ ሰፋሕትን ተኸታተልትን ወተሃደራዊ ስልጠናታት ኣብ ምክያድ ዝፀንሐ ኮይኑ፡ ብሕጂ'ውን ህዝብና ኣትይዎ ካብ ዘሎ ጭቆናን ዓፈናን ንምልቓቕ፣ ኣብ ሃገርና ፍትሓዊ ስርዓት ንምትካል ዝጀመሮ ቃልሲ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓት ዝጀመሮ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣጠናኺሩ ክቕፅሉ ኣብ ምድላው ይርከብ።



<u>ኣብ ሎሚ ተዛተ!!</u>

ኣብ ሎሚ ዘርእስቱ- መድረኽ እሂን ምሂን
ምስሊ ፅባሕ ዘርኢ - መፃኢ'ኻ ክትውንን
ፀብፃብ ናይ ዓመታት - ፍረን ዕምበባን
እቲ ፍረ-ፃማ መስዋእትን ስንክልናን
እቲ ንፅበዮ ብሃንቀውታን ተስፋን
ኣጀንዳ ዝሓቖፎ ሕሉፍን ህልዉን
ኣብታ መሶብ ወርቂ ምስባህጊ እቲ እምነት
ኣብታ ማኣዝን ራህዋ ህላወ መንነት
ኣብታ ሓንትን ቦኽራን ፅላል ናይ ዉፅዓት።

ኣብታ ዛራ ገድሊ መበቆል ውፅዕ
ምስታ ቤታ ቤተ ፅኑዕ መተከል
ምስታ ሓበን ህዝቢ ኣማኒት መትከል
ምስታ ዘይትብተኽ ሓረግ መመሊሳ ተቁፀልፅል
ምስታ ማኣዲ ፍቅሪ ተምሳጥካ ተፀንግል
ምስታ ብሽርሒን ጠላማት ሕብራ ዘይብለል።



በቲ ልሙድ ቋንቋ ሰሚዕኻ ዘይምኖ
ክንዮ ዝዝረብ ብግብሪ ዝፍኖ
ንኽብሪ እቲ ምልኣት
ንኽብሪ እቲ ድሕነት
ንኽብሪ እቲ መትከል ዕርዲ ናይ ተባዓት።
ሰማያዊ ደበና ኢሉ'ዩ በርሃውሃው
ከውታ ተሳዒሩ ትርጉም ኣልቦ ዓውዓው
ኣብቲ ኣድማስ ኣብቲ ፀፍሒ ሰማይ
ምልኣት ኮይና በሪቃ እታ ፀሓይ።
ትርጉም ኣልቦ ወረ ፀጥረጭ ኢሎም ንፋሳት
ሕሜታ መንየምዎ ምስተግሃደ ሓቅታት

ቀይሙ ሆቦብላ ማዕበል ባሕሪ ሃዲኡ
ነጥቢ ፍልልያት ኣብ መድረኽ ተረቲዑ።

ኣብ ዋዕላ ምብህሃል ልሳን ሓደ ልቢ
ደቂ ውላድ መሬት ምድረ ጅግና ህዝቢ
ንኽቡር መስዋእቲ ከም ሽዊት ዝሃርፉ
ኣብ ፈታኒ መድረኽ ቃሎም ዘይዕፀፉ
ላዕልን ታሕትን ኢሎም መሰረት ዘንፅፉ።



ኣብዚ በዚ ሐዚ ዘሎ
ህላወ ትርኢቱ ሰላም ዝዓሰሎ
ኣብ ልቢ ዝኣቱ ናይ ጀጋኑ ውዕሎ
ንስኻ ባዕልኻ ጉዕዞኻ ቀፅሎ።
ኣብ ክንዲ ተብተብ ወረ ፅውፅዋይ
ንዘየለ ዘይተገብረ ኢለምዎ በሃላይ
ተስፋ ዘቑርፅ ዓይኒ ዘጨምትል ሃዳናይ
በዓል መስመር ቅኑዕ ተጋዳላይ ።
ብቕብኣ ኣድሚቑ ዝሳሓለ ካራ
ንዘብዝሕ ገልበጥበጥ ብትዕቢት ብጃህራ
ናይ ተንኮል ፈላስፋ ፋይዳ ዘይብሉ
ዘይሕመም ዘሕምሞ ኣመሉ እንዳኣሉ
ሕልሚ ናይ ወጋሕታ ከይትግረሃሉ ።

ስለዚ መን ምኳንካ ፍለጥ

ንፍልጠት ተጓየ ዝሕንጠጥ ሓንጥጥ
ቃላት ንእዝኒ ሓታል እዩ ተምሳጥ
ተረጋጋእ ሕሰብ ብሰብ ኣይትለወጥ።
እምነት ዝንበቦ ደንበኻ ከጉላዕልዕ
ሕድሕድ ክትጥመር ድምቀትካ ክኹላዕ
ሕድሕድካ ክትሰምር ዳሃይካ ክብሰር
ርጋእ ተራጋጋዕ
ስማዕ ተሰማማዕ
ኣብ መስመርካ ፅናዕ።
ሓይሊ ኣባይካ ክማስን ረመፅካ እጎዶ
ርሱን ወነኻ ይበርትዕ ንፅባሕ መኸተ
ጡሙር ሓይልኻ ክዛረብ ኣብ ሎሚ ተዛተ።
ኣብ ሎሚ ተዛተ!!

ብተጋዳላይ ገ/እዝግሄር ኣማረ (ኣትሌት)